ወ ይ ን

ልሳን ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ | መበል 49 ዓመት ቁፅሪ 1068 | www.woyenmedia.com | 1968 - 2017 ዓ/ም | ዋጋ ብር 50

“ምስ ኤርትራ ይኹን ካልኦት ጎረባብቲ ሰላም ምፍጣር ናብ ስግኣትን ምጥርጣርን ዘእትው ኣይኮነን።”

ህዝቢ ትግራይን ውድብ ህወሓትን ልዕሊ ሰላም ዝሪእዎ ነገር ስለዘየለ ምስኤርትራ ይኹን ካልኦት ጎረባብቲ ሃገራትን ክልላትን ሰላም ምፍጣር ናብ ስግኣትን ጥርጥርን ዘእትው ዝኾነ ዓይነት ምኽንያት ከምዘየለ ኣቦ መንበር ውድብ ህወሓት ዶ/ር ደብረፅዮን ገ/ሚካኤል ገሊፁ።

ዶ/ር ደብረፅዮን ነዚ ዝገለፀ፤ ኣባላት ማእኸላይ ኮሚቴን ላዕለዎት ኣመራርሓ ውድብ ህወሓትን ኣብ ህልው ዓለማውን ዞባዊን ኹነታት፣ ኣፈፃፅማ መደባት ስራሕ ሽዱሽተ ኣዋርሕ፣ ቐፀልቲ ኣንፈታትን ኣብ ካልኦት ዓበይቲ ዛዕባታትን ዘሎ ምዕባለታት ኣመልኪቱ ምስ ሚድያ ወይን ኣብ ዘካየዶ ቃለ መሕተት እዩ።

ብብርኪ ፌደራል መንግስቲ ከይተረፈ “ህወሓትን ጀነራላት ትግራይን ዕላውን ሕጋውን ብዘይኮነ መንገዲ ምስ ሻዕብያ ይራኸቡ እዮም” ዝብሉ ተደጋጋሚ ዝለዓሉ ክስታትን ስምዒታትን መበገሲኦም እንታይ እዩ?” ብምባል ንዘቕረብናሉ ሕቶ ዶ/ር ደብረፅዮን እንትምልስ፤ “ምስ ኩሎም ጎረባብትና ሰላም ኢና ንደሊ” እንትይልና ምስ ኤርትራ ሰላም ምድላይና ነውሪ ከምዘይብሉን እዚ ድማ ከድገፍን ብእወንታ ክርአን ዘለዎ እምበር ዝኾነ ዓይነት ዘጠራጥርን ዘስግእን ምኽንያት ከምዘይብሉ ሓቢሩ።

ልዕሊ ኹሉን ቅድሚ ኹሉን ዝተመዛበለ ህዝብና ናብ መረበቱ ክምለስ፣ ግዝኣታዊ ሓድነትና ክኽበር፣ ዳግመ ሕውየት ህዝብና ክረጋገፅ ክንሰርሕ ኣንፈት

ኣቦ መንበር ውድብ ህወሓት ዶ/ር ደብረፅዮን ገ/ሚካኤል

ከምዝተነፀረ ዝገለፀ ኣቦመንበር ህወሓት፤ ዶ/ር ደብረፅዮን እዚ ንክኽውን ድማ ንኤርትራ ሓዊሱ ዋላእኳ ከም ስምምዕ ፕሪቶርያ ኣይንፈራረም ምስ ኩሎም ጎረባብቲ ሃገራትን ክልላትን ሰላም ክህሉ ይግባእ ኢሉ።

ኣብዚ ሐዚ እዋን ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራን ዝረአ ዘሎ ምትፍናን ናይ ክልቲኦም ሃገራት ጉዳይ ጥራሕ ገይርካ ክውሰድ ከምዘይብሉን ብፍላይ ድማ ንትግራይ ዝለዓለ ፅዕንቶ ዝፈጥር ስለዝኾነ ናብ መስርሕ ሰላም ንኽኣትው ፀገማት እንተሃልዮም እውን ብምዝርራብን ብዲፕሎማሲን ክፍታሕ ከምዘለዎ ዶ/ር ደብረፅዮን ኣገንዚቡ።

ኣብ ኤርትራ ይኹን ካልኦት ጎረባብትና ሰላም ምፍጣር ንኩሉ ዝረብሕ እምበር ዘጠራጥር ወይ ዘስግእ ነገር ከምዘይብሉ ህወሓት ብተደጋጋሚ ቅዋሙ እናፍለጠ ምምፅኡ ዘዘኻኸረ ዶ/ር ደብረፅዮን፤ ምስ ፌደራል መንግስቲ ኢትዮጵያ እውን ባህግና እታ ዝተጀመረት መስርሕ ሰላም ተጠናኺራ ክትቕፀል ኣብ ስምምዕ ፕሪቶርያ ዝተቐመጡ ነጥብታት ተግባራዊ ክኾኑ ምግባር ከምዝኾነ ወሲኹ ሓቢሩ።

ብኻልእ ወገን ዶ/ር ደብረፅዮን ገ/ሚካኤል፤ ብሄራዊ ቦርድ መረፃ ኢትዮጵያ ኣብ ቀረባ እዋን ዝወሰኖ ምስራዝ ህወሓትን ክልቲኦም ተደራደርቲ ኣካላት ምስ ውዕል ፕሪቶርያ ምስ ዝህልዎም ርክባት ኣመልኪቱ ከምዝገለፆ ውድብ ህወሓት ሓሙሽተ ጉንበት 2017 ዓ/ም ዘይኮነስ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ጀኖሳይዳዊ ኲናት ንምምካት ኣብ ዝኣተውናሉ እዋን ኣብ ወርሒ 2013 ዓ/ም ብዕሊ ከምዝተሰረዘ ኣዘኻኺሩ። ነዚ ድማ ውድብ ህወሓት ኣብ ወርሒ ጥሪ 2013 ዓ/ም ዝተሰረዘ ሕጋዊ ሰብነት ክምለሰሉ ከምዝሓተተን ብኣንፃሩ ብሄራዊ ቦርድ መረፃ ኢትዮጵያ ኣብ ወርሒ ነሓሰ 2016 ዓ/ም “ከም ብሓዱሽ ተመዝገቡ” ኢሉ ዝሃቦ ሓዱሽ ሰርቲፊኬት ውድብ ህወሓት ከምዘይቕበሎ ብዕላዊ ደብዳቤ ብእዋኑ ከምዘፍለጠ ዶ/ር

ናብ ገፅ 5 ይዘውር

ታሪኽ 20 ግንቦት እናተኾለዐን ኣብ ወለዶታት እናተዘከረን ኽነብር ኩሉ ብፅሒቱ ክፍፅም ተፀዊዑ።

“ግበኣት መሬት ፋሽስት ደርጊ ዝተፈፀመሉን ህዝብታት ሓራ ዝወፅሉን ታሪኽ 20 ጉንበት እናተኾለዐን እናተዘከረን ናብ ውሉድ ወለዶ ንኽመሓላለፍ ኩሉ ብፅሒቱ ክፍፅም ኣለዎ፤” ክብሉ ኣባል ፈፃሚ ስራሕ ህወሓት ዶ/ር ኣብርሃም ተኸስተ ገሊፆም።

ዶ/ር ኣብረሃም ተኸስተ ነዚ ዝገለፁ መበል 34 ዓመት በዓል ዓወት 20 ግንቦት ኣመልኪቶም ብፍሉይ ምስ ምስነዳእ ጋዜጣ ወይን ኣብ ዘካየድዎ ቃለ መሕተት እዩ። ውፅኢት 20 ግንቦት ዝኾኑ ኣብ መላእ ሃገር ተረጋጊፆም ዝነበሩ ሰላም ዲሞክራሲ፣ ልምዓት ብቐሊሉ ዝመፁ ዘይም኷ኖም ዘመላኸቱ ዶ/ር ኣብርሃም፤ ነዚ ረዚን መስዋእቲ ህይወትን መጉዳእቲ ኣካልን ተኸፊልዎ ዝተረኸበ ዓወት ብልክዑን ብትርጉሙን ምፍላጥን ኣብ ተግባር ምውዓልን ከምዘድሊን ነዚ ወርቃዊ ታሪኽ እዚ ናብ ውሉድ ወለዶ ንምትሕልላፍ ኣብ ስርዓተ ትምህርቲ ክካተት ሙሁራት፣ ተመራመርቲን ሚድያታትን ዝለዓለ ሓላፍነት ወሲዶም ኣብ 27 ዓመት ዝተሰርሑ ስራሕቲ፣ ዝተመዝገቡ ውፅኢታት፣ ዝነበሩ ጉድለታት ክትንትንዎ ከምዝግባእ ገሊፆም።

ኣብዛ ሃገር ሰላም፣ ልምዓትን ዲሞክራስን ንምርግጋፅ ብዙሕ መስዋእቲ ህይወትን መጉዳእቲ ኣካልን ከምዝተኸፈለን ናይዚ ውፅኢት እውን ቅድሚ 1983 ዓ/ም ኢትዮጵያ ብጥምየትን ኲናትን ስማ እትለዓል፣ ፍልፍል ህውከትን ዕግርግርን ዝነበረት ዓዲ ድሕሪ ዓወት 20 ጉንበት ውሑስ ሰላም ከምፅኡ ዝኽእሉ ፖሊሲታት ተቐሪፆም ተግባራዊ ብምኳኖም መሰል ዜጋታት ዝተኸበረላ፣ ህዝብታት ዓርሶም ንዓርሶም ከመሓድሩ፣ ባህሎምን ቋንቋኦምን ከማዕብሉላን ልምዓት ክረጋገፀላን ከምዝኸኣሉ ኣፍሊጦም።

ኣብ ወፃኢ ጉዳይ ፖሊሲ እዛ ሃገር ኣመልኪቶም ድማ ምስ ኩለን ጎረባብቲ ሃገራት ህውከትን ኲናትን ዝረኣየላ ዝነበረት ኢትዮጵያ ድሕሪ ዓወት 20 ግንቦት ወፃኢ ጉዳይ ፖሊሲ ተቐሪፁ ሓበራዊ ረብሓና ማእኸል ዝገበረ ሰላማዊ ዝምድና ምስ ኩለን ጎረባብቲ ሃገራት ብምፍጣር ናብ ሰላምን ልምዓትን ከምዝተሰጋገረት ዶ/ር ኣብረሃም ግልፂ ገይሮም።

ኣብ ኢትዮጵያ ቅድሚ 20 ግንቦት 1983 ዓ/ም መጠን ድኽነት 60 ሚኢታዊ ከም ዝነበረን ብዝተገበረ ለውጢ ፖሊስን ፃዕርን ኣብ 2008 ዓ/ም እቲ መጠን ድኽነት ናብ 24 ምኢታዊ ከምዝወረደ ዝሓበሩ ዶ/ር ኣብረሃም፤ ልዕሊ 60 ምኢታዊ ዜጋታት እዛ ሃገር ኣብ ዝኸፍአ ጥሜትን ፀገማትን ከምዝነበሩን ሓደሽቲ

ኣባል ፈፃሚ ስራሕ ውድብ ህወሓት ዶ/ር ኣብርሃም ተኸስተ

ፖሊሲታት ልምዓትን ሰላምን ተቐሪፆም ናብ ተግባር ድሕሪ ምእታው ግን ኣብቲ ናይ መጀመርታ 10 ዓመት (ካብ 1984 ክሳብ 1994 ዓ/ም) ኣብ ዘሎ እዋን ቁጠባዊ ዕብየት እዛ ሃገር ብሓሙሽተ ምኢታዊ እናዐበየ መፂኡ ድሕሪ 1996 ዓ/ም ድማ ብፍላይ ድሕሪ ተሃድሶ ብ10 ምኢታዊ ከምዝዓበየ ሓቢሮም።

ኣብዚ ቁጠባዊ ዕብየት ምርግጋፅ ጥራሕ ዘይኮኑስ

ናብ ገፅ 5 ይዘውር

50 ዓመት ኣብ ቃልሲ፤ ፅንዓትን ዓወትን!

ወይን 20 ግንቦት 2017 ዓ/ም

ዋና ዳይሬክተር - ተወልደብርሃን ተኸሉ
ቁ.ስ - 034 440 00 10

ዋና ኣሰናዳኢ- ኣክሊሉ ታደሰ
ቁ.ስ - 034 440 22 92

ም/ዋና ኣሰናዳኢ- ኣማኑኤል ገ/ሩፋኤል

ዲዛይንን ለይኣውትን - መነን ይሕደጎ
- ማርታ መረሳ
ቁ.ስ - 03 42 40 53 98

20 ግንቦት 2017 ዓ/ም
መበል 49 ዓመት ቁፅሪ 1068
ፋክስ - 034 440 46 07
ቁ.ሳ.ፖ- 840 መቐለ

መልእኽተ ወይን

ቐያታት 20 ግንቦት ንዘላቒ ሕውየትናን ትንሳኤናን!!

20 ግንቦት ተቐባሊት ታሪኽ ሕድሪ 11 ለካቲት እያ። ሓቀኛ ዕላማ ዝተሓንገጠት 11 ለካቲት ብሄራውን ደርባውን ወፅዓታት ህዝቢ ትግራይ ክትቕንጥጥ ኣብ በረኻ ደደቢት ሽግ ሓርነት ወሊዓ። ን17 ዓመት መሪር ብረታዊ ተጋድሎ ተኻይዱ ወርሒ ግንቦት 1983 ዓ/ም ግብኣተ መሬት ፋሽስት ደርጊ ክፍፀም ክኢሉ። ቓልሲ ህወሓት ንኻልኦት ኣንፃር ወፅዓ ዝተሰለፉ ሓይልታት ብምልዕዓል ኣብ ፅላል ኢህወዴግ ክሕቆፉ ብምግባሩ ባና ሓርነትን ሰላምን ኣብ መላእ ኢትዮጵያ ዓሲሉ። ብህወሓት ዝምራሕ ኢህወዴግ ህዝባዊ ስልጣን ተረኪቡ ንኣስታት 27 ዓመት ኣብዛ ሃገር ተኣምራዊ ለውጥታትን ምዕባለታትን ኣጐናፂፈ። ሃገር ብሃገራ ኣብ ዘተኣማምን ሰላም፣ ኣብ ሃዲድ ልምዓትን ጉዕዞ ዲሞክራስን ኣሳፊሩ ቀልቢ ዓለም ክስሓብ ዝገበረ ኢህወዴግ ኣብ ልቢ መላእ ህዝብታት ኢትዮጵያ ተስፋን እፎይታን ክሓድር ገበረ። እዚ ክውንነት ክሳብ እቲ ኣብ ውሽጢ ኢህወዴግ ዝበቖለ ፅግዕተኛ ትምክሕታዊ ሓይሊ ስልጣን ብኣቋራጭ ሒዙ ምሉእ ሃገር ናብ ኵናት ዘእተወሉ 2010 ዓ/ም ኩሉ ዜጋ ዝምስክሮን ማንም ኣካል ዘይክሕዶን እዩ ነይሩ።

ብህወሓት፤ ኢህወዴግ እናተመርሐ ንስርዓት ደርግን ኣብ ከይዲ እቲ ዕጥቃዊ ቓልሲ ንዝነበሩ ካልኦት መድሐርሐርትን ዝደምሰሰ ሓያል መስመር ምሽጥር ዓወቱ ብዝግባእ ዝተወደበ ሓይሊ ዝወነነ ካብ ምዃኑ ብዝዓበየ ቅኑዕ ህዝባዊ ዕላማ ስለዝተሓንገጠ ኣፍቲ እዋን ምጅማር ዕጥቂ ቁልፊ ዝበሃሉን መሰረታዊ ስጉምቲ ምውሳድ ዘድልዮምን ዕላማታትን ኣንፈታትን ኣላልዩ ብምቕላሱን ብዝለዓለ ውድባውን ህዝባውን ሓላፍነት ብምፍፃሙን እዩ።

ህወሓት፣ ኢህወዴግ ካብ ዲሞክራሲያዊ ተፈጥሮኡ ብዝፍልፍል ናይ 17 ዓመት ዕጥቃዊ ቃልሲ ብውሕሉል ሳይንስን ጥበብን፣ ብብቑዕ ኣመራርሓን ብመስተንክራዊ ጅግንነት ተጋዳላይናን ህዝብናን ድሕሪ ምዝዛም ኣብዛ ሃገር ሰላማውን ዲሞክራስያውን ስርዓት ንምፍጣር ኣብዝነበረ ከይዲ "ኣነ እየ ተቓሊሰ ኣብዚ ኣብፂሐ እሞ ስልጣን ንበይነይ ክብሕት ኣለኒ" ከይበለ ኩሎም ፀረ ስርዓት ደርጊ ዝነበሩ ሓይልታት ኣብዝሃለው ይሃልው መፂኦም ብሓባር ዝሳተፍሉ ኮንፈረንስ ሰላም ብምድላው ኣብ ታሪኽ እዛ ሃገር ንፈለማ እዋን ፖለቲካዊ ኣፈላላያት ኣብ ክቢ ጠረጴዛ ቀሪቦም ብዲሞክራሲያዊ ኣግባብ ዘተ ዝግበረሉ፣ ኣብ ውሽጢ ስርዓት ምስ ኣፈላላይካ ብሰላማዊ መንገዲ ትሕቆፈሉን ናይ ሓባር ግዝያዊ መሰጋገሪ መንግስቲ ዝጣየሸሉን ዕድል ጋህዲ ኮይኑ።

ህወሓት፣ ኢህወዴግ ንደርጊ ደምሲሶም ገና እግሮም ከይኣተወ ሰላምን ምርግጋእን ብደረጃ ሃገር ብምርግጋፅ ነቲ ብኵናት ዝተሃሰየን ባዶ ካዝና ዝተረፈን ናይታ ሃገር ኢኮኖሚ ንምንቕቓሕን መግለፂ ዘይብሉ ከቢድ ድኽነት ንምቕላልን ቅልጡፍ ናይ ዳግመ ህንፀት መደባት ሓንቲፁ ክፈትሕ ዝጀመረሉ እዋን እዩ ነይሩ።

ህወሓት፣ ኢህወዴግ ካብ ፅባሕ 1983 ዓ/ም ጀሚሩ ንዝነበሩ ኩሎም ፈተናታት ብብቕዓት ክስገሩ ዘግብር ኣንፈት ፖሊስን ስትራተጂን ብምሕንፃፅን ብቑርፅኝነት ብምስራሕን ሕገ-መንግስታዊ ስርዓትና ዝጠልቦም ሰላም፣ ዲሞክራሲ፣ ልምዓት፣ ቀፃሊ ምዕባለን ፍትሓዊ ተጠቃምነትን ምርግጋፅ ህፁፅ ምላሽ ዝጠልብ ፈተና ብምንባሩ እቲ ካብ ዜሮ ዝተበገሰ ኢኮኖሚ ንምሕዋይን ናብራ ህዝቢ ንምምሕያሽን ብተግባር ተንቀሳቒሱ መሰረታዊ ውፅኢታት እውን ኣምፂኡ እዩ።

ድሕሪ ዓወት 20 ግንቦት ኣብዝነበሩ ፈለምቲ ዓመታት ቁጠባ እታ ሃገር ኣብ ሓሙሽተ ሽዱሽተ ሚኢታዊ ተደሪኹ ልዕል ትሕት እናበለ ዝራኣየሉ ዝነበረ፣ ካብ ፅባሕ ተሃድሶና ጀሚሩ ዳርጋ ንተኸታታሊ 14 ዓመት ብተኸታታሊ 11 ምኢታዊ ዕብየት እናተመዝገበ ፀኒሑ እዩ። እዚ ውፅኢት እዚ፤ ንዘመናት ልምዓትን ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ሓሪምዎ መዋእሉ ኣብ ማሃሙቕ ድኽነት ይደፍእ ንዝነበረ ህዝብና ኣብዝሓፀረ ጊዜ ናብ ዝተመሓየሸ መነባብሮን ናይ ለውጢ ግስጋሰን ዘሰጋገረ ሓዱሽ ምዕራፍ ነይሩ።

ካልእ ብኣውርኡ ክጥቀስ ዝኽእል ዓወት 20 ግንቦት፤ መላእ ህዝብታት ኢትዮጵያ ብሕገ መንግስቶም ዘረጋገፅዎ ሰብኣውን ዲሞክራሲያውን መሰላት እንትኾን፤ እዞም መሰላት ምሉእ ብምሉእ ኣብ ምኽባር ኣብ ክሊ ዝነበሩ ሓጓፋት መሰረታዊ ብዝበሃል ደረጃ ነዊሕ ርሕቐት ተጓዒዝና ምንባርና ምርግጋፅ ይከኣል።

ህዝብታት ብቋንቋኦም ክመሃሩ፣ ከዳነዩን ሓሳባቶም ብዘይገደብ ክገልፁን፣ ኣብ ትሕቲ ሕገ-መንግስታዊ ስርዓት እታ ሃገር ኩሉ ብማዕረ ደረጃ ዝራኣየላ ክትከውን ዘኽኣለ፣ ናይ ስልጣን ምንጪ ህዝቢ ምዃኑ ዘረጋገፀ፣ ህዝቢ ባዕሉ ንባዕሉ ዘመሓዳድረሉን ናይ ባዕሉ ጉዳይ ባዕሉ ዝውስነሉን ኣብ ታሪክ እዛ ሃገር ፍሉይ ዲሞክራሲያዊ ምዕራፍ ዘጐናፀፈ ስርዓት ተተኺሉ ነይሩ።

ይኹን እምበር፤ ህወሓት ኢህወዴግ ካብ ሕሉፍ ተሞክሮታቱ እናተምሃረ ካብ ክራይ ኣካቢ ኣተሓሳስባ ዝፍልፍሉ ውሽጣዊ ጉድለታት ምንጪ ኩሎም ሓደጋታት ምዃኖም ዝተረደአ ቓልሲ በብእዋኑ ብምክያድ ድሕሪ ንፋሽስት ደርጊ ምድምሳስ ኣብዛ ሃገር ኣረጋጊፅዎ ዝነበረ ሰላም፣ ዲሞክራሲን ልምዓትን ኣብ ውሽጢ ኢህወዴግ ብዝበቖለ ፅግዕተኛ ክራይ ኣካቢ ሓይሊ ክቕፅል ኣይከኣለን፤ ክቕፅል ኣይከኣለን ጥራሕ ዘይኮነ ናብ ቁልቁል ኣፉ ተደፊኡ። ሃገር ከም ሃገር ሪኣቶ ናብ ዘይትፈልጥ ጄኖሳይዳዊ ኵናትን ብርሰትን ኣትያ። ህዝብታት ዝቕተሉላ፣ ዝፈናቐሉላ፣ መሰል ዜጋታት ብግልፂ ዝገሃሰሉ፣ ዕድል ስራሕ ዝበሃል ዝዕፀወሉን ስደት መናእሰይ ብዝተዓፃፀፈ ኣሃዝ ዝወሰኸሉን፣ ጥምየትን ድርቕን ብስፍሓት ዝራኣየሉ፣ ሞትን ብርሰትን ዕለታዊ ዜና ዝኾነሉ ኮታስ ሃገር ካብ ዝባን ናብ ገደል ዝተረሞቐትሉ ሃዋህው ተፈጢሩ። ብመሪር ቓልሱን ከቢድ መስዋእቱን ከም ሃገር ናብ ብራኸ ዘደየበ ህዝቢ ትግራይ እውን ሞሳኡ ኵናትን ፅንተትን ኮይኑ ብዙሕ መከራን ስቓይን ኣሕሊፉ ሕዚ እውን የሕልፍ ኣሎ።

ህዝቢ ትግራይ ብሓፈሻ፤ ሉኣላውነት ኢትዮጵያ ኣብ ምኽባርን ወያነ ኢትዮጵያ ኣብ ምዕዋትን፣ ከምኡ እውን ሃገር ካብ ዝነበረትሉ ናይ ዘመናት ቁልቁለት ናብ መንገዲ ትንሳኤ ኣትያ ክትሕምበብ ኣብ ምግባር ብፅሒት ኣንበሳ ዘወፈየ ህዝቢ እዩ። ነዚ ኩሉ እምበኣር እቶም ጠላማትን ትምክሕተኛታትን እንተካሓድዎ ኣብዝሓ በቲ ጉዕዞ ተጠቃሚ ዝነበረ ውፁዕ ህዝቢ ኢትዮጵያ ግና ካብ ልቡ ዝንተ ዕለት ዝጠፍእ ኣይከውንን። ኣብ ህዝብታት ንዘልኣለም ብኽብሪ ተሓቲሙ ዝነብር ወርቃዊ ቅያ እዩ። ህዝቢ ትግራይ እውን እዚ ብቓልሱን መስዋእቱን ዝሰርሖ ዘይሃስስ ቐያን ታሪክን የሐብኖ እምበር ኣየናስሖን። ነዚ ሓቂ እዚ ሒዙ ኣብዚ መዋእል እዚ ንዘጋጠምዎ ወረርትን ትምክሕተኛ ገበትትን፤ ናይ ውሽጥን ደገን ጠላማትን ባንዳታትን ኣብ ምምካትን ምንብርካኽን ተፀሚዱ ዝርከብ ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ናይ ትማሊ ቅያኡ እናደገመ መትካላት 11 ለካቲትን 20 ግንቦት ዓትዒቱ ንኩሎም ማሕለኻታት ስዒሩ ብዓወት መሰስ ከምዝብል ንሕውየቱን ትንሳኤኡን ከምዝግህድን ኣየጠራጥርን።

ትብፃሕ

ፈትሊ ሓቂ ትምንምን እምበር ኣይትብተኽን!

ከምቲ ዝፍለጥ ድሕሪ ስምምዕነት ፕሪቶርያ ንዝሓለፉ ክልታት ዓመት ብሰንኪ ኣብ ውሽጢ ኣመራርሓ ህወሓት ዝተፈጠረ ፅግዕተኛ ደርባዊ ሓይሊ ናይ ኣሰላልፋ ኣፈላላይን ፖለቲካዊ ቅልውላውን ብምእታው ህዝቢ ትግራይ ብተስፋ ይፅበዮ ዝነበረ ከይዲ ኣፈፃፅማ ውዕሊ ፕሪቶርያ ብመንፅር ሰላም ድሕንነቱን ህዝቢ ትግራይ ኣብ ከቢድ ፀገም ኣውዲቆዎ ይርከብ። እቲ ዝተፈጠረ ኣፈላላይን ኣሰላልፋን ሽርሕን ውዲት ፀላእቲ ዋላ እንተነበረ ጉጅለ ብሄራዊ ክሕደት ድማ ዕላማ ፀላእቲ ህዝቢ ትግራይ ከም ቀንዲ ልኡኽ ተቀቢሎም መሪሕ ህዝቢ ትግራይ ዝኾነ ውድብ ህወሓት ንምፍራስን ልኣላዊ መሬት ትግራይ ንፀላኢ ኣሕሊፍካ ንምሃብን ዝከኣሎም ተንኮልን ክሕደትን ፈፂሞም እዮም።

"ፈትሊ ሓቂ ትምንምን እምበር ኣይትብተኽን" ከም ዝበሃል ብሓይሊ መልጢ ስልጣን ንምምንጣልን ህዝቢ ከም ድላይካ ረጊፅካ ንምግዛእን ክብሉ ንልዕሊ ክልተ ዓመት ብሽም ውድብ ህወሓት ናይ ምድንጋር ስራሕቲ ይሰርሑ ዝነበሩ ኣባላት ጉጅለ ናይ ደምበኦምን ኣሰላልፈኦምን ክሕደት ውዒሉ ሓዲሩ ምስቲ ንህዝቢ ትግራይ ዘፅንት ዝነበረ ፀላኢ ምዃኑ ጋህዲ ኮይኑ ኣሎ። መናእሰይን ተቓወምቲ ውድባትን እናኣከቡ "ንሕና ህወሓት ኢና፣ ሰላምን ለውጥን ደለይቲ ኢና" ዝብል መምሰልን መደናገርን ጭርሖ ኣናሓዙ መድረኻትን ሰልፍታትን እናፈጠሩ ህዝቢ ብምድንጋር ሃፍትን ባጀትን ህዝቢ እናባኸኑ ዝነበሩ ሐዚ ሽመት ፓርቲ ብልፅግና ተሓርጊኦም ውሽጢ ምሽጥሮም ተቓሊዑ። ነቲ ክልተ ዓመት ዝኣክል ኣብ ውሽጢ ውድብ ህወሓት ኮይኖም ንፀላእቲ ብዝወዓልሎም ውዕለታ ብመንግስቲ ብልፅግና ዝተውሃቦም ስልጣን ተጠቒሞም ብሚድያታት ብልፅግናን ዝተፈላለዩ ማሕበራዊ ሚድያን ኣቢሎም ንህዝቢ ትግራይ ዘይምጥንን ምሽጥር ዝዘረቑን ዘረባ እንተሕልፉ ተሰሚዖም። በዚ እውን ናታቶም መትከልን ኣሰላልፎኦምን ምስ መን ከምዝነበሩን ከምዘለዉን ግልፂ ኮይኑ ኣሎ።

እዞም ትማሊ ብቃልሲ፣ መስዋእትን ሃፍትን ህዝቢ ትግራይ ቀለምን ስልጣንን ዝፈለጡ ጉጅለ ክሕደትን "ካባ" ብልፅግና ተኸዲኖም ኣብ ጎኒ ካቢኔ ብልፅግና ተኮፊሶም መዳመቕቲ ገምጋምን ሽርሓዊ ምክርን እቲ ፓርቲ ኮይኖም ካብ ምርኣይ ንላዕሊ ንህዝቢ ትግራይ ዘሕዝንን ዘሕፍርን ተግባርን የለን። ኣከያይዳን ተግባር እቲ ጉጅለ ይገብሮ ብዝነበረን ሐዚ እውን ዘሎ ናይ ምድንጋር ስራሕትን ዕላዊ ባንዳዊ ተግባርን ኣብ ክልተ ረጊፁ ሰንፈለል ንዝብል ንዝነበረ ክገርም ተዘይኮይኑ ኣብ መትከሉ ፀኒዑ ንዝቃለስ ዝነበረ ህዝቢ፣ ውድብን ሰራዊት ትግራይን ግን ሓዱሽ ዘይኮነስ ኣቀዲሙ ዝፈልጦን ኣብ ህዝቢ ትግራይ ክሕደትን ጥልመትን ከምዝፍፀም ቐዲሙ ዝፈለጦን እንትኾን ኣብ ኣደባባይ እናተዛረብሉን እናተቓለሱን መፂኡ ኣሎ።

ብመሰረት እዚ ዕላማ ደመኛታት ፀላእቲ ህዝቢ ትግራይ ኮነ ተልእኾ ጉጅለ ብሄራዊ ክሕደት ንምምካትን ውዕሊ ፕሪቶርያ ንክፍፀምን ሓድነትና ኣጠናኺርና ኣብ በቢ ውዳበና ኮይንና ሰላማዊ፣ ፖለቲካውን ዲፕሎማስያውን ቃልስና ክነሐይልን ንህላወናን ንብሄራዊ መንነትና መሊሱ ናብ ዝኸፍአ ሓደጋ ከይወድቅ ልዕሊ ኩሉ ክንግንዘብ ይግበኣና ብምባል ዛዕባይ ክኽምብት።

ኣስረስ (ጫሕማይ)

ክብርታት ቓልስን ዓወትን 20 ግንቦት ንምውሓስ ሉኣላውነት!!

እዋናዊ ዛዕባ

ሕውየት ውድብና ነበርኺ፣ ናህሪ ቓልስና ነሐይል!

ንድሕሪት ናብ ቅድሚ 50 ዓመት ምልስ ኢልና እንትንዝክር፤ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ልዕሊኡ ተዳዕኒኑ ዝነበረ ጭቆናን ዓፈናን ደብርዩ ኣብ ፍትሒ፣ ርትዕን ማዕርነትን ዝተመስረተ ሓዱሽ ህዝባውን ዴሞክራስያውን ስርዓት ንምትካል ነዊሕን መሪርን ብረታዊ ተጋድሎ ኣካይዱ። ድሕሪ 17 ዓመት ብረታዊ ቃልሲ ድማ 20 ግንቦት 1983 ዓ.ም ንስርዓት ደርጊ ሓመድ ድበ ብምእታው ዕጥቃዊ ቃልሱ ብዓወት ዛዚምዎ። እዚ ህዝቢ፤ ናብዚ መሪር ብረታዊ ቃልሲ ተገዲዱ እንትኣትው ንዘበናት ዘሰኮኖ ስእነት ፍትሕን ዴሞክራስን ኣወጊዱ ብማዕርነት ንምንባርን ፍትሒ ንምርግጋፅን እዩ። እቲ ድሕሪ 20 ግንቦት 1983 ዓ.ም ኣብ ኢትዮጵያ ዝተተኸለ ሕገ መንግስታዊ ስርዓት ናይዚ ዕላማ መረጋገፂ ነይሩ። ድሕሪ እዚ ኣብ ኢትዮጵያ ወሳኒ ዝኾነ ወታደራዊ፣ ፖለቲካዊ፣ ዲፕሎማስያውን ቁጠባውን ግደ ምፅዋት ዝተጀመረሉ እዋን ተፈጢሩ። ካብዚ ብተወሳኺ ከምሃገር ኣብ ማሕበራውን ቁጠባውን ልምዓት መሰረታዊ ለውጥታትን ምዕባለታትን ተመዝጊቦም እዮም። ብመሰረት እዚ፤ ንሕገ መንግስታዊ ስርዓት ብምጥያሽ "ቁጠባዊ ልምዓትን ዕብየትን ብምርግጋፅ ድኽነት ምጥፋእ፣ ሰላምን ዲሞክራስን ምስፋንን ዘላቒ ሃገራዊ ሓድነት ምጥንኻርን ይከኣል እዩ" ዝብል እምነት ብምሓዝ ብዙሕ ርሕቐት ተጓዒዝና ነይርና። ንኣብነት፤ ኣብ ሕርሻ፣ ትምህርቲ፤ ጥዕና፣ ልምዓት መስኖ፣ ፅሩይ መስተ ማይ፣ ቴክኒክን ሞያን ዝተሰርሑ ስራሕትን ዝተመዝገቡ ለውጥታትን ውፅኢት 20 ግንቦት እዮም። ብተመሳሳሊ ኣብ መንገዲ፣ መብራህቲ፣ ስልኪ፣ ኢንተርኔትን ካልኦትን ብተግባር ዝርኣዩ ለውጥታት ተመዝጊቦም ከምዝነበሩ ኩሉ ዝምስክሮ ሓቂ እዩ። እዚኦም ድማ ውፅኢት ቃልሲ ህዝቢ ትግራይን ፍርያት 20 ግንቦትን ምዃኖም ምርዳእ የድሊ።

ይኹን እምበር ቃልሲ ኣንፃር ድኽነት ሓዝ ክሕዝ ገጢሙ ኣብ ሃዲድ ምዕባለ ዝነበረ ህዝቢ ትግራይ፤ ፀረ ሰላም ሓይልታት ኣብ ልዕሊኡ ብዝኣወጅዎ ኲናት ፅንተት ንድሕሪት ተመሊሱ እዩ። ህዝብና፤ ኣብዚ እንርከበሉ መድረኽ ምላሽ ክረኽቡ ዝግበኦም ናይ ባዕሉ ድልየታት፣ ጠለባትን ሕቶታትን እንተሃለውዎ እኳ ብፀረ ሰላም ሓይልታት ጀኖሳይዳዊ ኲናት ዝተፈፀሞ ብምኳኑ ሕዚ ዘለዉዎ ወሰንትን ዓበይትን ሕቶታት፣ ድልየታትን ጠለባትን ከማልእ ኣይከኣለን። ካብዚኦም ንምጥቃስ ወረርቲ ሓይልታት ብሓይሊ ካብ ዝሓዝዎ ሉኣላዊ ግዝኣት ትግራይ ክወፁ፣ ሉኣላዊ ግዝኣት ትግራይ ክኸበር፣ ተመዛበልቲ ናብ መረበቶም ክምለሱ፣ ፅንተት ዝፈፀሙ ገበነኛታት ናብ ፍርዲ ቐሪቦም ክሕተቱ፣ ሰላምን ፀጥታን ትግራይ ውሑስ ክኸውን፣ ሰብኣዊ ሓገዝ ክኣትውን ናብ ዝተፀገመ ህዝቢ ብእዋኑ ክበፅሕን ዝብሉ መዓልታዊ ፃውዒት ህዝቢ ትግራይ ኾይኖም ኣለዉ። ብተመሳሳሊ ስራሕቲ ዳግመ ሕውየትን ህንፀትን ምስላጥ፣ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ዝተውሃብዎ ተልእኾታት ቀልጢፉ ብምፍፃም ብህዝቢ ናብ ዝተመረፀ መንግስቲ ምስግጋር ብሓፈሻ ስምምዕ ፕሪቶርያ ምትግባር ካብቶም ህዝቢ ትግራይ ዘልዕሎም መሰረታዊ ጉዳያት ተጠቀስቲ እዮም። እዚኦም ከምዘለዉ ኾይኖም ስራሕቲ ልምዓት፣ ምስፋን ፍትሕን ሰናይ ምምሕዳርን እውን ቀንዲ ሕቶታት ህዝቢ ትግራይ እዮም።

ካብዚ ወድዓዊ ኣምር ብምብጋስ፤ ውድብና ህወሓትን ከምብሓዱሽ ዝተጣየሸ ግዝያዊ ምምሕዳርን ነዚኦም ዝለዓለ ትኹረት ሂቦም ንተግባራውነቶም ብዕቱብ ምስራሕ ጀሚሮም ኣለዉ። ከምቲ ዝፍለጥ፤ ህዝቢ ትግራይ ልምዓትን ዕብየትን ንምርግጋፅ፣ ሰላምን ዴሞክራስን ንምስፋን፣ ፍትሕን ሰናይ ምምሕዳርን ንምርግጋፅ

...እቶም ኣብ ሕሉፍ እዋናት ብቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ዝተስዓሩ ፀላእቲ፤ ህዝቢ ትግራይን ውድብና ህወሓትን ብመላእ ህዝብታት እዛ ሃገር ንክፅልኡን ንክግለሉን መርዚ ፅልኢትን ወፍሪ ፀለመን ከካይዱ ፀኒሖም እዮም። ኣብዚ ጉዳይ ነዊሕ ርሕቐት ምስኸዱ ድማ፤ "ሕዚ ህዝቢ ትግራይ ንምጥፋእ ጥጡሕ ባይታ ተፈጢሩ ኣሎ፤ መላፍንቲ ሓይልታት ዓዲምናን ዓለም ዘፍረየቶም ውፅኢታት ቴክኖሎጂ ውግእ ተጠቒምናን ብዘይጥርጥር ክነጥፍኦ ንኽእል ኢና፤ ህዝቢ ትግራይን ውድብ ህወሓትን ንሓንሳብን ንሓዋሩን እነጥፍኣሉ ግዘ ሕዚ እዩ፤" ኢሎም ብዕሊ ኲናት ፅንተት ኣዊጆም። ታሪኽ ይቕረ ዘይብሎ ኲለመዳይ ግፍዕን ብርሰትን ፈፂሞም።

ኮታስ ቃልሲ ኣንፃር ድኽነት ሓዝ ክሕዝ ገጢሙ ዓበይቲ ለውጥታት ምምዝጋብ ኣብ ዝጀመረሉ ግዘ እዩ ኣብ ልዕሊኡ ጀኖሳይዳዊ ኲናት ዝተኣወጀ። ብፍላይ እቶም ኣብ ሕሉፍ እዋናት ብቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ዝተስዓሩ ፀላእቲ፤ ህዝቢ ትግራይን ውድብና ህወሓትን ብመላእ ህዝብታት እዛ ሃገር ንክፅልኡን ንክግለሉን መርዚ ፅልኢትን ወፍሪ ፀለመን ከካይዱ ፀኒሖም እዮም። ኣብዚ ጉዳይ ነዊሕ ርሕቐት ምስኸዱ ድማ፤ "ሕዚ ህዝቢ ትግራይ ንምጥፋእ ጥጡሕ ባይታ ተፈጢሩ ኣሎ፤ መላፍንቲ ሓይልታት ዓዲምናን ዓለም ዘፍረየቶም ውፅኢታት ቴክኖሎጂ ውግእ ተጠቒምናን ብዘይጥርጥር ክነጥፍኦ ንኽእል ኢና፤ ህዝቢ ትግራይን ውድብ ህወሓትን ንሓንሳብን ንሓዋሩን እነጥፍኣሉ ግዘ ሕዚ እዩ፤" ኢሎም ብዕሊ ኲናት ፅንተት ኣዊጆም። ታሪኽ ይቕረ ዘይብሎ ኲለመዳይ ግፍዕን ብርሰትን ፈፂሞም። እቶም ሳዕቤንን ሓደጋን ኲናት ኣቕዲሞም ዝተረድኡ ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ብተደጋጋሚ ንሰላም ኢዶም እንተዘርግሑ እውን ሰማዒ ኣይረኸቡን ነይሮም። ካብዚ ብምብጋስ ከምህዝቢ ዝነበረ ብሕታዊ መማረፂ መኪትካን ስዒርካን ምውፃእ ጥራሕ ነይሩ። እቲ ብሕታዊ ኣማራፂ እዚ ስለዝነበረ፤ ብመሪሕ ውድቡ ህወሓት እናተመርሐ ኣንፃር እቲ ኣብ ልዕሊኡ ዝተኻየደ ወራር ፅንተት ደጀንን ግምባርን ብምትእስሳር ብመስተንክራዊ ፅንዓት መኪቱ።

ውፅኢት ህዝባዊ መኸተና ድማ ኣብ ጥቅምቲ 2015 ዓ/ም ውዕሊ ሰላም ፕሪቶሪያ ክፍረም ክኢሉ እዩ። ይኹን እምበር ዋላ እኳ ስምምዕ ፕሪቶርያ ዝፈጠሮ ናይ ሰላም ሃዋህው እንተሃለወ ብምሉእነት ክትግበር ኣይከኣለን። ነዚ ውዕሊ ንጎድኒ ብምግዳፍ ካልኦት ሽርሕታት ብምእላም ህዝቢ ትግራይ ናይ ምፅናት "ፕላን" መልክዑ ቐይሩ ይቕፅል ኣሎ። ብሰንኪ እዚ ድማ ሉኣላዊ ግዝኣትና ኣይተመለሰን፣ ኣብ ትሕቲ ወረርቲ ዘሎ ህዝቢ ሓራ ኣይወፀን። ዝተመዛበለን ዝተሰደደን ህዝብና ናብ መረበቱ ስለዘይተመለሰ ሕዚ እውን ከርፋሕ ናብራ እናደፍእ፣ እናተሳቐየ፣ ኣደዳ ሕማምን ሞትን እናኾነ ይርከብ። ብሓፂሩ መልክዕ እቲ ኲናት እዩ ተቐይሩ እምበር ህዝቢ ትግራይ ብሰላሕታ ይፅንት ከምዘሎ ግልፂ እዩ።

ህዝቢ ትግራይ ብፀላእቲ ዝተፈፀሞን ዝፍፀም ዘሎን በደል ከይኣክል፤ እቲ ዝጠለመ ጉጅለ፤ ስትራቴጅክ ዓቕምታት መኸተ ወዲቡ ብቑዕ መሪሕነት ብምሃብ ናይ ምድርዳር ዓቕምና ክብርኽን ስምምዕ ፕሪቶርያ ብዝተማለአ ኣገባብ ክፍፀምን ኣብ ክንዲ ምምራሕ፣ ንውልቀ ስልጣኑን ረብሕኡን ክብል ብሄራዊ ረብሓታት ትግራይ ኣብ ምህጋር ተፀሚዱ እናሰርሐ ከምዝፀንሐ ዝፍለጥ እዩ። እዚ ሓዱሽ ገዛኢ ደርቢ ናይዚ ኩሉ ጥፍኣት ብሞራልን ብታሪኽን ብዝለዓለ ደረጃ ተሓታቲ ምኳኑ ክስመረሉ ይግባእ። ጉጅለ ብሄራዊ ክሕደት ንውድብና ኣፍሪሱ፣ ስትራቴጂክ ዓቕምታት መኸተ በቲኑ፣ ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ብምድኻም፣ ናይ ምግባር ተኽእልኡ ተመንዚዑ ብፀላእቱ ንክምብርከኽ ምስናይ ውሽጥን ግዳምን ሓይልታት ተላፊኑ ስልጣን ንክብሕት ኩሉ ዓይነት ርብርብ እናካየደ ፀኒሑ እዩ። ሕዚ እውን የካይድ ኣሎ። ይኹን እምበር ውድብና ህወሓት ንኩሎም ስትራቴጂክ ዓቕምታት (ውድብ፣ ህዝቢ፣ ሰራዊት) ብምትሕብባር ዘካየዶ ውሕሉል ሰላማዊ ፖለቲካዊ ቃልስን ንምልኣተ ህዝብና ዘሳተፈ ወፍሪ እምቢታን ነቲ ስልጣን ብሒቱ ኣንፃር ብሄራዊ ረብሓ ህዝቢ ትግራይ እናሰርሐ ዝፀንሐ ሓዱሽ ገዛኢ ደርቢ ካብ ዝሓዞ ስልጣን ክእለ ገይርዎ ኣሎ። ከምዚ ዝበለ ቃልሲ ብምክያዱ ድማ ኣብ ውሽጡ ሓቢኡ ህዝቢ እናደናገረሉ ዝፀንሐ ናይ ኣሰላልፋ ባህሪኡ እንትቃላዕን ናብ ደምብኡ እንትፅምበርን፤ ብኣንፃሩ ንሕና ኣብ ህዝባዊ ዕላማና ሰሚርና ረብሓታትን ባህግታትን ህዝቢ ትግራይ ኣብ ዘረጋግፁ ብሄራዊ ኣጀንዳታት ንምዝታይ ምቹው ኩነታት ተፈጢሩ ኣሎ።

ነዚ ዝፍጠር ዘሎ ዝሓሸ ሃዋህው ፀንቂቕካ ብምጥቃም፤ "ብሄራዊ ሓድነትና ንምውሓስ ሉኣላውነትና" ኣብ ትሕቲ ዝብል መሪሕ ሓሳብ ብምዕሳል፣ ግዝኣታዊ ሓድነትና ናብ ዋንኡ ክምለስ፣ ዝተመዛበለን ዝተሰደደን ህዝብና ውሕስንኡ ተሓልዩ ናብ መረበቱ ክምለስ፣ ኣብ ትሕቲ ወረርቲ ሓይልታት ኮይኑ ሓሳረ መከርኡ ዝርኢ ዘሎ ህዝብና ሓራ ንክወፅእ ኩሎም ዓቕምታት መኸተ ብምትሕብባር፣ ሰላማዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ ምሕያል ግድን ይኸውን። ከምኡ እውን ንመደባት ሕውየትን ዳግመ ህንፀትን ዝለዓለ ትኹረት ብምሃብ፣ ብዝተወደበ ናይ ሓፋሽ ምንቅስቓስ ክምራሕ ምግባር የድሊ። ነዚ ውፅኢታዊ ንምግባር በብደረጃኡ ዘሎ መሪሕነትን ኣባልን ብዝለዓለ ተወፋይነት ወሲኑ ክወፍር፣ ካብ ተሳትፎ ሓፋሽ ተነፂሉ ዝካየድ ምንቅስቓስ ቀፃልነት ከምዘይብሉ ተረዲኡ ንክሰርሕ ዝተትሓዘ ኣንፈት ኣሎ። ብመሰረት ኣብ ዳግመ ሕውየትን ህንፀትን ትግራይ ዝተነፀረ ስትራቴጅን ኣንፈትን ቆጣባይ ዝኾነ ኣጠቓቕማ ሃፍቲ ምትእትታው ግድን ይኸውን። ኣብ ኩሉ መዳይ ቀዳምነት ዝወሃቦም ሕብረተሰባዊ ክፍልታት ብምንፃር ብሓፈሻ ድማ መላእ ህዝቢ ብፍትሓውነት ተጠቃሚ ዝኾነሉ ናይ ሕውየትን ዳግመ ህንፀትን ትልሚ ብቕልጡፍ ተግባራዊ ከምዝግበር ምርዳእ የድሊ።

ከምቲ ዝፍለጥ ውዕሊ ፕሪቶርያ ውፅኢት ቃልስናን መስዋእትናን እዩ። እዚ ስምምዕ ጀኖሳይዳዊ ኲናት ዓጊቱ ናብ ሰላማዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ ዘሰጋገረ ብምኳኑ ብኣግባቡ ንክትግበር ብወገን ህዝቢ ትግራይን ውድብና ህወሓትን ቃልሲ እናተገበረ መፂኡ እዩ። ሕዚ እውን እንተኾነ ንተግባራውነት እዚ ውዕሊ ተወሳኺ መስዋእቲ ይኽፈል ኣሎ። ኮይኑ ግና ብሰንኪ ኣብ ውሽጥና ዝተፈጠረ ጉጅለ ብሄራዊ ክሕደት፤ ብወገን መንግስቲ ኢትዮጵያ ንተፈፃምነት እዚ ስምምዕ ቁርፀኛ ዘይምዃን እኳ ድኣ ዓንቃፋይ ተራ ምህላዉ፣ መደራደርቲ ኣካላት እውን "ዕጥቂ ፍትሑ" ካብ ምባል ሓሊፎም እቲ ስምምዕ ብፓኬጅ ንክፍፀም ዘርኣይዎ ድልውነት ውሱን ምዃኑን ካልኦት። ፀገማትን ተመጋጊቦም እቲ ስምምዕ ክሳብ ሕዚ ብምሉእነት ኣይተተግበረን። ብሰንኪ እዚ ድማ ኣብ መዕቖቢ ማእኸላት፣ ኣብ ስደትን ትሕቲ ወረርትን ዘሎ ህዝብና ኣደዳ ጥምየት፣ ሕማምን ሞትን ይኸውን ኣሎ። ሕዚ እውን ኣብዚ መዳይ ዝተርኣየ መሰረታዊ ፖለቲካዊ ፀገም ብምፍታሕ፣ ሰላማዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ ብምክያድ ድማ ህልውና ህዝብና ንምውሓስን መሰል ዓርሰ ውሳነና ንምርግጋፅን ብዝለዓለ ፅንዓት ክስርሐሉ ምኳኑ፤ ውድብና ኣብዚ ጉዳይ እዚ ፅኑዕ መርገፂ ሒዙ ብዕቱብ እናሰርሐ ከምዝርከብ ብመግለፅታቱ ዝሓበሮ ጉዳይ እዩ።

እቲ ካልእ ክለዓል ዝግብኦ ሕጋዊ ኣፍልጦ ውድብና ዝምልከት እዩ። ኣብዚ ክፍለጥ ዘለዎ መሰረታዊ ሓቂ፤ ውድብና ብህዝቢ ተፈጢሩ፣ በብምዕራፍ ቃልሱ ምስህዝቡ ወጊኑ ብሓዊ እናተፈተነ፣ ኣብ ጉዕዞ ቃልሲ ዘጋጠምዎ ናይ ውሽጥን ግዳምን ፈተናታት እናበደሀ ን50 ዓመት ኣብ ቓልሲ፣ ዓወትን ፅንዓትን ዝዘለቐ ህዝባዊ ውድብ እዩ። ስለዝኾነ ድማ ኣፍልጦ ውድብና ህወሓት ዝምልከት ኣብ ልቢ ህዝቢ ትግራይ ተኸቲሙ ዝሓደረን ብህዝቢ ትግራይ ዝውሰን ምዃኑን ክፍለጥ ኣለዎ። እዚ ኮይኑ፤ ብሰንኪ ዘጋጠመና ጀኖሳይዳዊ ወራር ሕጋዊ ሰብነት ውድብና ኣብ ስምምዕ ፕሪቶርያ ናብ ንቡር ንክምለስ ዕልባት ዝረኸበ ጉዳይ ምኳኑ እናተፈለጠ፣ ብቦርድ መረፃ ኢትዮጵያ ብተደጋጋሚ ንስምምዕነት ፕሪቶርያ ብዝፃረር ኣገባብ ናብ ተራ ቴክኒካዊ ጉዳይ ኣውሪዱ፣ ውድብና ከምብሓዱሽ ኣይተመዝገበን ተባሂሉ "ተሰሪዙ" ክበሃል ተቐባልነት የብሉን ጥራሕ ዘይኮነስ ክሕሰብ እውን ዘይብሉ እዩ። ሕዚ እውን ብመሰረት ስምምዕ ፕሪቶርያ ሕጋዊ ሰብነት ውድብና ንክምለስ ዘይተሓለለ ቃልሲ ክግበር ቓልስና ክነሐይል ይግባእ።

ከምቲ ኣብ መእተዊ እዚ ትሕዝቶ ዝተገለፀ፤ 20 ግንቦት 1983 ዓ.ም፤ ብ11 ለካቲት 1967 ዓ/ም ኣብ በረኻ ደደቢት ዝተጀመረ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ሽቶኡ ዝወቕዓላ ዕለት እያ። ኣብ ኢትዮጵያ ንዘበናት ሱር ሰዲዱ ዝነበረ ፀረ - ዴሞክራሲ ስርዓት ብሓዱሽ ፌዴራላዊ፣ ዴሞክራስያውን ሕገ መንግስታውን ስርዓት ተተኪኡ እዩ። እዚ ብምዃኑ ድማ ህዝቢ ትግራይ ናብዛ ዕለት ንምብፃሕ ዘካየዶ መሪር ተጋድሎን ዝኸፈሎ ክቡር መስዋእትን ኣካል ድሙቕ ታሪኽ ኮይኑ ብኽብሪ እናተዘንተወ ክነብር እዩ። ዋላ እኳ ህዝቢ ትግራይ ናይ ኢዱ እንተዘይረኸበ ብዝኸፈሎ መስዋእቲ ክሕበንን ታሪኹ ዓቂቡ ንወለዶታት ከሕልፎን ኣለዎ። ብፍላይ ናብ ዓወት 20 ግንቦት ንምብፃሕ ዝነበረ ፅንዓትን ሓድነትን ኣብዚ መድረኽ ኣጋጢሞምና ዘለዉ ከበድቲ ፈተናታት ንምሕላፍ እውን ኣገደስቲ እዮም። መበል 34 ዓመት በዓል 20 ግንቦት ኣብ እነኽብረሉ እዋን ልዕሊ 40 ምኢታዊ ግዝኣት ትግራይ ብወረርቲ ሓይልታት ተታሒዙ ኣብዘለሉ እዩ። ኣብ ኢድ ፀላእቲ ዘሎን ዘየሎን ህዝብና ሓራ ኣይወፀን። ዝተመዛበለን ዝተሰደተን ህዝብና ናብ መረበቱ ኣይተመለሰን። ብሓፈሻ ፎቐድኡ ተበቲኑ ከቢድ ስቓይ ዘሕልፍ ዘሎ ህዝቢ እዩ፤ ህዝቢ ትግራይ።

ናብ ገፅ 9 ይዘውር

ኣብዚኣማ

እዚ ዓምዲ እዚ ኣብ ፖለቲካዊ፣ ቁጠባውን ማሕበራውን ጉዳያት ተመስሪቱ ካብ ተሳተፍቲ ዝመፁ ፅሑፋት የተኣናግድ

ደምበ፤ ልዕሊ ልጓም ይስሕብ!

ብመንክር ካብ መቐለ

ከምዝፍለጥ ሃመማ ኣብ ዝጨነወ ቆርበት ወይ ካልእ ተመሳሳሊ ነገር እዩ ዝዓልብ። እዞም ሰባት እውን ውቃበኦም ዝጥብረሎም ጥምቢ እናኣለሹ ዝዓልቡ ስለዝኾኑ እዮም ናብ ጀኖሳይደር ዝተፀምበሩ። ምኽንያቱ ብቃልሲ ህዝቢ ተገሊፎም ምስከዱ መትከልን ፖለቲካዊ ስብእናን ስለዘይብሎም ናብ ደምበኦም ተሓዊሶም ሽመት ተቐቢሎም ኣለዉ። እዞም ሰባት ህዝባዊ መትከል እንተዝህልዎም ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኣፈላላይ ምስህዝቦም ኮይኖም ምተቓለሱ። ንጥቕሚ ደው ዝበሉ ስለዝኾኑ ግን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ በደል ብምፍፃም እንጀራኦም የርጉዱ ኣለዉ።

"ልጓም ፈረስ ልዕሊ ማርሽ፣ መዘወርን ፍሬንን እዩ" ይበሃል። ሓንቲ መኪና ክትንቀሳቐስን ደው ክትብልን፣ ፍጥነት ክትውስኽን ክትቕንስን፣ ንየማን ይኹን ንፀጋም ከምኡ እውን ንድሕሪትን ንቕድሚትን ክትንቀሳቐስ ዝገብርዋ ማርሽ፣ ፍሬንን መዘወርን እዩ። እዚ ናብ ፈረስ ወይ ናብ ሰጋር በቕሊ እንትመፅእ ንኹሎም ዝጥቕልሎም ልጓም እዩ። ፈረስ ክንቀሳቐስ ይኹን ደው ንክብል፣ ክቕልጥፍ ይኹን ክሃድእ፣ ንቕድሚት ክውንጨፍ ይኹን ንድሕሪት ክንሳሕብ፣ ንየማነ ፀጋም ክዕፀፍ ይኹን ኣእዳው ንላዕሊ ደው እናበለ ሰላምታን ክብርን ክህብ ዝግበር ብልጓም እዩ።

ኣብዚ ክስመረሉ ዘለዎ ልጓም ልዕሊ ማርሽ፣ ፍሬንን መዘወርን ሓይልን ዓቕምን ዘለዎ መቆፃፀሪ ምኳኑ እዩ። እቲ ምንታይ መኪና ግኡዝ ነገር ስለዝኾነት ማርሽ፣ ፍሬንን መዘወርን ገይርካ እንትቆፃፀር እቶም ማሽናት ዝተኣዘዝዎ ይሰርሑ እምበር ስምዒት ሃልዩዎም ዝህብዎ ግብረ መልሲ ወይ ፅልዋ የለን። ፈረስ ግን ህይወታዊ ስለዝኾነ፣ ስምዒታት ኒሕን ሓቦን፣ ድኻምን ሕማምን ምቾትን ኩርኳሕን ዝገልፅሉ ስምዒታት ኣለውዎ። እዚ ስምዒታት ድማ ብልጓም እዩ ዝግናሕ። ፈረስ ሓያል ጉልበት ዘለዎ እንስሳ ስለዝኾነ ንሓይሉ ቀይዱ ዘገድድ ልጓም እዩ። ብምኳኑ ልጓም ስምዒት ሓይሊ፣ ድኻም፣ ሕማምን ፀገምን እቲ ፈረስ ኣከኣኢሉ ናብ ዝተብሃሎ ከብፅሕ ዝገብር እዩ።

ነዚ ሓሳብ ምልዓለይ ፖለቲካውን ማሕበራውን ትርጉም ዘለዎ ኣበሃህላ ስለዝኾነ እዩ። ሰብኣዊ ባህሪኦም፣ ቤተሰባዊ ፍቕሮም፣ ብሄራዊ ስምዒቶምን ፖለቲካዊ ዕላምኦምን ቀቲሎም ንጥቕሚ ዝጓየዩን ደምበኦም ኣነፂሮም ደምበና ከፍርሱ ዝፅዕሩ ኣካላት ስለዝገልፀለይ እዩ። እዞም ሰባት ከምቲ ፈረስ ልጓም ዝቐይዶ ዓይነት ኣይኮኑን። ቅድሚ ዝኾነ ይኹን ነገር ንስልጣን ዘማዕድዉ እዮም። ናብ ስልጣን ዝጓየይሉ ቀንዲ ምኽንያት ድማ ንባዕሎም እምበር ንረብሓ ህዝቢ ስለዘይሰርሑ እዩ። እዞም ሰባት ህዝባዊ ውግንና፣ ብሄራዊ ስምዒትን መትከልን ዝበሃል የብሎምን። ኩሉ ስምዒትቶም ኣብ ውልቀ ረብሓ ዝንጥልጠል ስለዝኾነ፤ ባዕሎም ወይ ንሶም ዝደልይዎ ሰብ ኣብ ስልጣን ክነብር እዮም ዝጓየዩ። ህዝቢ ኣብ ረብሓኡ ኣድሂቡ ክመያየጥን ነቲ ዝደልዮ ረብሓ ዘፈፅመሉ ሰብ ክመዝዝን ኣይደልዩን። እታ ዝደልዩዋ ስልጣን ስለዝኾነት ንዕኣ ንምርካብ ብዓይነ ዕሙተይ ይንቀሳቐሱ። ባህጎም ንምፍፃም ምስፀላኢ እውን ይለግቡ። እቶም ኣብዚ ንርከበሉ ሃዋህው ወገኖም ገዲፎም ናብ ጀነሳይደራት ዝለገቡ ሰባት እውን ተግባሮም ኩሉ እንትርእ ካብዚ ዝብገስ እዩ። መግለፂ ባህሪ እዞም ሰባት ስልጣን ብዘይኣግባብ ምጥቃም፣ ንውልቀ ጥቕሚ ኢልካ ህዝቢ ምጭቋን፣ ደም ህዝቢ ምምፃይ፣ ሓፋሽ ምፅላእን ንክብርኻ ጥራሕ ምጭናቕን፣ ብግዕዝይና ምጥልቃይ ወዘተ እዩ። ተጋዳላይ መለስ ዜናዊ ኣብዚ ጉዳይ ኣድሂቡ ሓደ እዋን ዝስዕብ ሓሳብ ገሊፁ ነይሩ። "ሓደ መራሒ እንትብላሾ ንሓፋሽን ንህዝብን ይፈርሕ" ዝብል እዩ። ኣስዒቡ ድማ፤ ሓደ ናብ ገዛኢ ደርቢ ዝተለወጠ መራሒ መድረኽ ዝፀልኣሉ፣ ብድምሩ ድማ ንህዝቢ ዝፈርሕሉ ምኽንያት እንተብርህ፤ ካብ ስልጣን ንከይወርድ ብምስጋእ እዩ። ንውልቀ ረብሓኡ እናሓሰበ ዝነብር መራሒ በታ ናብ ስልጣን ዝደየበላ መሳለል ካልኦት ኣካላት ከይድይቡ ረጊሑ እዩ ዘውድቓ። እዛ ባህሪ ኣብዞም ደምበኦም ፈልዮም ምስ ፀላእትና ዝተሰለፉ ሰባት ከመይ እናተንፀባረቐት ከምዝመፀት ውሱናት ኣብነታት ኣልዒለ ክገልፅ።

ኣባላት እቲ ዝጠለመ ጉጅለ፤ ቅድሚ ህዝባዊ ጉባኤ ከይካየድ ምዕንቃፎም ኣብ 2016 ዓ/ም ካድረታት ፀገማት ውድብን ህዝቢ ትግራይን ፈቲሾም ከይፈትሑ ከሊኦም እዮም። ውድብ ኣብ ዝፀወዐቶ መድረኽ ክሳተፉ ዝወሰኑ መራሕቲ ንከይመፁ መኪናኦም ተመንጢሎም። ንዝመፆም ምፍርራሕ ዋጋ ክኸፍሉ ብምውሳን ብመጐዓዝያ ክመፁ ዝፈተኑ ኣመራርሓ፤ በብከባቢኡ ኬላታት ተዘርጊሖም ቁፅሮም ዘይነዓቑ ካብ መንገዲ ክምለሱ ተገይሩ። ነዚ ጥሒሶም ዝመፁ ኣመራርሓ ግን ኣብ ህልውና ህዝቢ ትግራይ ዓብዪ ትርጉም ዘለዎ ውሳነ ኣመሓላሊፎም። መሪሕ ውድብ ከምጨው ካብ ምሕቓቕ ኣድሒኖም። እቲ ማእኸላይ ኮሚቴ ኣብ ሓፂር እዋን ውሽጡ ክፍትሽ ዕዮ ገዛ ካብ ምሃብ ሓሊፎም፤ ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ ንዘሎ መሪሕነት ዝውክሉ 15 ኣባላት ዘለውዎ ተወከልቲ ኮሚቴ ኣጣይሾም።

ኣብዚ እቲ ናብ ደምበ ድሕረት ዝተፀምበረ ጠላም ጉጅለ እቲ ንምእጋድ ካድረታት ዘቕረቦ ምኽንያት፤ "ወቕቱ ብዘይሓለወ ዝናብ ምህርቲ ከይባኸን ምእንታ ኣመራርሓ ዓፂድ ከተሓባብሩ" ዝብል እዩ። እዚ ዝቐርብ ብምኽንያት ሸፈጥን ቅጥፈትን ከምዝኾነ ግልፂ እዩ። ኮይኑ እውን ግን ኣብ ሳልስቱ በቲ ኣኼባ ዝኸልከለ ኣካል ኣብ ከተማ ኣክሱም ሓረስቶት ማእኸላይ ዞባ እንትይተረፈ ዝተሳተፍሉ ዓብዪ "ህዝባዊ" ዝበሎ መድረኽ ተኻይዱ እዩ። እቲ ካሊእ ነጥቢ ዓሰርተ ሻዕ ዝናብ እንተመፀ፤ ሓረስታይ ትግራይ ባዕሉ ሓሲቡ መዋፅኦ ዝፈጥርን ንምኽሪ ሰብ ሞያ ሕርሻ ተቐቢሉ ዝዓምምን እምበር ፍቓድ ካድረ ክሳብ ዝረክብ ዝፅበ ኣይነበረን። ልዕሊ ኩሉ ኣጀንዳ ትግራይ ግን ኣብ ዝተቐደደ ኬንዳ ዝነበረ ተመዛባሊ ምምላስ፣ ብተመዛበልቲ ተትሒዘን ዘለዋ ኣብያተ ትምህርቲ ተመዛባሊ መሊስካ እቲ ዘይተመዛበለ ወገን ቀልጢፉ ናብ ስሩዕ ትምህርቲ ዝኣትወሉ ኩነታት ምፍጣር እዩ ነይሩ። ነዚ ንምክያድ ድማ ካብ ሕድሕድ ወረዳ ዝወከሉ ካብ 13 ዘይበዝሑ ካድረ ተኣኪቦም ብምዝታይ መፍትሒ ኣንፈት እንተዘቐምጡ ዝጠቅም እምበር ዝጎድኦ ነገር ኣይኮነን። እዚ ክኾን ስለዘይደልዩ ግን መድረኽ ካድረ ከሊኦም። እዚ ድማ ውልቀ ምልክነትን ፀረ ዴሞክራስን እዩ።

ኣብ ታሪኽ ውድብ ከምዝተምሃርናዮ፤ ፀገም መሪሕነት እንተጋጥም ናብ ህዝቢ እዩ ዝቐርብ። ቅድሚ ሕዚ ዝነበሩ ኩሎም ፀገማት ናብ ሓፋሽ ብምቕራብ እዮም ተፈቲሖም። ሓፋሽ ረብሓኡ ስለዝቐድም፤ እተን ፀገማት ነቒሱ ብምውፃእ ነቲ መሪሕነት ዘገልግል ቀፃሊ ኣንፈት እዩ ዘነፅር። ነተን ዝነፀረን ኣንፈታት ክፍፅመሉ ዝኽእል ዝኣምኖ መሪሕነት እዩ ዝህብ። ነዚኣ ዝፈልጡ እዞም ናይ ክሕደት ሰባት ግን ንውልቀ ረብሓ እምበር ህዝባዊ ዕላማ ስለዘይብሎም ናብ ሓፋሽ ክቐርቡ ኣይደልዩን። ዝሓዝዎ ስልጣን እውን ዘልኣለማዊ ክኾነሎም ስለዝደልዩ ካብ ሓፋሽ ክርሕቑ ፈለማ ቤት ምኽሪ ኣፍሪሶም። ቀፂሎም ብስርቅን ግዕዝይናን ዝጠልቀዩ ፀረ ህዝቢ ዝኾኑ ምስሌነታት ሸይሞም። ካብ ቀደሞም መትከላት ህወሓት ዝረገፁ ፋሉላት እናሃለዉ "ህወሓት ኢና" እናበሉ ህዝቢ ብምድንጋር ፀገም ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ኣጋዲዶም እዮም።

እቲ ኣብ 2016 ዓ/ም ኬላታት እናጠሓሰ ዝመፀ ካድረ ነዞም ከዳዓት ኣብ ምጉላል መሪሕ ተራኡ ተፃዊቱ እዩ። ኣብ ዕንይንይ ዝነበረ መሪሕነት ጊዜ ገደብ እናቐመጠ ናብ ገምጋም ከኣቱ ብምድፋእ ኩሉ ሌባ፣ ከዳዕን ደመኛን ተቓሊዑ። ግዕዝይናኡን ጥልመቱን ብምኽሓድ ዝተማጐተ እውን ካብ ሰራዊትን ነባራት ማእኸላይ ኮሚቴን ዝተውፃእፁ መፃረይቲ ኮሚቴ ተጣይሾም መረዳእታታት ብጭብጢ ብምቕራብ ዕርቃኖም ወፂኦም። ገሊኦም ካብ ዝዕደግ ዝነበረ ጥይት፣ ጨው፣ ወርቂ፣ ስሚንቶ ወዘተ ኮሚሽን እናተቐበሉ ዝነግዱ ዝነበሩ ከተርቲ እዮም። ገሊኦም ድማ ንገንዘብ ክብሉ ሰለልቲ ፀላኢ ኮይኖም ምሽጥር መኸተ ዝድርጉሑ ጠላማት ኮይኖም ተረኺቦም። እቲ ልዕሊ ኩሉ ዝገርም በቶም ዘይሻራዊ መፃረይቲ ኮሚቴታት ዝቐርቡ መረዳእታታት ካብቶም ከዳዓትን ጠላማትን "ኣይወዓልናሉን" ኢሉ ዝተኸራኸረ ኣካል ዘይነበረ ምኳኑ እዩ።

እዚ ከምዚ ዝበለ ጉድ ምስተቐልዐ "ጉባኤ ብምክያድ ምትዕርራይ ይገበር" ዝብል እንትውሰን፤ እቲ ጠላም ጉጅለ ኣብ ስልጣን ንምንባር ኣጫህዩ ናብ ምሕሳውን ምድንጋርን ኣትዩ። "ጉባኤ እንተተኻይዱ ኩናት ክውላዕ እዩ፤ ጉባኤ ነካይድ ዝብሉ ዘለዉ ንሻዕብያ ተኣማሚኖም እዮም" ወዘተ ዝብሉ ዘደንፅዉ ዘረባታት ደርጒሖም። እዞም ሰባት ጊዜኡ ዝሓለፈ ጉባኤ ውድብ ከይካየድ ጥራሕ ኣይኮኑን ዓንቂፆም። ቤት ምኽሪ ትእምት ከይካየድ እንትይተረፈ እዮም ሰሪሖምን እግድ ክውሰን ብቤት ፍርዲ ከሲሶምን። ካብዚ ሓሊፉ ጉባኤ ቤት ምኽሪ ማሕበር ልምዓት ትግራይ (ማልት) ከይካየድ ዕንክሊል እናበሉ ዝፀንሕዎ ከይኣክል፤ ብድፍኢት ኣባላት ምስተኻየደ ከመይ ክብትንዎ ከምዝሓሰቡ ዝዝከር እዩ። እዞም ሰባት ነውራማት ስለዝኾኑ እምበር ስልጣን ንዝሃቦም ቤት ምኽሪ ይኹን ጉባኤ ክእግዱ ኣይግባእን ነይሩ። እዚ ተግባር ፀረ ዴሞክራሲ እዩ። ሓፋሽን ጉባኤን ዝፀልኡ እውን ዕሱባት፣ ለያቡን ከበድቲ ገበናት ዝፈፀሙ ነውራማትን ስለዝኾኑ እዩ።

ከምዝፍለጥ ሃመማ ኣብ ዝጨነወ ቆርበት ወይ ካልእ ተመሳሳሊ ነገር እዩ ዝዓልብ። እዞም ሰባት እውን ውቃበኦም ዝጥብረሎም ጥምቢ እናኣለሹ ዝዓልቡ ስለዝኾኑ እዮም ናብ ጀኖሳይደር ዝተፀምበሩ። ምኽንያቱ ብቃልሲ ህዝቢ ተገሊፎም ምስከዱ መትከልን ፖለቲካዊ ስብእናን ስለዘይብሎም ናብ ደምበኦም ተሓዊሶም ሽመት ተቐቢሎም ኣለዉ። እዞም ሰባት ህዝባዊ መትከል እንተዝህልዎም ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኣፈላላይ ምስህዝቦም ኮይኖም ምተቓለሱ። ንጥቕሚ ደው ዝበሉ ስለዝኾኑ ግን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ በደል ብምፍፃም እንጀራኦም የርጉዱ ኣለዉ። ብመሰረቱ ውዕሊ ሰላም ፕሪቶርያ ናብ ስሩዕ ሕገ መንግስታዊ ትግበራ ክንኣቱ ዘግበር በሪ እምበር፤ ኣብ ትሕቲ ኣብዪ ኣሕመድ ወይ ፌደራል መንግስቲ ክንወድቕ ኣይኮነን። ኮይኑ ግን እዞም ሰባት ውዕሊ ፕሪቶርያ ፈሪሱ ኣብ ትሕቲ ኣብዪ ክንወድቕ እዮም ዝሰርሑ ነይሮም፤ ሕዚ እውን ዝሰርሑ ዘለዉ።

ብመሰረቱ ጌታቸው ኣብ ናይ የቕንየልና ውዕሊ ፕሪቶርያ ብኣብዪ ተሸሊሙ ምስመፀ ኣብ ተመዛበልቲ፣ ግዝኣታዊ ሓድነት ትግራይን ሰላምን ፀጥታን ዘይሰርሐ ሸለልትነት ዘይኮነስ ኮነ ኢሉ እዩ። ኩሎም እቶም ከዳዓትን ጠላማትን ኣብ ፌደራል ስልጣን ተዋሂብዎም ዘሎ ንህዝቦም ጠሊሞም ንዝፈፀምዎ ነውራም ተግባር ዝተበርከተ ዓስቦም (ሽልማት) እዩ። እዚ ተግባር እዚ ብመሰረቱ ፀላእትና ቀንዲ ስግኣቶም ህዝቢ ትግራይ ገይሮም ክሰርሕሉ ንዝመፁ ትልሚ ሓደ መረጋገፂ እዩ። ፀላእትና ህዝቢ ትግራይ መሪሕ ውድብ እንተረኺቡ ዘይቁርጠም እምኒ ዓረ ከምዝኾነ ብዝግባእ ይፈልጡ እዮም። ህዝብና ኣብ መዋእል ደጃት ውቤ፣ ሃፀይ ሚኒልክን ሃፀይ ሃ/ስላሰን ዝተዳቐቐ ንከብድዎም ዝሓድሩ ተጋሩ ስለዝነበሩ እዩ። እዚ ሕዚ ኣብ ልዕሊ ትግራይ ዝጉንጎን ዘሎ ውዲት ካብቶም ዝሓለፉ ዝኸፍአ ምልክት እዩ። ፀላእትና ኣብ ሕሉፍ እዋናት ዘይመልእዎ ፅንተት መሊኦም ንምትግባር ጊዜ እናተፀበዩ ክሰርሑ ፀኒሖም እዮም። ፅንተት ትግራይ መሊእኻ ንምትግባር ድማ ጠላማት ተጋሩ እናወደቡ ይኸዱ ኣለዉ።

ኣብዚ ልቢ ክንብሎ ዝግባእ ነገር ኣሎ። ኣብ ጀኖሳይዳዊ ኩናት ገለ ክፋል መሬት ትግራይ ንኤርትራ፣ ገለ ክፋል ንዓፋር፣ ገለ ክፋል ንወሎ፣ ገለ ክፋል ንጎንደር ቆሪሶም ትግራይ ካብ ሕልና ደቂ ሰባት ክትፎሓቕ ተንቀሳቒሶም እዮም። እዚ ፕሮጀክት ሕዚ እውን ስለዘይተዓፀፈ ብዝኣተውዎ ውዕሊ መሬትና ንምርካብ ፍቓደኛታት ኣይኮኑን። ንኣብነት ይትረፍ እቲ ክንደይ ስራሕ ዘድልዎ ዞባ ምዕራብን ብኤርትራ ዝተወረረን ቦታ ክምለስ "ምምሕዳር ክልል ኣምሓራ ኣፍሪስናዮ ኢና እሞ ተመዛበልቲ ክምለሱ ይኽእሉ እዮም" ዝበልዎ መሬት ራያን ፀለምትን እኳ ኮነ ኢሉ ካብ ዘጕላእልኦ ልዕሊ ዓመት ገይሩ ኣሎ። እዚ እውን ውሕስና ህዝቢ ዘረጋግፅ ሓይሊ ፀጥታን ምምሕዳርን ከይኣቱ ስለዝገበሩ እዩ። እቶም ዝኸዱ ተመዛበልቲ ክጭወዩን ዳግም ክመዛበሉን ተገይሩ እዩ። ሕዚ ድማ ነኒባዕልና ንምብላዕ ዝገብርዎ ዝነበሩ ተንኮል ንምጥንኻር ብሄራዊ ክሕደት ዝፈፀሙ ሰባት ኣብ ፌደራል ይሸሙ ኣለዉ።

እዚኣ እንትኣጠናኺሮምዋ ይትረፍ ተመዛባሊ ክምለስን መሬትና ክንርከብን ተጋሩ ካልኣይ ዜጋ ኮይንና ኣብዛ ሃገር ንምንባር እውን ኣይንኽእልን። ኣብቲ እዋን መኸተ ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ይበፅሕ ካብ ዝነበረ በደል ክኸፍእ ዘጋጥመና። ከምዝፍለጥ ኣብ እዋን መኸተ ወቃዒኻን ከታሪኻን ዘይፍለጡሉ ኩነታት ነይሩ። ካብኡ ንዓቐብ ክቕፅል እውን ይኽእል እዩ። ዛጊድ እኳ እዞም ከዳዓት "ሑመራን ምዕራብን ዝብሉ ዘለዉ ንሰሊጥ ኢሎም እዮም" ኢሎም የባጭዉ ኣለዉ። ስለዚ ኣብ ውሽጥን ደገን ዘሎ ኩሉ ትግራዋይ ነዚ ፈሊጡ ብዝለዓለ ወነን ፅንዓትን ዝቃለሰሉ መድረኽ ኢና ዘለና። ንምቕላስ ድማ ሸኻልና ውዕሊ ፕሪቶርያ ንግበር። ምኽንያቱ ንውዕሊ ሰላም ፕሪቶርያ ዘይድግፍ ሓይሊ ብዝኾነ ይኹን መለከዒ ፈታዊ ዘላቒ ሰላምን ዳግመ ህንፀትን ትግራይ ክኾን ኣይኽእልን። የግዳስ ብልፍንቲ ወይ ፅምዶ ተጠቒሙ ካሊእ ሕቡእ ፕሮጀክት ጥልመት ኣብ ልዕልና ዝፍፅሞ ክህልዎ ከምዝኽእል ክንሓስብ ይግባእ።

ካብዚ ብምብጋስ ኣብ ውሽጢ ዓዲ ዘሎ ይኹን ኣብ ወፃኢ ዝርከብ ትግራዋይ ሸኻል ውዕሊ ፕሪቶርያ ሒዙ ተወዲቡ ክቃለስ ኣለዎ። ምኽንያቱ ረብሓ ውፁዓት ዘረጋግፅ ንፅግዕተኛታትን ፀረ ህዝብን ብምቅላስ እዩ። ውድብና እውን ሕድሕድ ስራሕ ዝዓምሙ ዝተፈላለዩ ውዳበታት ካብ ውሽጢ ዓዲ ክሳብ ወፃኢ ፈጢሩ ክንቀሳቐስ ኣለዎ። እቲ በቶም ጉጅለ ጥልመት ዝተበተነ ውዳበ ዲያስፖራ ዳግም ዝእከበሉን ማእገር ትግራይ ዝኾነሉን ኩነታት ክፍጠር ኣለዎ። ውልቀ ጥቕሚ ከሳድዱ ቤተሰቦም፣ ዓዶም፣ ህዝቦም፣ ብሄሮም ዝጐድኡ ሰባት "ብልዕን ሓላፊ ስምን ተራፊ" ከምዝኾነ እናረዳእና ናብ ውነኦም ንመልሶም። ከምቶም ሓደ ወላዲ "ጊዮርጊስየ ውነ ዘለዎ ዶ ሎሚ ይህርስየ ውነ ዘለዎ" ዝበልዎ ዝስትርሕየሉ ጊዜ ኣይኮነን እሞ ኩሉ ትግራዋይ ብዝተናበበ መንገዲ ክረባረብ ይግባእ እብል።

ዋዕሮታት

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ ትግራይን ዝዳሎ መደብ

ምሉእ ሕውየት ብዝተዋደደ ምትሕግጋዝ!

ኣብ ከተማ መቐለ ክፍለ ከተማ ዓዲሓቂ ኣብ ስራሕቲ ምስንካት ባንን ኬክን ካብዝተዋፈራ ጀጋኑ ተመለስቲ ተጋደልቲ

ብሰንኪ ኣብ ትግራይ ዝተፈፀመ ፅንተታዊ ኵናት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ከቢድ ቁጠባው ኢኮኖምያዊ ማህሰይትን ዕንወትን ከም ዝተፈፀመ ፀሓይ ዝወቖፆ ሓቂ እዩ። ነዚ ንምሕዋይን ዳግማይ ንምህናፅን ድማ ኣብ በቢ ከባቢኡ ዘሎ ፀጋታትን ምንጭታት ኢኮኖምን ብዝግባእ ብምርኣይ ቁጠባዊ ምንቅስቓስ ናብ ንቡር ንምምላስን ኣብ መብዛሕትኡን ከተማታትን ገጠር ወረዳታትን ትግራይ ለይትን ቀትርን እናተሰርሐሉ ይርከብ። ካብተን ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ መሓውር ዘርጊሐን ኣብ ስራሕቲ ቁጠባዊ ሕውየት ተዋፊረን ጭቡጥ ምንቅስቓስ ጀሚረን ዘለዋ ከተማታት ከተማ መቐለ ሓንቲ እያ።

ብመሰረት እዚ ካብ 2016 ዓ.ም ክሳብ መጀመርታ 2017 ዓ.ም ኣብ ሸውዓቲኦን ክፍለ ከተማታት ከተማ መቐለ ቁጠባዊ ዓቕሚ ሕብረተሰብ ንምንቕቓሕን ንምጥንኻርን ዘሎ ሃፍተ ገነትን ዕድላትን ብቤት ፅሕፈት ደኣንትን ማኑፋክቸሪንግን ዞባ መቐለ ብስሩዕ ተፀኒዑ ናብ ጭቡጥ ምንቅስቓስ ተሰጋጊሩ እዩ። በቲ ዝተገበረ መፅናዕቲ ድማ ከም ከተማ ንልዕሊ 22 ሽሕ ወገናት ብዝተፈላለየ መልክዕ ብስራሕ ተረባሕቲ ዝገብር ሃፍተገነት ከም ዘሎ ዝተፀንዐ ምኻኑ ሓላፊት ቤት ፅሕፈት ደኣንትን ማኑፋክቸሪንግ ከተማ መቐለ ወ/ሮ ልእልቲ ፍሰሃ ይገልፃ። ብመሰረት እዚ ነቲ ዝተፀንዐ ሃፍተ ገነት ናብ ረብሓ ንምውዓል ብትልሚ ዝተመርሐ ዕድላት ስራሕ ምፍጣር ተኻኢሉ እዩ። ዛጊድ 17,502 ወገናት ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት ኣብ መንግስታዊ፣ ዘይመንግስታውን ካልኦት ዘርፍታት ስራሕን ብቀዋምን ግዝያውን ዕድል ስራሕ ተፈጢሩሎም እዩ።

ከም ከተማ መቐለ ኣብዚ ክልተ ዓመት ብዝተገበረ መፅናዕቲ በዝሒ ስራሕ ዘየብለን ደቂ ኣንስትዮ ከባቢ 17 ሽሕ ከም ዝኾና ዝተረኸቡ መረዳእታታት የመላኽቱ። ብምኳኑ ኣብዘን ደቂ ኣንስትዮ ዘጋጠመ ቁጠባዊ ፀገም ንምፍታሕን ንምድጋፍን ዘኽእሉ፣ ቁጠባዊ መሰረት ክኾኑን ከሰጋግሩን ዝኽእሉ ዕድላት ብምንፃር ናብ ተግባር ምእታዉ ተኻኢሉ እዩ። በዚ እውን ኣስታት ሽድሽተ ሽሕን 30ን ዝኾና በቲ ዝነበረ ፅንተታዊ ኵናትን ካልእን ምኽንያት ኣብ ኣዝዩ ከቢድ ኢኮምያዊ ፀገም ዝርከባ ደቂ ኣንስትዮ ብውልቀን ውዳበን ናብ ስራሕ ዝተኣሳሰራሉ ዕድል ተፈጢሩለን እዩ። ብፍላይ ድማ ተመለስቲ ተጋደልቲ፣ ስድራ ስውኣት፣ ጉድኣት ኣካል ከምኡ እውን ብፀላእቲ ህዝቢ ትግራይ ከቢድ ፆታውን ኣካላውን ጥቕዓት ዝተፈፀመለን ደቂ ኣንስትዮ ፍሉይ ቆላሕታ ተዋሂቡወን ናብ ስራሕ ክተኣሳሰራ ተገይሩ እዩ።

እተን ዕድል ስራሕ ዝተፈጠረለን ደቂ ኣንስትዮ ብዋናነት ኣብ ስራሕቲ ምርባሕ እንስሳ፣ ምንፃፍ ፅርበት እምኒ፣ ስራሕቲ ፀፀር መንገዲ፣ ቤት መዘጋጃ፣ ምኽባር ደምቢ፣ ግሪነር(ሓምለዋይ ልምዓት)፣ ምስንካትን ምቅራብን ደረቕ እንጀራ፣ ባኒ፣ ኬክን ካልኦት ሓደሽትን ነባራትን ኢንተርፕራይዝን ዝተዋፈራ እየን። እቲ ቤት ፅሐፈት ነተን ሓደሽቲ ደኣንትን መፍረይትን ክንዲ ዝከኣል ንምድጋፍን ንምጥንኻርን ምስ ዝተፈላለዩ መዳርግቲ ኣካላት እናተረዳድአ ገንዘባዊ ሓገዝ፣ መስርሕን መሸጥን ቦታ እናዳለወ ሰሪሑ እናሃበን ፀኒሐ እዩ። ንኣብነት “ሳንራይዝ” ዝተብሃለ ትካል ገባሪ ሰናይ ኣብ ክፍለ ከተማ ቀዳማይ ወያነ ኣብ ምስንካትን ምቕራብን ደረቕ እንጀራ ዝተዋፈራ 70 ደቂ ኣንስትዮ ምሉእ ናይ መሰንከቲ መሳርሒታትን ቆፃሪ መብራህትን ሓገዝ ገይሩለን ስራሕ ጀሚረን ይርከባ። ብተመሳሳሊ “ዩኤንዲፒ” ዝተብሃለ ትካል ገባሪ ሰናይ ድማ ኣብ 2016 ዓ.ም ብልዕሊ 12 ሚልየን ብር ወፃኢ ዝተሰርሑ ኣርባዕተ መስርሒ (ሼዳት) ኣብ ከተማ መቐለ ሰሪሑ ንግልጋሎት ከም ዘብቀዐ ወ/ሮ ልእልቲ የረድኣ። ካብቶም ዝተሰርሑ ሸዳት ሓደ ኣብ ክፍለ ከተማ ዓዲ ሓቂ ን 115 ተመለስቲ ደቂ ኣንስትዮ ተጋደልቲ ንስራሕቲ ምስንካት ባኒ ዝተወሃበን እዩ። እዚ ሸድ ኣብ ወርሒ ሚያዝያ 2017 ዓ.ም ነተን መፍረይቲ ደቂ ኣንስትዮ ንሓሙሽተ ዓመት ክሰርሓሉ ብውዕል ዝተወሃበን እንትኸውን ብሓገዝ ኣብ ሃገረ ኣሜሪካ ከተማ ኦሪገን ዝነብሩ ዲያስፖራ ተጋሩ ብልዕሊ ሽዱሽተ ሚልየን ብር ዝተገዝኡ ዝተፈላለዩ ናይ ባኒ፣ ኬክን ኩኩስን መሰንከቲ ማሽናት ተወሳኺ ሓገዝ ዝተገበረለን እየን።

ተመለስቲ ተጋደልቲ ተኽሊት ተስፋይን ሰናይት በሪሁን ካብተን ኣብቲ ሸድ ኮይነን ባኒ ሰንኪተን ናብ ዕዳጋ ከቕርባ ተወዲበን ዕድል ስራሕ ካብ ዝተፈጠረለን ደቂ ኣንስትዮ እየን። እዘን ተጋደልቲ ቅድሚ ስራሕ ምጅማረን ብምትሕብባር ቢሮ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ ንሓደ ወርሒ ዝኣክል ብዝግባእ ስነልቦናዊ ሕውየትን ሞያዊ ስልጠናን ተዋሂቡወን እዩ። ሐዚ እውን ነቲ ኣደላልዋን ኣሰናኽታን ብቀረባ ዝከታተለን በዓል ሞያ ተመዲቡለን ከም ዘሎ የረድኣ። እዚ ድማ ንቀፃሊ ብዝግባእ ንክሰርሕኦን ዓርሰን ክኸእላን ይሕግዘን። ብተወሳኺ ድማ ብበዝሕን ብፅሬትን ናብ ዕዳጋን ትካላትን ንኸቕርባን ተወዳደርቲ ክኾናን ዘኽእል ዓቕሚ ይፈጥረለን ምህላዉ እውን ይገልፃ። እንተኾነ ግን ኣብቲ ከባቢ ብተደጋጋሚ መብራህቲ ስለ ዝጠፍእ ንስራሕ ዕውትነት ፅልዋ ይፈጥር ምህላዉ ይገልፃ። ስለዝኾነ ነዚ ዝምልከቶ ኣካል ድማ ንቀፃሊ መፍትሒ ክግበረሉ ከም ዝግባእ እየን ዝሕብራ።

ብካሊእ መዳይ ኣብ ከይዲ ስራሕ ምትእስሳር ኢኮኖምያዊ ምንቅስቓስን ቤት ፅሕፈት ደኣንትን ማኒፋክቸሪንግን ከተማ መቐለ ክንዲ ዝድለ ዕውት ኮይኑ ንከይቅፅልን ከይሰፍሕን ዓበይትን ብቀሊሉ ዘይፍትሑን ማሕንቆታት ኣለውዎ። ልዕሊ ኩሉ ምስቲ ኣብታ ከተማ ዘሎ በዝሒ ተመዛባልን በቢ ዓመቱ ካብ ገጠር ናብ ከተማ ዝኣቱ ህዝብን ኣብዚ ሐዚ እዋን በዝሒ ስራሕ ስእነት ኣዝዩ ዝለዓለ ኮይኑ ይርከብ። ብተወሳኺ ድማ ቅድሚ እቲ ዝነበረ ፅንተታዊ ኵናት በቢ ዓመቱ ብመልክዕ ድጎማ ካብ ባንኪ ዓለምን ካልኦት ዓበይቲ ትካላትን ይወሃብ ዝነበረ ሓገዝ ብምቁራፁ ሕፀረት መንቀሳቀሲ ባጀት ኣጋጢሙ ይርከብ። ከምኡ እውን ልቓሕ፣ መስርሒ ቦታን ዕዳጋ ዘይምትእስሳር ከምኡ እውን መብዛሕትኦን ስራሕ ዝተፈጠረለን ደቂ ኣንስትዮ ግዝያዊ ብምኳኑ፣ ናብ ቀዋሚ ንምስግጋር እናዓቆራ ዘይምፅንሐን፣ ሓገዝ መዳርግቲ ኣካላት ውሑድ ብምኻኑን ይፅገማ እየን።

ደሚርካ እንትርኣ ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ ቁጠባዊ ዓቕመን ንምብርትታዕን ንምሕዋይን መንግስቲ ኣብዚ ክልተ ዓመት ዝገበሮም መማረፅታትን ዕድላት ስራሕን ብኣንፃር ዝነበረን ዘሎን ወድዓዊ ኩነታት ትግራይ ዝነኣድን ንቐፃሊ ከም ፅቡቕ ተበግሶ ዝውሰድ እዩ። እንተኾነ ግን እቶም ክሳብ ሐዚ ተጀሚሮም ዘለዉ ዕድላት ስራሕ ኣብ ፍሉያትን ህፁፅ ምላሽ ዘድልየን ደቂ ኣንስትዮን ጥራሕ ዘተኮረ እዩ። እዚ ምስ ዕድል ስራሕ ፈጠራ ዘድልየን ኮነ ምስ ቅልጡፍ ሕውየት ዝጠልባ በዝሒ ደቂ ኣንስትዮ እንትነፃፀር ግን ዘይመጣጠን ብምኳኑ ነዚ ከም ጅማሮ ሓደ ስዳሮ ወሲድና ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ መሊኦን ንክሓውያ ሐዚ እውን ፍሉይ ቆላሕታ፣ ስሉጥ ዓርሰ ምትሕግጋዝን ተግባራዊ ምንቅስቓስን ዝጠልብ ምኳኑ ክስመረሉ ይግባእ።

ምስ ኤርትራ...ካብ ገፅ 1 ዝዞረ

ደብረፅዮን ሓቢሩ።

ከምኣገላልፃ ዶ/ር ደብረፅዮን፤ ሓምሳ ዓመት ዝገበረ ዓብዪን ውህሉልን ፖለቲካዊ ተሞክሮ ዘለዎ ውድብ ህወሓት ብናይ ወርሒ ነሓሰ 2016 ዓ/ም ምዝገባ ክትካእ ከምዘይኽእልን ህወሓት ቦርድ መረፃ ኢትዮጵያ ብዝመዝገቦ ይኹን ብዝሰረዞ ዝረኽቦ ይኹን ዝጎድሎ ነገር ከምዘየለ ኣገንዚቡ።

ዶ/ር ደብረፅዮን ብተወሳኺ፤ ህወሓት ምስ ቦርድ መረፃ ኢትዮጵያ ዝህልዎ ምትእስሳር ቴክኒካል ፀዋታ ከምዝኾነን ብውፅኢት ኣንፃር እንትረአ ድማ ቦርድ መረፃ ምስ ስምምዕነት ፕሪቶርያ ዝኾኑ ዓይነት ምትእስሳር ከምዘይብሉ ሓቢሩ።

ህወሓት ኣብ ቦርድ መረፃ ኢትዮጵያ እንተዘይተመዝጊቡ ምስ ስምምዕ ፕሪቶርያ ክህሉ ዝኽእል ቐፃሊ ርክብ ኣመልኪቱ ድማ ብኣፍልጦ ቦርድ መረፃ ኢትዮጵያ ዝተፈረመ ስምምዕ ፕሪቶርያ ይኹን ዝተጣየሻ ግዝያዊ ምምሕዳር ከምዘየለን ሐዚ እውን ውድብ ህወሓትን ፌደራል መንግስትን ዝተውሃሃብዎ ሕድሕዳዊ ፖለቲካዊ ኣፍልጦ በታ ስምምዕ ፕሪቶርያ ጥራሕ ከምዝኾነት ኣረዲኡ።

ህወሓት ልዕሊ ኹሉን ቅድሚ ኹሉን ሉኣላዊ ግዝኣት መሬት ትግራይ ክኽበር ዝተመዛበለ ህዝብና ናብ መረበቱ ክምለስ ሃለዋትን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ክረጋገፅ፣ እታ ዝተጀመረት መስርሕ ሰላም ተጠናኺራ ክትቕፅል፣ ሕጋዊ ሰብነት ህወሓት ክምለስን ሰላም ተጠናኺራ ክትቕፅልን ከምዝሰርሕ ኣፍሊጡ።

“ብኣንፃሩ ኣይተመዝገብኩምን ብዝብል ሰበብ መሊሱ ሰላም ዝዘርግ ንስምምዕ ፕሪቶርያ ዝጎድእ ኣካል እንተሃልዩ ነዚ ሓላፍነት ዝወስድ ህወሓት ዘይኮነስ ካልእ ኣካል እዩ፤” ዝበለ ዶ/ር ደብረፅዮን ናይዚ ምኽንያት እንትገልፅ ህወሓት ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዘለዎ ፖለቲካዊ ኣፍለጦ ብስምምዕ ፕሪቶርያ እምበር ኣብ ቦርድ መረፃ ኢትዮጵያ ምስ ምምዝጋብን ዘይምምዝጋብን ዝኾነ ዓይነት ዘራኽቦ ነገር ከምዘየለ ውፅኢቱ ንስምምዕ ፕሪቶርያ ጠንቂ ምኳኑ ግልፂ ገይሩ።

ቦርድ ብሄራዊ መረፃ ኢትዮጵያ 50 ዓመት ዝገበረን ዓብዩ ፖለቲካዊ ተሞክሮ ዘዋህለለን ውድብ ህወሓት ሽዱሽተ ግንበት 2017 ዓ/ም ሕጋውን ምኽንያታውን ብዘይኮነ መንገዲ ከምዝሰረዞ ዝፍለጥ እዩ።

ታሪኽ 20 ግንቦት...ካብ ገፅ 1 ዝዞረ

ፍትሓዊ ተጠቃምነት ህዝቢ ዝተርኣየሉ ኣብ ስራሕቲ ትሕተ ቅርፂ፣ ኣብ ፈጠራ ዕድል ስራሕ፣ ኣብ ትምህርቲ፣ ጥዕና፣ መንገዲ፣ ማይ፣ ቴሌ፣ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ወዘተ ብገፊሑ ንህዝቢ ዝቀረበሉ መነባብሮ ህዝቢ ብርኡይ ዝተመሓየሸሉ ቁጠባዊ ዓቕሚ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዝተመሓየሸሉ እዋን ከም ዝነበረ ኣረዲኦም። ብዘይካ እዚ ዜጋታት ብህይወት ናይ ምንባር ዕድመኦም ብማእኸላይ መዐቀኒ ትሕቲ 40 ዓመት ዝነበረ ናብ 65 ዓመት ክብ ዝበለሉ ኩነታት ተፈጢሩ ምንባሩ ወሲኾም ዘብርሁ ዶ/ር ኣብርሃም፤ በዓል ሃፍቲ ምኳን ወንጀል ገይርካ ዝረኣየሉ ዝነበረት ሃገር ህወሓት ኢህወዴግ በትረ ስልጣን ምስሓዘ በዝሒ ዘለዎም ሰብ ሃፍቲ፣ ኢንቨስተራት ዝፈረየላ ሃገር ኮይና ከምዝነበረት ኣዘኻኺሮም።

ዶ/ር ኣብረሃም “ፀረ ሰላምን ልምዓትን ሓይልታት ፍርያትን 20 ጉንበት ዝኾኑ ንምህሳስ 27 ዓመት ዘመነ ኢህወዴግ፤ እዋን ፀልማት ከምዝነበረ ዝገልፁ ምኽንያትን እቲ ኣብ ባይታ ዝንበረ ሓቂን ኣነፃፂሮም ክገልፁልና ንዘቕረብናሎም ሕቶ እንትምልሱ ፍርያታት 20 ጉንበት ክትሓብኦም ኢልካ እውን ዝሕብኡ ከምዘይኮኑን እዛ ሃገር ብፍላይ ቅድሚ እቲ ተፈጢሩ ዘሎ ኩነታት በፂሓቶ ዝነበረት ደረጃ ምርኣይ ጥራሕ እኹል ከምዝኾነ ግልፂ ገይሮም።

ድሕሪ ዓወት 20 ግንቦት ኣብ 2008 ዓ/ም 24 ምኢታዊ ዝነበረ መጠን ድኽነት ኣብ 2013 ዓ/ም ብዝተፈጠረ ኩነታት ናብ 33 ምኢታዊ ከምዝዛየደን ስዒቡ እውን ሰፊሕ ስእነት ስራሕ፣ ምኽባር ናብራ ዝረኣየላ ሃገር ኮይና ከምዘላ ዶ/ር ኣብርሃም ሓቢሮም። ኣብዚ ሐዚ እዋን ተሃኒፆም ዝበሃሉ ፕሮጀክትታት ልምዓት ንህዝቢ እዚ ዝበሃል ረብሓ ዘይብሎም ህንፀት ቤተ መንግስቲ፣ ሎጃትን መናፈሻታትን ኮይኖም ከምዘለው ኣፍሊጦም።

ኣብ ጉዳይ ሰላም ፀጥታን ኣመልኪቶም ድማ ዜጋታት እዛ ሃገር ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ብዘይዝኾነ ይኹን ስግኣት ተንቀሳቒሶም፣ ሰሪሖም ንዓርሶምን ንህዝቦምን ኣብ ዝረብሕ ስራሕ ዝዋፈሩላ ዝነበረት፣ ካብ ባዕላ ሓሊፉ ንጎረባብቲ ሃገራት ሰላም ትጥር ዝነበረት ዓዲ ሐዚ ይትረፍ ብነፃነት ካብ ጫፍ

ናብ ገፅ 9 ይዘውር

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ምምሕዳር ከተማ መቐለን ዝዳሎ መደብ

መግለፂ ከይዲ ሕውየት ከተማ መቐለ

ንልዕሊ ሓሙሽተ ወርሒ ሓደ ጊዜ ከንቲባ ብምእጋድ ካሊእ ጊዜ ቤት ፅሕፈት ከንቲባ ብምዕሻግ ክሕመስ ዝፀንሐ ምምሕዳር ከተማ መቐለ፤ ኣብዚ ሕዚ እዋን ሩፍታ ረኺቡ ዝዓመሞም መደባት ኣብ ቤት ምኽሪ ኣቕሪቡ ገምጊሙ ኣሎ። እቲ ውክልና ህዝቢ ዘለዎ ቤት ምኽሪ እውን ንዓርሱ ብሓይሊ መልጢ ተኣጊዱ ኣብ ሆቴላት ካብ ዘካይዶ ዝነበረ ኣኼባ ወፂኡ ሎሚ ኣብ ኣዳራሽ ኣግኣዚ ህንፃ ከካይድ ክኢሉ እዩ። እቲ ብሄራዊ ክሕደት ዝፈፀመ ጉጅለ ትካላትን ሓድነትን ትግራይ ብምብታን ግዝኣታዊ መሬትና ከይረጋገፅ፣ ተመዛበልትና ከይምለሱ ጥራሕ ዘይኮነስ እታ ሓራ ዝወፀት ትግራይ እውን ብምሕማስ ስራሕቲ ዳግመ ህንፀት ከይካየድ ክዕንቅፍ ፀኒሑ እዩ። እንተኾነ ግን ብመድረኽ ቓልሲ እምቢታ ህዝባዊ ቅቡልነት ስኢነ ካብ ምሕደራ ወፂኡ ዝተበትዐ ህዝባዊ ምምሕዳር ብምዕራይ ኣድማዕቲ ስራሕቲ ምስራሕ ከምዝጀመረ ኣብ ራብዓይ ዘመን መበል 36 ስሩዕ ጉባኤ ቤት ምኽሪ ከተማ መቐለ ተገሊፁ እዩ።
ፀብፃብ ትሽዓተ ወርሒ ምምሕዳር ከተማ መቐለ ዘቕረቡ ምክትል ከንቲባ ከተማ መቐለ ዶ/ር ረዳኢ በርሀ ከምዝገለፅዎ፤ ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ ብምሉእነት ተግባራዊ ብዘይምኳኑ ተመዛበልትና ንፀሓይን ቁርን ከምኡ እውን ዝናብን ጭቃን ተቓሊዖም ብጥምየትን ሕማምን ዝሳቐይሉን ንሕልፈት ህይወት ዝቃልዕሉን ኩነታት እዩ ዘሎ። ናይ ምድርዳር ዓቕምና ብምጥንኻር ፅዕንቶ ከይንገብርን ዝዓነወት ትግራይ ከይንሃንፅን፤ እቲ ጠላም ጉጅለ ካብ ውሽጢ ክሳብ ደገ ዘሎ ዓቕሚ ትግራይ ሃደሽደሽ እናበለ መፂኡ እዩ። ናይዚ መርኣዩ ክቡር ቤት ምኽሪ ከተማ መቐለ ብልዕሊ 12 ቢልዮን ብር በጀት ዳግም ህንፀት እታ ከተማ ንምጥንኻር ዝሓዞም መደባት ክሰናኸሉ ከምዝፀንሑ ሓቢሮም እዮም።

እዚ ከምዚ እናሃለወ፤ ምምሕዳር ከተማ መቐለ ኣብ ከቢድ ኩነታት ኮይኑ እውን ብውሳነ እቲ ቤት ምኽሪ ዝሰርሖም ስራሕቲ ንዝተወሰኑ ከምዝስዕብ ከነቕርብ። ኣብዚ ዓመት ን21 ሽሕ ወገናት ብግዝያውን ቀዋምን ዕድል ስራሕ ንምፍጣር ትልሚ እንተነበረኳ በቲ ጉጅለ ጥልመት መደባት ተረቢሾም ካብቲ ትልሚ 43 ሚኢታዊ ዝሸፍን ንልዕሊ 9000 ወገናት ዕድል ስራሕ ተፈጢሩሎም እዩ። ብተመሳሳሊ 375 ነጥቢ 2 ሚልዮን ብር ልቓሕ ብምሃብ ኣብ መፍረይቲ ዝንቀሳቐሱ ወገናት ንምጥንኻር ዝተትሓዘ ትልሚ እውን እንተኾነ፤ 43 ሚኢታዊ ኣፈፃፀማ ዘለዎ 163 ነጥቢ ሚልዮን ብር ከምዝተውሃበ እቲ ፀብፃብ የረድእ።
ምምሕዳር ከተማ መቐለ ካብቶም ዝዓምም ዓበይቲ መደባት ሓደ ሕርሻ ከተማ እዩ። ኣብ ሕርሻ ከተማ ክለምዕ ዝኽእል 5,926 ሄክታር መሬት ኮይኑ፤ እዚ ንምልማዕ 5,847 ቶን ዱኹዒ ኣብ ረብሓ ብምውዓል ብምሉእነት ከምዝለምዐን 124 ሽሕን 313 ኩንታል ምህርቲ ከምዝተኣከበን ዶ/ር ረዳኢ ይገልፁ። ካብዚ እቲ 721 ብመስኖ ዝለምዐ ከምዝኾነ ነቲ ቤት ምኽሪ ተሓቢርሉ እዩ። ፀጋታት ሃፍቲ እንስሳ እታ ከተማ ንምጥንኻር ን124 ሽሕ ዝተመሓየሸ ዓሌት ደርሁ ንምትእትታው ተሓሲቡ እተን 91 ሽሕን 150 ክኣትዋ ክኢለን እየን። ካብዚ ብተወሳኺ 225 ዝተመሓየሸ ዓሌት ኣላሕም ንምትእትታው ተሓሲቡ እተን 183 ከምዝተኣታተዋ ነቲ ቤት ምኽሪ ፀብፃብ ቀሪቡ እዩ።

መደባት ልምዓት እቶት ዝምልከት ድማ ን32 ሽሕን 460 ደረጃ ሐ፣ 1,785 ደረጃ ለ፣ ን3,270 ደረጃ ሀን 13 ሽሕን 731 መካረይቲ ገዛን ዝርከብዎም ክፈልቲ ግብሪ ብምድጋፍን ብምፍታሽን 96 ሚኢታዊ ኣፈፃፀማ ዘለዎ ሰለስተ ነጥቢ ክልተ ቢልዮን ብር ከምዝተኣከበ ተገሊፁ እዩ። ካብ ዝተፈላለዩ ኣታዊታት 10 ነጥቢ 2 ሚልዮን ብር ክእከብ ዝተትሓዘ መደብ እውን እቲ 85 ሚኢታዊ ከም ዝተፈፀመ ኣብቲ ገምጋም ቤትምኽሪ ቀሪቡ ተዘትዩሉ እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ን90 ሽሕ ሃንደበታዊ ገዛ ንገዛ ቁፅፅር ንግዲ ብምክያድ፤ 11 ሽሕን 505 ነጋዶ ንግዲ ፍቓዶም እንተየሐደሱ ክሰርሑ፣ 7987 ነጋዶ ንግዲ ፍቓድ ዘይብሎም እናሰርሑ ከምዝተረኸቡ ኣብቲ ገምጋም ተራእዩ እዩ። ብመሰረት እዚ ን19 ሽሕን 85 ነጋዶ መጠንቀቕታ ን39 ሽሕ ን638 ነጋዶ ምኽርን ሓበሬታን ን2611 ነጋዶ ድማ ክዕሸጉ ከምዝተገበረ ዶ/ር ረዳኢ ኣብሪሆም እዮም።
እዚ ከምዚ እናሃለወ መንግስቲ ፌደራል ዝኣተዎ ስምምዕነት ውዕሊ ሰላም ፕሪቶርያ ኣብ ክንዲ ዝፍፅም ስልትታት እናቐያየረ ከዳኽመና ፀኒሑ እዩ። ተመዛበልቲ ክምለሱ ዘይምግባር ጥራሕ ዘይኮነስ እቲ ዘይተመዛበለ ህዝቢ እውን ብቁጠባ ንክዳኽም ነዳዲ ከይኣቱ እናኸልከለ እዩ ዝርከብ። ኣብዚ እቲ ዝለዓለ በደል ዝኾነ፤ እተን ዝመፃ ውሱናት ነዳዲ ዝቀራመቱ ዘይሕጋውያን ኣካላት ምህላዎም እዩ። ስለዝኾነ ነዚኦም ንምቁፅፃር ብዝተገበረ ፃዕሪ 19 ሽሕን 641 ሊትሮ ናፍጣ፣ 20 ሽሕን 562 ሊትሮ ፃዕዳ ላምባ (ቤንዚን) ብድምር 220 በርሚል ኣብ ቁፅፅር ከምዝወዓለ ኣረዲኦም እዮም።
ምምሕዳር ከተማ መቐለ ኣብ በጀት ዓመት 2017 ዓ/ም 12 ነጥቢ 66 ቢልዮን ብር ንመደበኛን ካፒታል በጀትን ኣፅዲቑ ከተማ መቐለ ንዕድሚኣ ዝምጥን ፅባቐን ግልጋሎትን ዘለዋ ከተማ ንክትኾን ዓሊሙ መደብ ከምዝሓዘ ዝፍለጥ እዩ። ኮይኑ ግና በቲ ዝነበረ ሕምስምስ ካብ ሊዝ ጨረታ ክእከብ ዝግባእ ገንዘብ ብእዋኑ ብዘይምእካቡ እቲ ዝድለ ልምዓት ክረጋገፅ ኣይከኣለን። እዚ እውን በቲ ጠላም ጉጅለ መደባት ተሓሚሱ ኣብ ውሽጢ ትሽዓተ ወርሒ 40 ሚኢታዊ ከምዝተፈፀመን ብምኽንያት እዚ ዝተትሓዙ ፕሮጀክትታት ክዓተቱ ከምዝኸኣሉን ናብቲ ቤት ምኽሪ ቀሪቡ እዩ። ንኣብነት፣ ፀገም ማይ ከተማ መቐለ ንምቕራፍ ሸውዓተ ተወሰኽቲ ጐዳጉዲ ንምኹዓት ዝተትሓዘ ትልሚ ሰኣን በጀት ሓንቲ ጉድጓድ ጥራሕ ክትኮዓት ክኢላ እያ። እዚ እውን ኣብዚ ዓመት ኣርባዕተ ጊዜ ጨረታ ሊዝ ክካየደ ተሓሲቡ፤ በቲ ዝነበረ ሕምስምስ ሓደ ጊዜ ጥራሕ ተኻይዱ። ይኹን እምበር እቲ ዝባኽነ ጊዜ ንምክሕሓስ ኣብተን ዝተረፋ እዋናት ክልተ ጊዜ ጨረታ ሊዝ ብምክያድ መደባት ዳግመ ህንፀት እታ ከተማ ንምጥንኻር ትልሚ ተታሒዙ ይስረሐሉ ከምዘሎ ኣብቲ ገምጋም ቀሪቡ እዩ።

ኣብ ከተማ መቐለ ብሓፈሻ ኣብ ትግራይ ገበንን ስግኣት ገበንን ከምዝዛየደ በቢእዋኑ ክግለፅ ፀኒሑ እዩ። ህዝቢ "ወፂእና ብሰላም ክንኣቱ ኣይከኣልናን፤ ተረጋጊእና ነናብ ቤት እምነትና ክንከይድ ኣይከኣልናን" እናበለ ብተደጋጋሚ ጥርዓን ከቕርብ ፀኒሑ እዩ። ከተማ መቐለ ኣብ ፀገም ፀጥታ ከምዘላ ዘርኢ ኣብታ ከተማ ካብ ዘለዋ 865 ብሎካት እተን 113 ብሎካት ጥራሕ ካብ ገበን ሓራ ዝኾና። ብመንፅር ጉጅለ ልምዓት እንትንርኢ ድማ ካብ 3473 ጉጅለ ልምዓት እተን 339 ጉጅለ ልምዓት ገበን ከምዘይተርኣየለን ዝተገለፀ እዚ ዓብዪ ክፍተት ፀጥታ ዝተርኣየ ድማ እቲ ህዝቢ በዓል ዋና ፀጥታ ከኾን ዘይምግባሩን ኣካላት ፀጥታ (ፖሊስ፣ ዓቃቢ ሕግን ቤት ፍርድን) ተናቢብካ ኣብ ምስራሕ ክፍተት ብምንባሩ ዝተፈጠረ ከምዝኾነ ተገሊፁ እዩ። ስውር ገበን ዝምልከት ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ካብ ዝነበረ 370 ኣብዚ ዓመት ናብ 500 ክዓቢ ከምዝኸኣለ ብኣብነት ተደጊፉ ተገሊፁ እዩ።

ስርዓት ዝጎደሎ መጓዓዝያ ንምዕራይ እውን ኣብ ልዕል 93 ሽሕን 506 ጥሕሰት ዝፈፀሙ ተሽከርከርቲ ስጉምቲ ተወሲዱ ኣሎ። እዚ ምስዝሓለፈ ዓመት እንትነፃፀር 32 ሽሕን 26 ቁፅሪ ወሰኽ ዘለዎ ከምዝኾነ ኣብቲ መድረኽ ተሓቢሩ እዩ። ብምኳኑ ደምቢ ካብ ዝተሓላለፉ ኣሸከርከርቲ 25 ነጥቢ 7 ሚልዮን ብር ኣታዊ ኮይኑ ኣሎ። እዚ ከምዚ እናሃለወ ኣብታ ከተማ ዝበፅሐ ሓደጋ ትራፊክ እንትንርኢ 222 ኮይኑ፤ ን45 ሰባት ሕልፈት ህይወት፣ 88 ሰባት ከቢድ ጉድኣት፣ ሰለስተ ሰባት ቀሊል ጉድኣት ከምዝበፅሖም ተገሊፁ እዩ። ኣብዚ ዝዓነወ ንብረት እንትረአ 13 ነጥቢ ትሽዓተ ሚልዮን ብር ዝግመት ከምዝኾነ ዶ/ር ረዳኢ ሓቢሮም እዮም።

መበል 36 ስሩዕ ጉባኤ ቤት ምኽሪ ከተማ መቐለ ብዝኽሪ ሰማእታት እንትኽፈት

ዝተዋደደ ስራሕቲ መሰረተ ልምዓት ዝምልከት ኣብ ቀዳማይ ዙር ፕሮጀክት ኣስፋልት ምስ መንገዲ እግረኛ ሓዊሱ 21 ነጥቢ 8 ኪሎ ሜትር ህንፀቱ ተወጊኑ ኣብ ምጥቕላል ይርከብ። ኣብ ካልኣይ ዙር ኣስፋልት ክስራሕ ተሓሲቡ ካብ ዝነበረ 18 ኪሎ ሜትር እቲ 12 ኪሎ ሜትር ከምዝተሰርሐ ቀሪቡ እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ ክፍለ ከተማ ኲሓ ኣርባዕተ ነጥቢ ክልተ ኪሎ ሜትር ኣስፋልት መንገዲ ዝስራሕ ዘሎ ኮይኑ፤ ብልዕሊ ክልተ ቢልዮን ብር ሓሙሽተ ነጥቢ ሓሙሽተ ኪሎ ሜትር ዝኣረገ ኣስፋልት ንምሕዳስ ምስሱር ኮንስትራክሽን ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ውልቀ ማሕበር ውዕሊ ተኣሲሩ ስራሕ ተጀሚሩ ኣሎ። እዚ ከምዚ እናሃለወ 167 ኪሎሜትር መንገዲ ፀፀር ንምስራሕ ዝተሓሰበ ኮይኑ፤ በቲ ዘጋጠመ ሕምስምስ ፖለቲካ እቲ 97 ኪሎ ሜትር ክስራሕ ከምዝኸኣለ ዶ/ር ረዳኢ ይገልፁ። ካብዚ ብተወሳኺ ብ142 ሚልዮን ብር ኣብ 23 ከባብታት እታ ከተማ 10 ኪሎ ሜትር ምንፃፍ እምኒ ንምስራሕ ትልሚ ተታሒዙ ኣብ ከይዲ ዝርከብ ኮይኑ፤ 40 ኪሎ ሜትር ዝተበላሸወ ምንፃፍ እምኒ ተፀጊኑ ግልጋሎት እናሃበ ይርከብ።

እቲ ካሊእ ኣብቲ ገምጋም ዝቐረበ መብራህቲ ዝምልከት እዩ። እዚ እውን 15 ኪሎ ሜትር ጎደና መብራህቲ፣ 19 መንደራት ነጋዲትን ዳግያትን ተዘርጊሑ እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ብ395 ሚልዮን ብር ኣብ 14 ከባቢታት ጎደና መብራህቲ ንምዝርጋሕ ውዕሊ ተኣሲሩ ኣብ ከይዲ ኣሎ። መደባት ኣጠቓቕማ መሬትን ምሕደራን ዝምልከት ዝቐረበ እንትንርኢ ድማ፤ 196 ሄክታር መሬት ንሊዝ ዝተዳለወ ኮይኑ ካብዚ ኣብ 323 ቦታታት ዝርከብ ልዕሊ 92 ሽሕ ካሬ ሜትር 744 ነጥቢ 7 ሚልዮን እቶት ንምርካብ ተሓሲቡ ይስራሕ ኣሎ። ሕቶ መንበሪ ኣባይቲ ዜጋታት ንምምላስ ድማ ን1026 ኣባላት ጉድኣት ኲናት ትግራይ 14 ነጥቢ 3 ሄክታር ዝተዓደለ ኮይኑ ን4334 ስድራ ስውኣት ድማ 426 ነጥቢ ሄክታር መሬት ንምዕዳል ኣብ ከይዲ ከምዘሎ እቶም ምክትል ከንቲባ ገሊፆም እዮም። ከምኡ እውን ን356 መምህራን ኣርባዕተ ነጥቢ ትሽዓተ ሄክታር መሬት ከምዝተዓደለ ኣብቲ ጉባኤ ቀሪቡ ተዘትዩሉ እዩ። እዚ ከምዚ እናሃለወ በቲ ብሄራዊ ክሕደት ዝፈፀመ ጉጅለ ኣተሓባባርነት 70 ሄክታር መሬት ከምዝተወረረን ካብዚ እቲ 11 ሄክታር መሬት ኣብ ክፍለ ከተማ ሓድነት ን79 ሰልፈኛታት ኣብ ጎደና ዝተዓደለ ከምዝተረኸበ ተረጋጊፁ እዩ።

ካብቲ 24 ገፅ ዘለዎ ዝቐረበ ፀብፃብ ብውስኑ እንትረአ ነዚ ይመስል። ነቲ ዝቐረበ ፀብፃብን ቀወምቲ ኮሚቴ መሰረተ ልምዓት፣ ኢኮኖሚ፣ በጀትን ኦዲትን፣ ሕግን ምምሕዳርን በብዝከታተልዎም ኣብያተ ዕዮ መሰረት ገይሮም ብምድህሳስ ክስተኻኸሉ ዝግበኦም ነገራት ብዝርዝር ኣቕሪቦም እዮም። እቲ ቤት ምኽሪ እውን ዝምልከቶም ኣብያተ ዕዮ ነቶም ክፍተታት ክእርሙን ንዝነበሩ ባዕላዊ ክፍተታት ተሓታትነት ክረጋገፀሎም ውሳነ ኣሕሊፎም እዮም። ካብቶም ዘልዓልዎም ዓበይቲ ነጥብታት ዝስዕቡ ይርከብዎም። ሕገ መንግስቲ ሓንቲ ከተማ ተባሂሉ ዝፅዋዕ ማስተር ፕላን ጥሒሶም ንሓምለዋይ ልምዓት ዝተገድፉ ክፍቲ ቦታታት ንውልቀ ሰባት ዝዓደሉ ኣካላት ክሕተቱ ኣለዎም ዝብል እዩ። እዚ ጉዳይ ዓብዪ ገበን ብምኳኑ ክሳብ 20 ዓመት ከምዘቕፅዕ እናፈለጡ ዝዓደሉ ሰባት ይተሓተቱ ዝብል እዩ። ካሊእ ካብ ገፀር ናብ ከተማ ኣትዮም ግን ልዕሊ 15 ዓመት ኣይገፀር ኣይከተማ ዝኾኑ ከባቢታት ከባብያዊ ፕላን ተሰሪሕሎም ማይ፣ መብራህቲ፣ ፅርግያ ወዘተ ዝረኽብሉ ኩነታት ብቕልጡፍ ይመዓራረ ዝብል እዩ። ብፍላይ እቶም መሰረተ ልምዓታት ክረምቲ እንተይኣተወ ብቕልጡፍ ዝሰርሕሉ ኩነታት ክፍጠር ከምዘለዎ ኣተሓሳሲቦም እዮም።

ኣብ መወዳእታ እቶም ኣባላት ቤት ምኽሪ ካሊእ ትኹረት ገይሮም ዘልዓልዎ ምምሕዳር መሬት ዝምልከት እዩ። መሬት ኣመሓዳሪኡ ዘይፍለጥ ካብ ስርዓት ወፃኢ ዘይምልከቶ ኣካል (ቤት መዘጋጃ፣ ደኣንት፣ ሓይሊ ዕማምን ኮሚሽን ሓርበኛን) ዝዕድለሉ ስርዓት ኣልቦነት ከምዝነበረን ቅልጡፍ ምምዕርራይ ክግበረሉ ከምዘለዎን ተሓቢሩ እዩ። ብድምሩ ቀወምቲ ኮሚቴ ኣብ ኣብያተ ዕዮ ዝተርኣዩ ክፍተታት ብዝርዝር ቀሪቦም ምርድዳእ ስለዝተገበረ በቲ ዝተዛተይሉ ቅልጡፍ ምትዕርራይ ክገብር ዝሓበርዎ ክትግበር ይግባእ ንብል። ብፍላይ እቶም በብጊዜኡ ዝለዓሉ ክፍተታት ኣብ ዝቕፅል ጉባኤ ምሉእ ብምሉእ ተፈቲሖም ንክመፁ ዘተሓሳሰብዎ ኩሉ መሪሕነትን በዓል ሞያን ብውነ ተረዲኡ ተመዓራርዩ ክመፅእ ይግባእ። ልዕሊ ኩሉ ድማ ኣብ ኣወሃህባ ግልጋሎት ዘሎ ቅጥዑ ዝጠፍኦ ኣሰራርሓ ብቕልጡፍ ብምእራም ህዝብና ስሩዕ ግልጋሎት ዝረኽበሉ ኩነታት ንክፍጠር ዘተሓሳሰብዎ ወዓል ሕደር ዘይበሃሎ ውራይ ምኳኑ ክነዘኻኽር ንፎቱ።

ክብርታት ህወሓት ብናይ ወለዶታት ቅብብል እናተኾለዐ ክነብር እዩ!!

እንግዶት

“ምስኲሎም ጎረባብትና ሰላም ኢና እንደሊ፤ ምስ ኤርትራ እውን ሰላም ምድላይና ነውሪ የብሉን።”

“ሓሳብናን ተግባርናን ሰላም ምፍጣር እዩ። ንሰላም ዘጠራጥር ዘስግእ ነገር የብሉን”

ኣቦ ወምበር ውድብ ህወሓት ዶ/ር ደብረፅዮን ገ/ሚካኤል

ጉጅለ ብሄራዊ ክሕደት ሕልሙ ንውድብና ህወሓት ኣፍሪሱ፣ ስትራተጂክ ዓቕምታት መኸተና በቲኑ፣ ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ኣዳኺሙ ኣብ ትሕቲ ፀላእቲ ክወድቕን ክንብርከኽን ምግባር እዩ። ነዚ ድማ ምስ ውሽጣውን ግዳማውን ሓይልታት ተላፊኑ ህርፋን ስልጣኑ ንኸብሕት ኩሉ ዓይነት ርብርብ እናገበረ ፀኒሑ። ይኹን እምበር ውድብና ህወሓት ንኹሎም ስትራተጂክ ዓቕምታት መኸተ ብምትሕብባር ውሕሉል ሰላማዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ ወፍሪ እምቢታ ብምክያድ እዚ ጠላም ጉጅለ ካብ ዝሓዞ ስልጣን ክእለ ተገይሩ እዩ። እዚ ጠላም ጉጅለ ህዝቢ እናደናገረሉ ዝፀንሐ ናይ ኣሰላልፋ ባህሪኡ ምስተቓለዐ ናብ ደምብኡ ተፀንቢሩ ኣሎ። ብኣንፃሩ ኣብ ህዝባዊ ዕላምኡ ጠጠው ዝበለ ውድብና ህወሓት ረብሓታትን ባህግታትን ህዝቢ ትግራይ ኣብ ዘረጋግፀሉ፣ ብሄራዊ ኣጀንዳታቱ ናብ ዝዝትየሉ ኩነታት ተሰጋጊሩ ኣሎ።

ብመንፅር እዚ ኣብዚ ቐረባ ብብርኪ ማእኸላይ ኮሚቴ ህወሓትን ላዕለዋይ ኣመራርሓን ዝተኻየደ ኣኼባ ቀንዲ ትሕዝትኡን መንፈስን እቲ ዝተኻየደ ኣኼባን፣ ቐፀልቲ ኣንፈታትን፣ ህወሓት ምስ “ሻዕብያ ይራኸብ እዩ” ዝብል ዝቐርብ ተደጋጋሚ ክስን መስማዕታን መበገሲኡ እንታይ እዩ? ኣብ ዝብሉን ካልኦት ዓበይቲ ዛዕባታትን ኣመልኪትና ምስ ኣቦመንበር ውድብና ህወሓት ዶ/ር ደብረፅዮን ገ/ሚካኤል ዘካየድናዮ ቃለ መሕትት ምሉእ ትሕዝትኡ ከምዝስዕብ ተዋዲዱ ቐሪቡ ኣሎ። ሰናይ ንባብ!

ወይን፦- ቅድሚ ሒደት መዓልትታት ህወሓት ብብርኪ ማእኸላይ ኮሚቴን ላዕለዋይ ኣመራርሓን ዘካየዶ ኣኼባ ምንባሩ ዝፍለጥ እዩ። ቀንዲ ትሕዝቶን መንፈስን ናይቲ ዘካየድክምዎ ኣኼባን ቀፀልቲ ኣንፈታትን እንታይ ነይሩ?

ዶ/ር ደብረፅዮን፦- ኣብዚ ቀረባ እዋን ብብርኪ ማእኸላይ ኮሚቴን ላዕለዋይ ኣመራርሓ ህወሓትን ዝተኻየደ ናይ ሽዱሽተ ወርሒ ስሩዕ ኣኼባ ነይሩ። ኣብዚ ኣጠቓላሊ ገምጋም ማእኸላይ ኮሚቴ ህወሓት ህልው ኩነታት ዓለምና፣ ኣህጉርና፣ ኢትዮጵያን ብፍላይ ንትግራይ ዝህልዎ ፅልዋ ብዕምቆት ገምጊሙ። ከምኡ እውን ኣብ ሃገራት ጅቡቲ፣ ሶማሊያ፣ ሱዳን፣ ኤርትራ ዘለው ዓለማውን ከባቢያውን ፀገማት ትሕዝትኦምን ኣብ ብሄራዊ ረብሓና ዘለዎም ኣሉታዊ ሳዕቤንን ንዓና ብዘለዎም ትርጉም ተዘትዩሎም ኣሎ።

ኣብቲ ናይ ላዕለዋይ ኣመራርሓ መድረኽ እውን ክንድቲ ናይ ማእኸላይ ኮሚቴ መድረኽ ግፍሕ ዝበለ ዋላኳ እንተዘይኮነ ነቶም ቀንዲ፣ ቀንዲ ነገራት ዝተርኣየሉን ንዓርስና እውን ክንዳሎ ዝገበረና መድረኽ እዩ ነይሩ። ቀንዲ ትኹረት እቲ ዝተኻየደ መድረኽ ብሄራዊ ረብሓ፣ ህልውናን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ምርግጋፅ እዩ። ስለዚ ኣብ ጎረቤት ዓዲ ይኹን ክልላት ትኹረት ገይርካ መርኣይ ረብሓታት ህዝቢ ትግራይ ዘረጋግፅ ክኸውን እዩ ዘለዎ። ንውሽጥና እውን በዚ መንገዲ እዚ እናረኣና እዩ ክኸውን ዘለዎ። ትዕበ ትንኣስ ማሕበረሰብ ዓለም ዝገብሮ ዝነበረ ሰብኣዊ ሓገዝ ይንኪ ስለዘሎ ዓርስና ንምኽኣል ፅዒርካስ፣ ጫኺርካስ፣ ተሓጋጊዝካስ ናይ ዓርሰ ሙርከሳ ስራሕትና ክጠናኸር እዩ ዘለዎ። ስለዚ እቲ ዓለምለኻዊ ኣህጉራዊ ይኹን ሃገራዊ ኣጀንዳ ብጣዕሚ ንዓና እውን ብቐጥታ ዝምልከተና ስለዝኾነ እቲ ዝዓበየ ኣጀንዳና ኣብዚ ጉዳይ እዚ እዩ ነይሩ።

ካብዚ ብተወሳኺ ድሕሪ ጉባኤ ዝነበሩ መደባት ኣፈፃፅማ ሽዱሽተ ኣዋርሕ እንታይ ከም ዝመስሉ ተራእዮም እዮም። ብመሰረት እዚ ካብ ውድብ ህወሓት ጠሊሙ ዝወፀን ብሄራዊ ክሕደት ዝፈፀመን ሓይሊ ክንድዚ ዝኣክል ግዜ ከይወሰደ ቀልጢፉ ክመዓራረ ከምዝነበሮ ተገምጊሙ እዩ። ምኽንያቱ እዚ ሓይሊ እዚ ድሕሪ ጉባኤ ኣካል ህወሓት ስለዘይኮነ ንዓርሱ ኣግሊሉ ንዓርሱ ናብ ገዛኢ ደርቢ ተቐይሩ ትግራይ ክመልኽ ይንቀሳቐስ ዝነበረ ሓይሊ ስለዝኾነ እዚ ሓይሊ እዚ ንትግራይ ዕዳ ወይ ሸኽሚ ስለዝኾነ ድማ ካብ ዝሓዞ ሓላፍነት ክለዓል ነይርዎ። ይኹን እምበር ስልጣን መሊኹ ስለዝሓዞ እምብለይ፣ ኣይወርድን እዩ ኢሉ። ነዚ ድማ ሰላማዊ ቃልሲ “ወፍሪ እምቢታ” ወፍሪ እምቢታ ኣብ ደገን ውሽጥን ዘሎ ህዝብና ይኹን ሰራዊት ትግራይ ኣካይዱ እዩ። ዝተኻየደ ወፍሪ እምቢታ ህዝቢ ዝሓዘ ዝዕወት ምዃኑ ደጊምና ዘረጋገፅናሉ እዩ።

ውፅኢት ናይዚ ወፍሪ እምቢታ ማእኸላይ መንግስቲ ንሰለስተ ኣርባዕተ ወርሒ ዝኣክል ኣዘንጊዕዎ ግዜ እንተወሰደ እውን ፕረዚዳንት ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ናይ ምትካእ ስራሕ ተኻይዱ። ከይዱ፣ ከይዱ በታ 50 ክድመሮ ሓደ ብፅሒት ህወሓት መሰረት ናብ ምትዕርራይ ተኣትዩ እዩ። ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ካብቲ ዝነበረ ስሓቦ ጉተቶ ወፂኡ ምስ ህወሓት ሓቢሩ ዝስርሓሉ ምትዕርራይ ተገይሩ።

ብምኽንያት እዚ ዝተመዛበለ ህዝብና ናብ ቦትኡ ክምለስ፣ ብፀላእቲ ዝተትሓዘ መሬትና ሓራ ክወፅእ፣ ከም ውድብ ብቐደም ሰዓብ መደባቱ ክፍፀም ኣንፈት ኣቐሚጡ ኣሎ። ልዕሊ ኹሉ ዝርአ ምኽባር ሉኣላውነት ኮይኑ ኣብ ካልኦት ጉዳይ ፀጥታ፣ ዳግመ ሕውየትን እግሪ ምትካልን ስራሕቲ ንምርግጋፅ ድማ መደባት ወፂኦም ኣለው። ልዕሊ ኹሉን ቅድሚ ኹሉን ኣጀንዳና ምኽባር ልኣላውነት እዩ።

ወይን፦- ቦርድ መረፃ ኢትዮጵያ 50 ዓመት ዝገበረን ዓብዪ ፖለቲካዊ ተሞክሮ ዘዋህለለን ውድብ ህወሓት ንምስራዝ እንተወሲኑ ስጉምቲ ህወሓት እንታይ ክኸውን እዩ? ብድሕሪኡ ኸ ክልቲኦም ተደራደርቲ ምስ ውዕል ፕሪቶርያ ዘለዎም ርክባት ከመይ ክቅፅል ይኽእል?

ዶ/ር ደብረፅዮን፦- እዚ ምስ ቦርድ መረፃ ኢትዮጵያ ዝተኣሳሰረ ጉዳይ ምስራዝ ህወሓትን ውዕል ፕሪቶርያን ፈሊና ክንሪኦ እዩ ዝግባእ። ምኽንያቱ ውድብ ህወሓት ሓሙሽተ ግንቦት 2017 ዓ/ም ዝስረዝ ኣይኮነን። ህወሓት ዝተሰረዘ ኣብ ልዕሊና ንዝተፈፀመ ጀኖሳይዳዊ ኵናት ክንምክት ምስ ኣተና ኣብ ወርሒ ጥሪ 2013 ዓ/ም እዩ ተሰሪዙ። ዛጊድ ሕጋዊ ሰብነት ህወሓት የለን። የግዳስ ድሕሪ ምስራዙ ኣብ ወርሒ መጋቢት 2013 ዓ/ም “ኣሸባሪ” ዝብል ስም እዩ ተለጢፍዎ። ሕዚ ዝለዓል ዘሎ ኣብ ወርሒ ነሓሰ 2016 ዓ/ም ዝመፀ ሓድሽ ምዝገባ ሰርቲፊኬት እዩ። ነዚ ድማ “ኣይንቕበልን” ኢልና ኢና። ኣብዚ ክፍለጥ ዘለዎ በዛ ሓዳሽ ሰርቲፊኬት ህወሓት ዝረኽቦ ኣፍልጦ ይኹን ረብሓ ዘይምህላው እዩ። ከም ውድብ ንሕና ዝሓተትናዮ ኣብ 2013 ዓ/ም ዝተሰረዘ ሕጋዊ ሰብነት ውድብ ህወሓት ክትምለስ እዩ ነይሩ። ንሶም ዝሃቡና ምላሽ “ሓዱሽ ምዝገባ ግበሩ” ዝብል እዩ። “ኣይንቕበልን” ኢልና ብዕሊ ነጊርናዮም ብደብዳቤ እውን ኣፍሊጥናዮም ኢና። ምኽንያቱ ሓምሳ ዓመት ዝገበረ ዓብዩ ፖለቲካዊ ተሞክሮ ዘለዎ ውድብ ህወሓት “ብናይ ነሓሰ 2016 ዓ/ም ዝተመዝገቦ ክትካእ ኣይኽእልን።

ስለዚ ሐዚ ዝግበር ዘሎ ናይ ቦርድ መረፃ ኢትዮጵያ ቴክኒካል ፀወታ እዩ። ባዕሎም ዝመዝገብዎ ባዕሎም ክስርዝዎ ይኽእሉ እዮም። ክስርዝዋ ዝኽእሉ ነታ ኣይንቕበላን ዝበልናያ ሰርቲፊኬት እያ። በዚ በለ በቲ ኩሉክፈልጦ ዘለዎ ሓቂ ህወሓት ካብ 2013 ዓ/ም ጀሚሩ ተሰሪዙ እዩ ዘሎ። መረፃ ቦርድ ብዝምዝግቦ ይኹን ብስርዞ ፍቓድ ህወሓት ዝረኽቦ ረብሓ ይኹን ዝጎድሎ ነገር የለን። ህወሓት ዓለም ዝፈልጦ፣ ስምምዕ ፕሪቶርያ ዝፈረመ ውድብ እዩ። ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዘለና ፖለቲካዊ ኣፍልጦ በታ ስምምዕ ፕሪቶርያ ጥራሕ እያ። በታ ስምምዕ ጥራሕ ኢና ሓዴና ንሓዴና ፖለቲካዊ ኣፍልጦ ተዋሃሂብና።

ካብዚ ብተወሳኺ ግዝያዊ ምምሕዳር ኣብ ወርሒ መጋቢት 2015 ዓ/ም ክጣየሽ እንተሎ እውን

ናብ ገፅ 15 ይዘውር

ኩሎም ዓቕምታትና ንምርግጋፅ ግዝኣታዊ ሓድነትናን ህላወናን!!

ግምባር ጥዕና

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን ቢሮ ጥዕና ትግራይን ዝዳሎ መደብ

ሽለልትነት ዘፍሕሞ ድጉል ሓዊ!

ኣብ እዋን ንእስነት ዝርአዩ ኣካላዊ፣ ስነ-ልቦናውን ማሕበራውን ለውጥታት ዝተፈላለዩ እወንታውን ኣሉታውን ክስተታት ዝፍጠርሉ ብርኪ እዩ። ኣካላዊ ለውጢ ካብ 10 ክሳብ 14 ኣብ ዘሎ ክሊ ዕድመ ዝጅምር እንትኾን ስነ ልቦናውን ኣእምሮኣውን ለውጥታት ድማ ካብ 15 ክሳብ 19 ኣብ ዘሎ ክሊ ዕድመ ይኸሰት። ከምኡ ድማ ማሕበራዊ ለውጥታት መብዛሕትኡ እዋን ካብ 20 ክሳብ 24 ኣብ ዘሎ ዕድመ ይረኣዩ። እዋን ንእስነት ናይ ለውጢ እዋን ከም ምኳኑ መጠን ኣብዚ ክሊ ዕድመ ዝህልዉ መናእሰይ ብኹሉ ኣንፈት ኣብ ህይወቶም ለውጢ ዘርእይሉን ዝፈጥርሉን እዩ። ካብዚ ሓሊፉ ብኣግባቡ ዘይግርሑሉን ብዛዕባ ጎዳእቲ ተግባራት ዝግባእ ግንዛበ ዘይሕዝሉን ኩነታት እንትፍጠር ድማ ንዝለዓለ ሓደጋ ተቓላዕቲ ዝኾንሉ ዕድመ ይፍጠር። ብምኽንያት እዚ እውን ንዘይተደለየ ጥንሲ፣ ምስ ጥንሲ ተተሓሒዞም ንዝመፁ ዝተፈላለዩ ፀገማት፣ ብፆታዊ ርክብ ንዝመሓላለፉ ሕማማትን ብኤች ኣይ ቪ ናይ ምትሓዝ ዕድልን ኣብ መናእሰይ ዝለዓለ ይገብሮ።

ኤች ኣይ ቪ ኤድስን ካልኦት “ወሲባዊ” ሕማማትን ቀንዲ መተሓላለፊ መንገድታት ፆታዊ ርክብ ብምዃኖም ብፍንው ፆታዊ ርክብ ዝተትሓዘ ሰብ ካብ ሰለስተ ክሳብ ሓሙሽተ ዕፅፊ ንኤች ኣይ ቪ ናይ ምቅላዕ ዕድል ኣለዎ። ከባቢ 16 ሚኢታዊ ብረኽሲ ፍንው ፆታዊ ርክብ ዝተትሓዙ ሰባት ኤች ኣይ ቪ ብተደራቢ ዝትሓዙ እንትኾኑ ዓቕሚ ምኽልኻል ሰውነቶም ኣዝዩ ስለዘዳኽም ድማ ረኽስታት መውስቦ ብቐሊሉ ንምስፍሕፋሕ በሪ ከምዝኸፍት የረጋግፅ። ንኣብነት፣ ብሰንኪ ጥንቃቐ ዝጎደሎ ፆታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ረኽስታት ዘምፅኡ ልዕሊ 30 ዓይነታት ታህዋስያን ከምዘለዉ የቕምጥ። ካብኣቶም ብዋናነት ከም ኤች ኣይ ቪ (HIV)፣ ጆግል (Gonorrha)፣ ከርክር (chancroid)፣ ፍንጣጣ (syphilis)፣ ቦምቦይን (LGV) ተጠቀስቲ እዮም።

ምርምር ሕብረተሰብ ጥዕና ኢትዮጵያ (EPHI) ኣብ 2023 ዓ/ም ፈረንጂ ብዝገበሮ መፅናዕቲ ከም ኢትዮጵያ ኤች ኣይ ቪ ኣብ ደሞም ኣለዎም ተባሂሎም ዝግመቱ ሰባት ብሓፈሻ 745,719 እንትኾኑ ካብዝኣቶም እተን 453,896 (61 ሚኢታዊ) ደቂ ኣንስትዮ እየን። ብመንፅር ዕድመ እንትርአ ድማ ደቂ ተባዕትዮ 21,715፣ ደቂ ኣንስትዮ 32,739 ብድምር 54,455 (ሸውዓተ ነጥቢ ሰለስተ ሚኢታዊ) ካብ 15 ክሳብ 24 ክሊ ዕድመ ዘለዉ ኣባፀሕን መናእሰይን ምዃኖም የመላኽት። ካብዚ ብተወሳኺ እቲ መፅናዕቲ ኣብ መንጎ ክልላት ሰፊሕ ናይ ዝርገሐ ኣፈላላይ ከም ዘሎ ዘመላኽተ እንትኸውን ዝነኣሰ ዝርገሐ ክልል ሶማሌ ባዶ ነጥቢ 18 ሚኢታዊ እቲ ዝዓበየ ዝርገሐ ድማ ክልል ጋምቤላ ሰለስተ ነጥቢ ሸውዓተ ሚኢታዊ፣ ኣዲስ ኣበባ ሰለስተ ነጥቢ ክልተ ሚኢታዊ ከምዝኾነ የመላኽት። እቲ መፅናዕቲ ኣባፅሕን መናእሰያትን እታ ሃገር ኣብ ምክልኻል እቲ ሕማም ዘለዎም ግንዛበ እውን ዘካተተ ነይሩ። ብመሰረት እዚ ኣብ ዝርገሐ እቲ ሕማም ዘለዎም ኣፍልጦ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ 39 ሚኢታዊ፣ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ድማ 24 ሚኢታዊ ከምዝኾነን እዚ ድማ ብጣዕሚ ትሑት ምዃኑን የረድእ።

ከምትግራይ እንትርአ ምርምር ጥዕና ትግራይ ምስ ዩንቨርስቲ መቐለ ብምትሕብባር ኣብ መጀመርታ ኣዋርሕ 2017 ዓ/ም ብዝገበርዎ ዳህሳስ እቲ ሕማም እናወሰኸ ይኸይድ ከምዘሎ ዘመላኽቱ ፅንዓታት ኣለዉ። ሓደ፣ ብ2016 ዓ/ም ኣብ ትካላት ጥዕና ብምኻድ ካብ ዝተመርመሩ 154,941 ሰባት እቶም 1,819 (ሓደ ነጥቢ 17 ሚኢታዊ) እቲ ቫይረስ ዝተረኸቦም እንትኸውን 520 ወገናት ድማ ብሞት ተፈልዮም እዮም። ካልኣይ፣ ብፆታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ርኽሲታትን ቁፅሪ ምንፃል ጥንስን ይውስኹ ምህላዎም እዩ። ንኣብነት፣ ኣብ 2016 ዓ/ም ጥራሕ ትሕቲ 18 ዓመት ምንፃል ጥንሲ ሓሙሽተ ነጥቢ ትሽዓተ፣ ደም ካብ ዝለገሱ ወገናት እቲ ሓሙሽተ ሚኢታዊ ኤች ኣይ ቪ ቫይረስ ዝተረኸበ ምኻኑን ልዕሊ 16 ሚኢታዊ ድማ “ሄፐታይት” ዝተብሃለ ሕማም ዝተረኸቦም እዮም። እዚ ቁፅራዊ ኣሃዝ ናብ ትካላት ጥዕና ብምኻድ ምርመራ ዝተገበረሎም፣ ደም ክልግሱ ካብ ተረኸበ ጥራሕ እዩ። ብምዃኑ እውን ምሉእ ፈተሸን ምርመራን እንተዝግበር ኣብ ዝለዓለ ሓደጋ ከምዘለና ዘመላኽት ውፅኢት ከምዝህሉ ንምርድኡ ዘፀግም ኣይኮነን።

እቲ መፅናዕቲ ከምዝመላኽቶ ዝርግሐ ብመንፅር ክሊ ዕድመ እንትርአ ልዕሊ 35 ዕድመ ሓሙሽተ ነጥቢ 75 ሚኢታዊ፣ ካብ 25 ክሳብ 34 ክሊ ዕድመ ሓደ ነጥቢ ሸሞንተ ሚኢታዊ ከምዝኾነ የነፅር። ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ ዝተምሃሩን ዘይተማሓሩን ዘሎ ዝርገሐ ኤች ኣይ ቪ ኣብ ኮሌጅን ልዕሊኡን ኣብ ዝመሃሩ ክልተ ነጥቢ ሓደ ሚኢታዊ፣ ኣብ ካልኣይ ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ ሓደ ነጥቢ ትሽዓተ ሚኢታዊ፣ ቀዳማይ ብርኪ ኣብ ዝመሃሩ ሰለስተ ነጥቢ ሓደ ሚኢታዊ እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ ዘይተምሃሩ ኣርባዕተ ነጥቢ ሓሙሽተ ዝርገሐ ኤች ኣይቪ ከምዘሎ የመላኽት። ስለዚ እቲ ሕማም ኣብ መናእሰይን ኣባፅሕን ዝለዓለ ደረጃ ዝሓዘ ምዃኑ ኣብ ቢሮ ጥዕና ትግራይ ኣውራ ከይዲ ስራሕ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ኤች ኣይ ቪ መተሓባበሪት ኬዝ ቲም ምዕባይ ግንዛበን ምምፃእ ባህርያዊ ለውጥን ሲስተር ኣለም ገብረመድህን የረድኣ።

ብመሰረት እዚ ዝርገሐ ለበዳ ኤች ኣይቪ ዘስዕቦ ዘሎ ሓደጋ ንምክልኻልን ንምዕጋትን ኣብ ሕብረተሰብ ብፍላይ ኣብ መናእሰይ ዘሎ ጉጉይ ኣተሓሳስባን ዝንባለን ክስተኻኸል ምስራሕ የድሊ። ኣባፅሕን መናእሰይን ከም መጠን መናእሰይ ኣብ ስነ ተዋልዶን ዝርገሐ ኤች ኣይ ቪን ዘለዎም ግንዛበ ብምዕባይ ንባዕሎም ካብቲ ሕማም ክላኸሉሉ ዝሕግዝ ስራሕ ምስራሕ ይጠልብ። መናእሰይን ኣባፅሕን ኣብ ዘይዕድመ ጥንስን ሕርስን ከጋጥሙ ዝኽእሉ ፀገማት ክፈልጡ፣ ውሑስ ኣብ ዘይኮነ ምንፃል ጥንሲ ከጋጥሙ ዝኽእሉ ሓደጋታት ክግንዘቡን ሜላታት መቆፃፀሪ ወሊድ ክጥቀሙን እኹል ግንዛበ ክህልዎም ምግባር ኣገዳሲ እዩ።

ኣብ ሓደ ማሕበረሰብ ውሽጢ ኩሎም ናይ ሕብረተሰብ ኣካላት ሓበሬታታት ናይ ምርካብን ተጠቀምቲ ግልጋሎት ጥዕና ናይ ምዃንን መሰል ኣለዎም። ይኹን እምበር ብፍላይ መናእሰይ ነዚ መሰሎም እንትጥቀምሉ ኣይረአን። ብምኽንያት እዚ ምስ ጥዕና ተተሓሓዝቲ ንዝኾኑ ነገራት ብስፍሓት እንትቃልዑ ይርአዩ። ንኣብነት፣ ንዘይተደለየ ጥንሲ፣ ምስ ጥንሲ ተተሓሒዞም ንዝመፁ ዝተፈላለዩ ፀገማት፣ ብፆታዊ ርክብ ዝመሓላልፉ ሕማማትን ብኤች ኣይ ቪን ናይ ምትሓዝ ዕድልን ዝለዓለ እዩ። ካብዙይ ብተወሳኺ መናእሰይ ንጥቕዓት ፆታዊ ርክብን ምስዚ ዝኸሰቱ ኣካላውን ስነልቦናውን ፀገማት ከምኡ እውን ንዝተፈላለዩ ፀገማት ስነ ተዋልዶ ተቓላዕቲ ዝኾንሉ ዕድል ኣዝዩ ዝሰፍሐ እዩ። ኣብ ኣባፅሕን መናእሰያትን ከጋጥሙ ዝኽእሉ ምጥቃም መዐወኒ መድሓኒት (ሓሸሽን) ኣልኮላዊ መስተን ንዘይተደለየ ጥንስን ጥንቃቐ ዝጎደሎ ምንፃል ጥንስን፣ ዓርሰ ቅትለት፣ ኤች ኣይ ቪ/ ኤድስን ካልኦት ብፆታዊ ርክብ ዝመሓላለፍ ሕማማት ተቓላዕቲ ይገብሮም።

ጥንቃቐ ዝጎደሎ ምንፃል ጥንሲ ማለት በቲ ሞያ ብዘይሰልጠኑ ውልቀ ሰባት ኣቢሉ ምቁራፅ ከይዲ ጥንሲ ማለት እዩ። ብዙሓት መናእሰይ ደቂ ኣንስትዮ ብዘጋጥመን ዘይተደለየ ጥንሲ ጥንቃቐ ንዝጎደሎ ምንፃል ጥንስን ንሓደጋ ሞትን እንትቃልዓ ይርአያ። ጥንቃቐ ዝጎደሎ ምንፃል ጥንሲ መብዛሕትኡ ግዘ ብባህላዊ ወይ ልማዳዊ መንገዲ ዝስርሑን ውሕስነቶም ብዘይተሓለዉ ነገራትን ዝፍፀም እዩ። ንኣብነት፣ ከብዲ ምሕሳይ፣ ከብዲ ብተደጋጋሚ ብሓይሊ ብምውቃዕ፣ በላሕቲ ዝኾኑ ነገራት ናብ ብልዕቲ ጓል ኣንስተይቲ ወይ ኣብ ማህፀን ውሽጢ ብምእታው፣ መርዛማ ነገራት ብምስታይ ወይ ድማ ብብልዕቲ ውሽጢ ብምእታውን ዝግበሩ እዮም።

ካብዚ ሓሊፉ ጥንቃቐ ዝጎደሎ ምቁራፅ ጥንሲ ምፍፃም ዘስዕቦም ከበድቲ ፀገማት ድማ ኣለዉ። ምቕዳድን ምቑሳልን ማህፀን፣ ረኽሲ፣ ዝለዓለ ናይ ሕማም ስምዒትን ደም ምፍሳስን፣ ኣብ ማዕጥቕ ኣከባቢ ዝለዓለ ስምዒት ሕማምን ክሳብ ሞት ከብፅሕ ዝኽእል ሓደጋን የጋጥም። ካብዚ ብተወሳኺ ነዊሕ ግዘ ክፀንሕ ዝኽእል ፀገም ጥዕና ከምኡ እውን ብቐፃሊ ኣብ ዝጠንሳሉ እዋን ተደጋጋሚ ምቁራፅ ጥንሲ የጋጥም። ብዘይካ እዚ ትቦታት ማህፀን ብምዕፃው መኻንነትን ኣብ ዘየድሊ ቦታ ጥንሲ (ካብ ማህፀን ወፃኢ) ዝፍጠረሉን ኩነታት ሰፊሕ ይገብሮ። እዞም ተግባራት ድማ ንሕማምን ሞትን ዘሳጥሑ ስለዝኾኑ ካብዚ ዘይሕጋዊ ተግባር ክቖጠቡ ግንዛብ ክፍጠረሎም ይግባእ።

ቀንዲ ምልክታት ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ክብደት ሰዉነት ብዝላዓለ ምቅናስ፣ ካብ ወርሒ ንላዕሊ ክፀንሕ ዝኽእል ምኽንያቱ ዘይተፈለጠ ተደጋጋሚ ዉፅኣት፣ ሰዓል፣ ረስኒን ረሃፅን ብዋናነት ይጥቀሱ። ከምኡ እውን ቑስለት ጉሮሮን ኣፍን፣ ዝለዓለ ስምዒት ድኻም፣ ኣብ ኣብዝሓ ኣካላት ዝረኣይ ፅክታት ኣለዉ። ኤች ኣይ ቪ ምስ ዘለዎ ሰብ ብዝግበር ጥንቃቐ ዝጎደሎ ፆታዊ ርክብ፣ ኤች ኣይ ቪ ካብ ዘለዋ ኣደ ናብ ዕሽል ኣብ እዋን ጥንሲ፣ ሕርስን ጡብ ኣብ ምጥባውን ክመሓላለፍ ይኽእል። ካብዚ ብተወሳኺ ከም ላማ፣ መርፍእን ካልኦትን ዝኣመሰሉ በላሕቲ ነገራት ሓቢርካ ብምጥቃም፣ ዘይተመርመረ ደም ብምቕባል (ብንኽክእ ደም) ዝመሓላለፍ እዩ። ብበዝሒ ቫይረስ ኤች ኣይቪ ዝርከቡሎም ድማ ኣብ ደም ወዲ ሰብ፣ ፈሳሲ ዘርኢ ወዲ ተባዕታይ፣ ብልዕትን ፈሳስን ደቂ ኣንስትዮ ከምኡ እውን ኣብ ፀባ ጡብ ኣዶ እዮም።

ይኹን እምበር ዝርገሐ እንዓግተሉን እንከላኸለሉን መንገድታት ድማ ኣለዉ እዮም። ብዋናነት ቅድመ መርዓ ካብ ወሲብ ምዕቃብ፣ ድሕሪ መርዓ ሓደ ምስ ሓንቲ ምውሳንን እዚ እንተዘይኮይኑ ድማ ኮንደም ብኣግባቡን ኩልሻብን ምጥቃም ቀንዲ ሜላታት መከላኸሊ ኤች ኣይ ቪ እዮም። ካብዚ ብተወሳኺ ድማ ኩነታት ጥዕናኻ በቢእዋኑ ምፍላጥ (ምምርማር)፣ ምስ መፃምድኻ ብግልፂ ምውጋዕ (ምዝርራብ)፣ ተመርሚርካ ኣብ ደምካ እቲ ቫይረስ እትርከበካ ድማ መድሓኒት ቀልጢፍካ ምጅማርን ዝተኣዘዘልካ መድሓኒት ብኣግባቡ ብምውሳድን ጥዕናኻን ጥዕና ቤተሰብካን ምሕላው ይከኣል እዩ። ቀንዲ ጥቕሚ ብእዋኑ ምርመራ ኤች ኣይ ቪ ምግባር ኣብ ደም ውሽጢ ምህላውን ዘይምህላውን ብምፍላጥ ንቐፃሊ ተሊምካ ክትከይድ ይሕግዝ። ውፅኢት ምርመራ ኤች ኣይ ቪ ኣብ ደም ምህላው እንትረጋገፅ ድማ መድሓኒት ብእዋኑ ብምውሳድ ብጥዕና ምንባር፣ ብተደጋጋሚ ካብ ዝኸሰቱ ተመሓላለፍቲ ሕማማት ብምድሓን ምትሕልላፍ ኤች ኣይቪ ምቕናስን ይከኣል እዩ።

ብኣጠቓላሊ ኣባፅሕን መናእሰይን ኣብ ሕብረተሰብ ዝለዓለ ቁፅሪ ዘለዎምን መፍረይቲ ክፋላት ሕብረተሰብን እዮም። ብመሰረት እዚ መናእሰይን ኣባፅሕን ቁጠባዊ፣ ማሕበራዊ፣ ፖለቲካዊ፣ ድጋፍ እንተዘይተገይሩሎም ብቐሊሉ ንዝተፈላለዩ ጎዳእቲ ነገራት ዝተቓልዑ እዮም። ብፍላይ ምስምጥቃም ኣልኮላዊ መስተ፣ መዕወንትትን መደንዘዝትን እፃት (መድሓኒታት) ተተሓሒዙ ንዘይተደለየ ስዲ ፆታ ርክብ፣ ዘይተደለየ ጥንስን ምንፃል ጥንስን፣ ፆታዊ ጥቕዓትን ንዕኡ ተኸቲሎም ዝመፁ ኣካላውን ስነልቦናውን ጉድኣታት እንትቃልዑ ይርአዩ።

ካብዚ ሓሊፉ ድማ ብፆታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማትን ብኤች ኣይ ቪን ናይ ምትሓዝ ዕድሎም ዘስፍሕ እዩ። ስለዚ እቲ ብሸለልትነት ዝፍጠር ዘሎ ሓደጋ ብኣጋ ክንዓግቶን ክንከላኸሎን እንኽእል ግንዛበ ሕብረተሰብ ኣብ ምዕባይ ብፍላይ ኣብ መናእሰይ ዝለዓለ ስለዝኾነ መናእሰይን ኣባፅሕን መሰረት ገይርና ክንሰርሕ እንተለና ጥራሕ ምዃኑ ብምግንዛብ ዝተወደበ ርብርብ ክንገብር ይግባእ።

ቴምትስ ፈጠራ ዕድል ስራሕ

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ቴክኒክን ሞያን ትምህርትን ስልጠናን ፈጠራ ዕድል ስራሕ ትግራይን ዝዳሎ መደብ

ጅማሮ ሕውየት ኣብ ትካላት ሞያ

ኣብ ኮሌጅ ፖሊ. ቴክኒክ ዓዲግራት ብሞያ ስነ ህንፃ ካብዝስልጥኑ ዘለው ተምሃሮ

ማዕቢለን ኣብ ዝብሃላ ሃገራት ከምኒ ሃገራት ጀርመን፣ ኮርያ፣ ታይዋን፣ ቻይናን ካልኦት ዓድታትን ኣብ ኮሌጃትን ፖሊ. ቴክኒካትን ዝወሃብ ሞያዊ ስልጠናን ትምህርትን ኣብ ዩኒቨርስትታት ካብ ዝወሃብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዝበለፀን ዝሓሸ ናይ ስራሕ መማረፂ ዝርከቦ ዕድል ተገይሩ ዝእመነሉ ኩነታትን ኣረዳድኣን እዩ ዘሎ። እቲ ምንታይ መናእሰይ ኣብ ዝሓፀረ ግዘ ሞያን ክእለትን ጨቢጦም ናብ ስራሕ ዝወፍርሉን ስራሕ ዕድል ዝፈጥርሉን ትካል ብምኻኑን እዩ። ኮሌጃት ቴክኒክን ሞያን ትግራይ እውን ኣብ ስግግር ቴክኖሎጂ ማእኸል ገይረን መናእሰይ ብኣተሓሳስባ፣ ሞያን ክእለትን በቒዖምን ማዕቢሎምን ብሞየኦም ስራሕ መሃዝትን ንኻልኦት ስራሕ ዕድል ፈጠርትን ንምግባር ዓሊመን ዝተመስረታን ትካላት እየን። በዚ ድማ ማእኸላት መፈልፈሊ ቴክኖሎጂ፣ ሞያን ክእለትን ኮይነን መሰረት ደኣንት፣ ዓበይቲ ንግድታትን ኢንዳስትርታትን ማዕኸናት እናኾና መፂአን እየን።

ኮሌጅ ፖሊ. ቴክኒክ ዓዲግራት ካብተን ኣቐዲመን ዝተመስረታን ብዙሓት መናእሰይ ብሞያን ክእለትን ዝበቕዐለንን ኮሌጃት ትግራይ ሓደ እዩ። እቲ ኮሌጅ ብ1999 ዓ.ም ብ 100 ተምሃሮ ስሩዕ ስልጠናን ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዝጀመረ ኮይኑ 12 ክፍሊ ዝወድኡ ተመሃሮ ብብርኪ ዓሰርተ ክድመሮ ሰለስተ ተማሂሮም ክስልጡኑ ንዝደልዩ ተሓሳቢ ተገይሩ ዝተጣየሸ እዩ። ኣብቲ እዋን ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ብሳይንስ ቴክኖሎጂ ስልጠና ተኮር ምሃብ ዝጀመረ ኮይኑ ብዋናነት ድማ ብኮንስትራክሽን ፣ ሰርቨይ ፣ ጀነራል ድራፍቲንግን ዉድዎርክን ቀዳምነት ሂቡ የሰልጥን ነይሩ። ካብ ዓመት ናብ ዓመት ብዝገበሮ ናይ ሓይሊ ሰብ፣ በዝሒ ሰልጠንቲ፣ ምዝማን መሰልጠኒ ናውትን ምምሕያሽ ሞያዊ ብቕዓትን ድማ ካብ ብርኪ ሓደ ክሳብ ብርኪ ሰለስተ ስልጠና ናይ ምሃብ ዓቕሚ ክፈጥር ክኢሉ ከምኡ እውን ዕዳጋ ጠለብ ዝገብረሎም ሞያን ክእለትን ብምንፃር ምስ ፌደራል ቴክኒካል ኢንስቲትዩት ብምርድዳእ ካብ 2008 ዓ.ም ጀሚሩ ክሳብ ሐዚ ካብ ብርኪ ሓደ ሽዱሽተ ብስሩዕ ብዲግሪ መርሃ ግብሪ ንተምሃሮ ዝተፈላለዩ ሞያታት እናሰልጠነ ይርከብ።

በዚ እውን እቲ ኮሌጅ ምምሃር ምስትምሃር ካብ ዝጅምር ክሳብ 2016 ዓ.ም ልዕሊ ሸውዓተ ሽሕ ተምሃሮ ብስሩዕ ስልጠና፣ ልዕሊ 20 ሽሕ ተምሃሮ ድማ ብሓፂር ስልጠናታት ኣሰልጢኑ ከም ዘመረቐ ዲን ፖሊቲክኒክ ዓዲግራት መምህር ነፃነት ብሩክ ይገልፁ። ካብቶም ዝተመረቑ ልዕሊ 93 ምኢታዊ ኣብ ዝተፈላለዩ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት ብግዝያውን ቀዋምን ስራሕ ከም ዝተቖፀሩን ባዕሎም እውን ብሞየኦም ስራሕ ከም ዝፈጠሩን እቲ ኮሌጅ ኣብ 2012 ዓ.ም ኣብ ዘካየዶ መፅናዕቲ የመላኽት።

በቲ ኣብ ትግራይ ዝተፈፀመ ፅንተታዊ ኵናት እቲ ኮሌጅ ንተኸታተልቲ ሰለስተ ዓመት ከይዲ ምምሃር ምስትምሃርን ስልጠናን ተቋሪፁ ዝፀንሐ እንትኸውን ኣብ 2016 ዓ.ም መደበኛን ሓፀርቲ ስልጠናን ብምሃብ 323 ነባራት ተምሃሮ ኣመሪቑ እዩ። ኣብ 2017 ዓ.ም እውን 1050 ነባራትን ሓደሽትን ተመሃሮ መደበኛን ሓፂርን ስልጠና ከሰልጥን ትልሚ ሒዙ እኳ እንተነበረ ካብኣቶም 230 ተምሃሮ ጥራሕ ብሓደሽትን ነባራትን ብቀትርን ምሸትን እናሰልጠነ ይርከብ። እዚ ዝኾነሉ ቀንዲ ምኽንያት እቶም ተምሃሮ በቲ ዝነበረ ፅንተታዊ ኵናት ዝበፅሖም ኢኮኖምያውን ኣእሙራውን ፅልዋን ከምኡ እውን ሐዚ ካብ ዘሎ ፖለቲካዊ ኩነታት ዓድን ዝብገስ ስግኣት እዩ። ኣብቲ ኮሌጅ ዝወሃቡ ሞያዊ ስልጠናታት ኣብ ዕዳጋ ጠለብ ዘለዎም፣ ተደለይትን ከባብያዊ ረብሓ ዝህቡን ነባራዊ ዝኾኑ ዓይነት ሞያታት እዮም። መፅናዕቲ ዝተገበረሎም ኮይኖም ብመሰረት እዚ ኣብዚ ዓመት ዝህቦም ስልጠናታት ፅገና ተሸከርከርቲ፣ ቅየሳ ፕላን ከተማታት፣ ኢንፎርሜሽን ኮሙኒኬሽን ቴክኖሎጂ(ኣይሲቲ)፣ ስራሕቲ መንደቕን ስራሕቲ ፋሽን ስፌትን ብዋናነት እናሰልጠነ ይርከብ።

እንተኾነ ግን እቲ ኮሌጅ ኣብዚ ዓመት ከሳልጦም ዝሓዞም ስልጠናታትን ከይዲ ምምሃር ምስትምሃርን ብኣግባቡ ንከይኸዱን ዕውት ንከይኾኑን ዝገብሩ ዓበይቲ ማሕንቖታት ድማ ኣለዉ። ንኣብነት ልዕሊ 75 ሚልዮን ብር ዋጋ ዝግመቱ መሰልጠኒ ናውቲ ናይቲ ኮሌጅ ብወረርቲ ሓይልታት ዓንየምን ተዘሪፎምን እዮም። ብሰንኪ እዚ ድማ ኣብ ዝበዝሑ ዎርክሾፓት ብተግባር ስልጠና ንምሃብ ኣዝዩ ይፅገም ኣሎ። ብተመሳሳሊ በቢ ዓመቱ ነቲ ኮሌጅ ዝብጀት ዝነበረ ልዕሊ ሓሙሽተ ሚልዮን ብር እንትኸውን ሐዚ ግን ሽዱሽተ ምኢቲ ሽሕ ብር ጥራሕ ከም ዝኾነ መምህር ነፃነት ወሲኾም የረድኡ። ነዚ ንምቅላል ድማ እቲ ኮሌጅ ምስ “ኣር ኣር ኤስ” ዝተብሃለ ትካል ገባሪ ሰናይን ፌደራል ቴክኒካል ኢንስቲትዩትን ምርድዳእ ብምግባር ልዕሊ ሰለስተ ነጥቢ ሸሞንተ ሚልየን ብር ዝግመት ውሱን መሰልጠኒ ናውቲ ከምኡ እውን 58 ሚልየን ብር ዝዋግኦም ንስራሕቲ ድጅታላይዜሽን፣ ዳታ ሰንተርን ግልጋሎት ኢንተርኔትን ዝውዕሉ ኮምፒዩተራት፣ ገመዳትን ጀነሬተርን ሓገዝ ክግበረሉ ክኢሉ እዩ።

ብሞያ ምህንድስና ተምሃራይ ቀዳማይ ዓመት ዝኾነ ሃፍቶም ገብረመድህንን ብሞያ ስነ ህንፃ ራብዓይ ዓመት ተምሃራይ ፈንታ ከበደን በቲ ፅንተታዊ ኵናት ዝበፅሖም ኢኮኖምያውን ስነልቦናውን ሃሰያ ከይተሰኮኑ ንዝሓሸ መፃኢ ብትረት ይምሃሩ ከም ዘለዉ ይገልፁ። እቲ ኮሌጅ ብዘለዎ ውሱን ናውቲ የሰልጥኖም እኳእንተሃለወ ኣብ ናይ ተግባር ስልጠና ግን ናይ መሳርሒ ሕፅረት ከም ዘሎዎን ኣዝዩም ከም ዝፅገሙን የረድኡ። እዞም ተምሃሮ እቲ ዝምልእዎ ዘለዉ ከይዲ ምምሃርን ስልጠናን ፅቡቕ ከም ዝኾነን ብኡኡ እውን ኣብ ምምሕያሽን ምምዕባል ፕላንን ስነህንፃን ትግራይ ናይ ባዕሎንም ኣሰር ከበርክቱ፣ ብዓርሰ ክእለቶም ድማ ስራሕ ክፈጥሩን ካብ ተፀባይነት ክናገፉን ሓሲቦም ይስልጥኑ ምህላዎም የረድኡ።

ብድምር ኮሌጅ ፖሊ ቴክኒክን ሞያን ዓዲግራት ካብ ዝምስረት ጀሚሩ ክሳብ ሐዚ ብመደበኛን ሓፀርትን ስልጠናታት ብዓሰርተታት ኣሻሓት ዝቕፀሩ መናእሰይ ክእለት ዝመርሖ ስራሕ ክፈጥሩ፣ ኣብ ፋብሪካታት ክቑፀሩን መነባብርኦም ክልውጡን ኣኽኢሉዎም እዩ። ካብ ዓመት ናብ ዓመት ዝህቦም ስልጠናታት ብዓቕምን ሓይሊ ሰብን እዋኑ ዝጠልቦም ሰብ ሞያን ክእለትን ኣብ ምፍራይ ኮነ ቴክኖሎጂ ኣብ ምስግጋር ብዕቱብ እናሰርሐ እውን ፀኒሑ። ሐዚ እውን ካብ 2016 ዓ.ም ጀሚሩ እቲ ኮሌጅ ብዘለውዎ ከበድቲ ፀገማት ከይተዓገተ ከይዲ ስልጠናን ምምሃር ምስትምሃርን ንምቕፃልን ተመሃሮ መሊኦም ናብ መኣዲ ሞያን ብቕዓትን ክምለሱ ላዕልን ታሕትን እናበለ ይርከብ። ስለዝኾነ መንግስቲ፣ ወለዲ፣ ተምሃሮን ካልኦት መዳርግትን መንእሰይ ካብ መኣዲ ሞያን ክእለትን ከይርሕቑ፣ ከይተኣጓጎልን ከይብተንን ልዑል ትኹረት ክገብሩን ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ኮሌጃት ኣብ ምጥንኻርን ልዑል ግደ ከበርክቱ ይግባእ።

ሕውየት ውድብና ... ካብ ገፅ 3 ዝዞረ

ከምዚ ዝበለ ኩነታት ብምህላዉ ድማ እቲ ዘለናሉ ህልዊ መድረኽ ኣዝዩ ከቢድን ዝተሓላለኸን ይገብሮ። ብቑዕ መሪሕነት ብምዕራፍ፣ ህዝባዊ ተሳትፎ ብምልዕዓል፣ ብዝለዓለ ወነን ፅንዓትን ምቅላስ ይሓትት። ብፍላይ ካብቲ ገጢሙና ዝፀንሐ ውሽጣዊ ናይ ምብታን ሓደጋ፣ ብዝተወሰነ ተናጊፍና፣ ናብዚ ሕዚ እንርከበሉ ብዓይነቱን ትሕዝትኡን ዝተፈለየ መድረኽ ቃልሲ ንክንበፅሕ ብፅሒት ህዝቢ ትግራይ ዝለዓለ እዩ። ነዚ ብምእማን ብቐፃሊ እውን ኣብ መደባት ሕውየትን ዳግመ ህንፀትን ትግራይ፣ ምውሓስ ግዝኣታዊ ሓድነትና፣ ኣብ ምርግጋፅ መሰል ዓርሰ ውሳነና ዝተወደበ ውዑይ ቃልሲ ንምክያድ ስራሕቲ ምልዕዓል ተጠናኺሮም ክቕፅሉ እዮም። ህዝብና እውን ነዚ ተረዲኡ ሎሚ እውን ከምቀደሙ ቃልሱ ከሐይል ውድቡ ህወሓት ተደጋጋሚ ፃውዒት የቕርብ ኣሎ። ውድቡ ህወሓት ድማ ህዝቢ ትግራይ ካብቲ ኣትይዎ ዘሎ ፀበባ ንምውፃእን ዘላቒ ህልውንኡ ውሑስ ንምግባርን ብዓወታት 20 ግንቦት እናተፀምበለ ኣብ ህዝባዊ መትከሉ ብምፅናዕ ብዕቱብ ንምስራሕ ቀትርን ለይትን እናተረባረበ ይርከብ።

ኣጠቓሊልካ እንትርአ፤ ዋላ እኳ ካብቲ ዝሓለፈ ፅልምትምት ዝበለ እዋን ሕዚ ውድብና ክሓውን ናብ ንቡር ቦታኡ ክተዓራረይን ዘኽእል ጥጡሕ ባይታ እንተተፈጠረ፤ ብመሰረቱ ግና እቲ ዘለናሉ መድረኽ ኣዝዩ ከቢድን ዝተሓላለኸን ብምዃኑ ቃልስና ክነሐይል ግድን እዩ። እዚ ህዝቢ፤ ሳላ ተወዲቡን ሓድነቱ ኣስጢሙን ዝመከተ ኣብ ልዕሊኡ ዝተኣወጀ ጀኖሳይዳዊ ኲናት ምምካት ጥራሕ ዘይኮነስ ዓለም ዘስደመመ ተኣምራዊ ጅግንነት ሰሪሑ እዩ። እዚ ጥራሕ ኣይኮነን። ኣብቶም ወረርቲ ዲፕሎማስያዊ፣ ፖለቲካውን ኢኮኖሚያውን ፅቕጥታት ክዓርፍ እውን ገይሩ እዩ። ከምዚ ብምግባሩ ድማ ንሰላም ተሓሲሞም ትግራይን ትግራዋይን ንሓንሳብን ንሓዋሩን ንምጥፋእ ብዝተዋደደ መንገዲ ናብ ትግራይ ተሃንዲዶም ዝኣተዉ ወረርቲ ሓይልታት ሕልሞም ክሳኸዐሎም ከምዘይኽእል ተረዲኦም ስምምዕ ፕሪቶርያ ክፍርሙ ተገዲዶም እዮም። እዚ ድማ ውፅኢት ቃልስን መስዋእትን ህዝብን ሰራዊትን ትግራይ ብምዃኑ ክንኮርዐሉ ይግባእ።

ይኹን እምበር መልክዕ እቲ ኲናት ብምቕያር፤ ሕዚ እውን ህዝቢ ትግራይ ናይ ምጥፋእ ትልሚ ወይ “ፕላን” ፀላእትና ኣይተቐየረን። ብሰላሕታዊ መንገዲ ንክፀንት እዩ ዝስራሕ ዘሎ። ካብዚ ሓሊፉ ውድቡ ህወሓት ንምጥፋእ ቀትርን ለይትን ዝሰርሑ ሓይልታት ኣይደቀሱን። ብህዝቢ ትግራይ ተፈጢሩ 50 ዓመት ንህዝቢ ትግራይ ዝመርሐ ውድብ፤ “ሰሪዘካ እየ” እናበልካ ምፍካር ኣሎ። እዚ ፈፂሙ ክኸውን ዘይኽእል ምዃኑ ክፍለጥ ይግባእ። ህወሓት በዓል ዋንኡ ህዝቢ ትግራይ እዩ። ከምዝፍለጥ ውድብና ህወሓት ነቲ ዝተጀመረ መንገዲ ሕውየት ናብ ብራኽ ብምድያብ ማእኸል ስሕበት ሰላማዊ ፖለቲካዊ ቃልሱ ኣብ ምኽባር ሉኣላውነት፣ ኣብ ትሕቲ ወረርቲ ዘሎ ህዝብና ሓራ ምውፃእ፣ ዝተመዛበለን ዝተሰደደን ህዝብና ናብ መረበቱ ኣብ ምምላስ ማእኸል ገይሩ ክመርሕ ወሲኑ ኣሎ። እዚ ውሳነ ተግባራዊ ንምግባር ድማ መላእ ህዝቢ፣ ኣባልን መሪሕነትን ሕዚ እውን ከምትማሊ ዓወታት 20 ግንቦት ተሓንጊጡ ኣብ ጎድኒ ውድቡ ዓሲሉ ክቃለስ ይግባእ።

ታሪኽ 20 ግንቦት... ካብ ገፅ 5 ዝዞረ

ናብ ጫፍ ተንቀሳቒስካ ክትሰርሕን መነባብሮኻ ክተመሓይሽን ብህይወት ንምንባር እውን ጋዶ ዝኾነሉ ኩነታት ከምዘሎ ኣረዲኦም።

በቢዓመቱ ግምቱ ልዕሊ ኣርባዕተ ቢልዮን ዶላር ኣሜሪካ ዝፈስሰላ ዝነበረት፣ ኣስታት ሓደ ሚልዮን ሃወፅቲ፣ ወፃእተኛታት ከምልቦም ዝመላለሱላ ዝነበረት ሃገር ኣብዚ ሐዚ ይትረፍ ናይ ደገ ዜጋ ዜጋታት እውን ከም ልቦም ብሰላም ወፊሮም ብሰላም ዘይምለሱላ ኣብ ብዙሓት ክልላት እዛ ሃገር፣ ጎንጺ፣ ውግእ ዝካየደላ ዓዲ ኮይና ከምዘላ፣ ናይዚ ምኽንያት እውን እቲ ስልጣን ብሒቱ ዘሎ ሓይሊ ንክብርታት 20 ግንቦት ሃደሽደሽ ብምባሉ ከምዝኾነ ዶ/ር ኣብረሃም ሓቢሮም።

ኣብ ክንዲ ነቲ ዝተጀመረ ህንፀት ስርዓት ዲሞክራሲ ምጥንኻር ንመሰል ህዝብታትናን ብሄር ብሄረሰባትን ሃደሽደሽ ኣቢሉ ክልላት ብተግባር ዓርሰን ዘየመሓድራሉ፣ ዘይውስናሉ ኩነታት ከምዘሎን ማእኸላይ መንግስቲ ገባሪ ሓዳጊ ኮይኑ ዓርሱ ዝሸመሉን ዘውረደሉን ኩነታት ከምዘሎ እዚ ብዘይምቕባል ድማ ህዝቢ ትግራይ ብቓልሱ ዘረጋገፆ ሕገ-መንግስታዊ መሰላት ከኽብር ኣብ ህዝባዊ መኸተ ምፅንሑን ሕዚ እውን ሰላማዊ ቓልሱ ከጠናኽር ከምዘለዎ ሓቢሮም።

20 ግንቦት ሕላገት ተዓዋታይነት ህዝባዊ መስመርና!!

ዓውደ ሕርሻ

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይን ዝዳሎ መደብ

ሰሰን እንስሳትና ዝኾልፍ መርዛም ሓደጋ

ብሕማም ዕንፍርር ዝተጠቕዐት እንስሳስ

ልምዓት ሃፍቲ እንስሳ ንነዊሕ ዘመናት መሰረት ቁጠባዊ ዕብየት ሓረስታይን ህዝብን ኮይኑ ዝፀንሐን ዘሎን ዘፈር እዩ። ካብዚ ዘፈር ትፅቢት ዝግበረሉዝበለፀ ረብሓን ዕብየትን ንክርከብ ድማ ኣብ ምድንፋዕ ልምዓት ሃፍቲ እንስሳ ዘድሊ መሰረታዊ ቀረብ ሕክምና፣ ምግብን ምቹው መንበርን ብምምላእ ጥጡሕ ህይወት ዝነብራሉ ኩነታት ዝፈጥር ምሕደራ ሃፍቲ እንስሳ ክህሉ ኣለዎ። ብመሰረት እዚ ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ ትኹረት ገይሩ ካብ ዝሰርሖም ስራሕቲ ምስሳን ፍርያት ሃፍቲ እንስሳ ሓደ እዩ። እዚ ማለት ኣብ ምርባሕን ምህጣርን እንስሳ፣ ከምኡ እውን ምትእትታውን ምድቓልን ጨገረት፣ መፍረያይነት ስጋ፣ ፀባን ተዋፅኦ ፀባን ክብ ንምባልዝለዓለ ስራሕ ይሓትት። በዚ ኣቢልካ ድማ ቁጠባ ሓረስታይ ኣብ ምጉልባትን ምዕሩይ ስርዓት ኣመጋግባ ሕብረተሰብ ክህሉ ኣብ ምግባርን ዝተወደበ ሳይንሳዊ መሪሕ ይጠልብ። ብመሰረት እዚ ኣብ መፍረያይነት ሃፍቲ እንስሳ ትኹረት ካብ ዝግበረሎም ጉዳያት ድማ ምክልኻልን ምውጋድን ሕማማት እንስሳቀዳምነት ዝወሃቦ ጉዳይ ይኸውን።

ካብዚ ብምብጋስ ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ ቅድሚ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ወራር ዕንተት ምፍፃሙ ኣብ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ተመሓላለፍትን ዘይተመሓላለፍትን ሕማማት እንስሳ ትኹረት ገይሩ ይሰርሖ ብዝነበሩ ዝተዋደዱ ስራሕቲ ዝለዓለ ለውጢ እናተመዝገበ ፀኒሑ እዩ። ካብ ታሕቲ ክሳብ ላዕሊ ብዝነበረ ስጡም ሰንሰለታዊ ምትእስሳር፣ ኣብ ኩለን ማእኸላት ሕክምና እንስሳን ኣብያተ ፅሕፈት ሕርሻን ከምኡ እውን በቢእዋኑ ይግበሩ ብዝነበሩ ዳህሳሳት ስለዝነበረ እቲ ሓደጋ ዝነኣሰ እዩ ነይሩ። በቲ ዝመፅእ ዝነበረ መረዳእታ ኣቢልካ ዝተፈለየ ነገር እንተሃልዩ ቀልጢፍካ ዝብፀሐሉ መስርሕ ተዘርጊሑ ኣብ ቀረባ ተመዲቡ ግልጋሎት ዝህብ በዓል ሞያ ጥዕና ከይዱ ከረጋግፅን ክከታተልን ብምግባር ስራሕቲ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ብዝተዋደደ መንገዲ ተሰሪሑ እዩ።
ብፍላይ ኣብ ቅድመ ምክልኻል ትኹረት ገይርካ ብዝወሃቡ ዝነበሩ ክታበታት ኣብ ምዕቃብ ጥዕና እንስሳትን ምቁፅፃር ተመሓላለፍቲ ሕማማትን ርኡይ ለውጢ ተመዝጊቡ እዩ። ካብዚ ሓሊፉ ንዝርአዩ ሕማማት ድማ ኣብ እንስሳን ሰብን ሓደጋ እንተየብፅሑ ግልጋሎት ሕክምና ይወሃብ ነይሩ። ከምዚኦም ዝበሉ ሰፋሕቲ ስራሕቲ ቅድመ ምክልኻል ይሰርሑ ስለዝነበሩ ካብ ዓቕሚ ምቁፅፃር ንላዕሊ ዝኾኑ ብመልክዕ ለበዳ ዝለዓሉ ተመሓላለፍቲ ሕማማት ዝፍጠርሉ ዕድላት ትሑት ክኸውን ኪኢሉ እዩ።
ይኹን እምበር ኣብ ትግራይ ብዝፈፀምዎ ቅሉዕ ወራርን ብዘንበርዎ ዕፅዋን ከባን ምኽንያት ትካላት ሕርሻ ጥራሕ እንተይኮነስ ኣብ ኩሉ መሓውርን ምንቅስቓስን ህዝቢ ትግራይ ዓብዪ ሃሰያ በፂሑ እዩ። ህዝብን መንግስትን ትግራይ ብፍላይ ድማ ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ ምስ መሓውራቱን ካልኦት መዳርግቲ ኣካላትን ብምውዳድን ኣብ ዝተረጋገአ ኩነታት ብምዃንን ብዝሰርሕዎም ዝነበሩ ስራሕቲ ስግኣት ጥዕና እንስሳትን ህዝብን ናብ ዘይኾንሉ ብርኪ ወሪዶም ዝነበሩ ሕማማት ኣብዚ ሐዚ እዋን ዓብዩ ስግኣት ኮይኖም ይርከቡ። ብፍላይ ኣብዚ ሐዚ እዋን እኹል መድሓኒት ብዘይምህላዉ በቢ እዋኑ ክውሃብ ዝግብኦ ክታበትን ሕክምናን ብምሉእነትን ብእዋኑን ኣይወሃብን ዘሎ። ብምኽንያት እዚ ቅድም ክብል ኣብ ትሕቲ ቁፅፅር ዝነበሩ፣ ከምኡ እውን ሕማማት እንትረአዩ ብቕልጡፍ ብምሕካም ዝርግሐኦም ተዓጊቶም ዝፀንሑ ሕማማት ኣብዚ ሐዚ እዋን ብሰፊሑ ይርአዩ ከምዘለዉ ኣብ ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ መተሓባበሪ ጉጅለ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ሕማማት እንስሳ ዶክተር መሰለ ተኸላይ ይገልፁ።
ኣብዚ ሐዚ እዋን ኣብ 2017 ዓ/ም ጥራሕ ካብ እንስሳ ናብ ሰብ ዝመሓላለፉ ከምኒ መገረም፣ ዕቡድ ከልቢ ዝበሉ ተላበድቲ ሕማማት፣ ከምኡ እውን ዕንፍርር ከፍቲ፣ ኣፍ መዓር፣ ጉልሓይ ከፍቲ፣ ጉልሓይ መሰል ጠለበጊዕን ካልኦትን ሓዊስካ ልዕሊ 26 ሕማማት እንስሳ ኣብ49 ወረዳታት ትግራይ ተራእዮም እዮም። ብዋናነት ህይወት እንስሳን ሰብን ዝቐዝፉ ዘለዉ ሕማማት መገረምን ዕቡድ ከልብን ብሰፊሑ እናተላብዑ ይርከቡ።ሕማም መገረም፣ "ባሲለስ ኣንትራክስ" ብዝብሃል ብዓይኒ ዘይረአ ታህዋስ ዝመፅእ ኮይኑ በዚ ሕማም ዝተጠቕዑ እንስሳት ቆርበቶም፣ ፀጉሮምን ካብ ኣካላቶም ዝወፅእ ፈሳስን ብምንኽኻእ ወይ ስግኦም ብምብላዕ ናብ ወዲ ሰብ ዝመሓላለፍን ዝቐትልን እዩ። በዚ ዓይነት ታህዋስ ዝሓመመ እንስሳ እንተተሓሪዱ ምስ ደም ብዝህሉ ምንኽኻእ ወይ ድማ ስግኡ እንትብላዕ ብቐጥታ ዝሓልፍ እዩ።
ካልእ ሕማም ዕቡድ ከልቢ (ራቢስ)፣ "ሊዛ" ብዝብሃል ቫይረስ ካብ ዝሓመሙ እንስሳት ዘቤትን ዘገዳምን ብንክሲት ናብ ሰብ ዝመሓላለፍ ሕማም እንትኸውን ስርዓት ነርቭ ሓንጎል ወዲ ሰብ ዘጥቅዕ ሓደገኛን ቀታልን ሕማም እዩ። እዚ ዓይነት ሕማም ኣብ እንስሳ ዘገዳምን ዘቤትን ክርአ ዝኽእል እኳ እንተኾነ ልዕሊ 95 ሚኢታዊ ሞት ዘጋጥም ግና ብሰንኪ ንክሲት በቲ ሕማም ዝተለኸፈ ከልቢ ዝመፅእ እዩ። ሕማም ዕቡድ ከልቢ ኣብ ትግራይ በቢዓመቱ እናተርኣየ ዝመፀ እኳ እንተነበረ ሕዚ ድማ ብዝለዓለ ብርኪ ተስፋሕፊሑ ይርከብ። እዚኦምን ካልኦትን ተመሓላለፍቲ ሕማማት ምክልኻልን ዝህልዎም ዝርግሐ ምዕጋትንዝከኣል ድማ እንስሳት ቅድሚ ምሕማሞም በቢእዋኑ ክታበት ክረኽቡ ብምግባር እዩ። በቲ ሕማም ዝተለኸፉ እንትርከቡ እውን ቅልጡፍ ግብረ መልሲ ምሃብን ምሕካምን የድሊ። ብመሰረት እዚ እንስሳት በቢዓመቱ ግቡእ ክታበት ክረኽቡን እኹል ክትትል ክግበረሎምን ይግባእ።
ይኹን እምበር ኣብዚ ሐዚ እዋን ከም ትግራይ ኣብ ቅድመ ምክልኻል ክስርሑ ዝግብኦም ስራሕቲ ክታበት ሕማማት እንትርአዩ ዝውሃብ ግብረ መልሲኣዝዩ ትሑት እዩ። ናይዚ ቀንዲ ምኽንያት ሕፅረት ቀረብ መድሓኒትን ኣብ ተበፃሕነት ዘጋጥም ዘሎ ፀገም መጓዓዝያን እዮም። ንኣብነት፣ ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ ካብ ሓምለ 2016 ዓ/ም ጀሚሩ ወፍሪ ክታበት ንምሃብ ካብ ፌደራል ክቐርበሉ ዝጠለቦ መድሓኒት ክታበት ብእዋኑን እኹል መጠንን ክረክብ ብዘይምኽኣሉ እዩ። ከም ቢሮ ክሳብ ታሕሳስ 2017 ዓ/ም ኣብ ዘሎእዋን ልዕሊ 80 ሚኢታዊ እንስሳት ክታበት ተመሓላለፍቲ ሕማማት ንምሃብ ትልሚ ተታሒዙ እኳ እንተነበረ እተን ዝርካበን እውን ኣብ ወርሒ ሕዳር ዘንጊዐን እየን መፂአን። ብምኽንያት እዚ ክሳብ ሐዚ ዘሎ ኣፈፃፅማ 69 ሚኢታዊ ጥራሕ እንትኸውን እቲ ክታበት ክሳብ መወዳእታ ሰነ ከምዝቕፅል የረድኡ።
ኣብዚ ከይዲ እዚ እውን ፀገማት እናጋጠሙ እዮም። እቶም ንክታበት ዝውዕሉ መድሓኒታት ናይ ዛሕሊ ሰንሰለት የድልዮም እዩ። ይኹን እምበር ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገለፀ ትካላት ጥዕና እንስሳ በቶም ፀላእቲ ስለዝዓነዋ እቲ መድሓኒት ክፅንሓሉን ክጓዓዕዛሉን ዝኽእላ መዝሓሊ (ፍርጅ) የብለንን። ካብዚ ብተወሳኺ ብምኽንያት ሕፅረት በጀት ሕድሕድ ወረዳ በቢዓመቱ ክሕዝኦ ካብ ዝግባእ መድሓኒት ትሕቲ 20 ሚኢታዊ እየን ዝሕዛ ዘለዋ። ብሰንኪ እዚ እተን ዝመፃ መድሓኒት ንውስናት እንስሳ ጥራሕ ስለዝውዕላ በቢእዋኑ ንዝረኣዩ ሕማማት ንምክልኻልን ንምሕካምን ማሕንቖ ኮይኑ ይርከብ። ከምኡ እውን ሕፅረት መጓዓዝያን ነዳድን ብምህላዉ ናብ ሕድሕድ ናቑጣ ብምኻድ ክታበት ንምሃብን ንምክትታልን ኣፀጋሚ ዝኾነሉ ኩነታት ኣሎ። ብምኽንያት እዚ ኣብ ቅድመ ምክልኻል ክዋቡ ዝግብኦም ክታበታት ብምሉእነት ዘይምትግባሮም ኣብዚ ዓመት ጥራሕ 26 ዓይነታት ሕማም እንስሳ ዝተርኣዩ እንትኾኑ ሐዚ ድማ ሸሞንተ ሕማማት ኣብ ኣብዝሓ ከባቢታት ትግራይ ሓደጋ እናብፅሑ ይርከቡ።
ብሰንኪ እዞም ሕማማት ኣብ 2017 ዓ/ም ልዕሊ 19,000 እንስሳ ዘቤት ብዝተፈላለዩ ዓይነታት ሕማም ዝተጠቕዓ እንትኾና ልዕሊ 4,400 ዝኣኸላ ድማ ሞይተን እየን። እዚ ድማ ኣብ መፍረያይነት ሃፍቲ እንስሳ ሓደጋ ዘብፅሑን ኣብ ሓረስታይ ድማ ቁጠባዊ ቅልውላው ዘስዕቡን ዘለዉ ሕማማት ምዃኖም ዘመላኽት እዩ። ብካልእ ገፅ ሕብረተሰብና እንስሳዝሞቶ ወገኑ ንምሕጋዝ ብዝብል ኣተሓሳስባ ስጋ ዝገዝኣሉን ዝማቐለሉን ልምዲ ኣሎ። ብምዃኑ ድማ እቲ እንስሳ ብምንታይ ከምዝሞተእንተይኣፃረኻን እንተይሓከምካን ዝብላዕ ስለዝኾነ ብፍላይ ካብ እንስሳ ናብ ሰብ ብዝመሓላለፉ ሕማማት ዝጥቃዕን ዝመውትን ሰብ ቁፅሪ ንምግማቱ ዘፀግም ኣይኮነን።
ከምቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ ኣብ ክሊ ዘለዉዎ ሕፅረት በጀትን መድሓኒትን ኮይኑ ነዞም ኣብ ጥዕና እንስሳ ጉድኣት ዘብፅሑ ዘለዉ ሕማማት ንምክልኻል እናሰርሐ ይርከብ። ብዋናነት ምስ መንግስቲ ፌዴራል ብዝተገበረ ተደጋጋሚ ዘተን ምርድዳእን ንከባቢ 18 ነጥቢ ሓሙሽተ ሚልዮን ዝኣኸላ እንስሳ ክታበት ንምሃብ ትልሚ ሐዙ ዝነበረ እንትኸውን ዛጊድ ን12 ነጥቢ ክልተ ሚልዮን (65 ሚኢታዊ) እንስሳት ክታበት ተዋሂቡ እዩ። እቲ ትልሚ ካብ ወርሒ ሓምለ 2016 ዓ/ም ክሳብ ታሕሳስ 2017 ዓ/ም ኣብ ዘሎ እዋን ክውሃብ ዝግበኦ እንተነበረ እውን እቲ መድሓኒት ቀልጢፉ ኣብ እዋኑ ብዘይምምፅኡ ካብ ወርሒ ሕዳር 2017 ዓ/ም እዩ ጀሚሩ። ካብዚ ብተወሳኺ እቲ ዝተውሃበ ክታብት ኣብ መላእ ትግራይ ምስ ዘለዋ በዝሒ እንስሳ እንትነፃፀር ሕፅረት ቀረብ መድሓኒት ደሪትዎ ብውሱን ዝተትሓዘ ትልሚ ምዃኑ ምርዳእ ይከኣል።
ካብዚ ሓሊፉ ንመዐደጊ መድሓኒትን መጓዓዝያን ዝኸውን ሕፅረት በጀት ንምፍታሕ ምስ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ምርድዳእ ዝተገበረ እኳ እንተኾነ ክሳብ ሐዚ ብተግባር ዝተፈፀመ ነገር ግን የለን። ኣብ እንስሳ ዝልዓሉ ሕማማት ልምዓት ሃፍቲ እንስሳ ዝኾልፍ፣ ቁጠባውን ማሕበራውን ቅልውላው ዘስዕብ ካብዚ ሓሊፉ ድማ ኣብ ጥዕና ደቂ ሰባት ዘምፅእ ሓደጋ ዝለዓለ እዩ። ስለዚ እቲ ፀገም ዝለዓለ ምዃኑ ብምግንዛብ እንስሳ ቅድሚ ምሕማመን እኹል ክታበት ክረኽባን ውሕስና ጥዕና ህዝቢ ንምሕላውን ዘኽእል በጀት ምምዳብ ግድን ይኸውን።

ካብዚ ብተወሳኺ ሓረስታይ ትግራይ ኣብ እንስሳቱ ዝኾነ ዓይነት ሕማም ወይ ምልክት ሕማም እንትርአ ኣብ ከባቢኡ ንዝርከቡ ሰብ ሞያ ሕርሻን ጥዕና እንስሳን ክሕብር ይግባእ። ካብዚ ሓሊፉ እውን ክሳብ ላዕሊ እኹል ሰንሰለታዊ ሓበሬታ ክህሉ ምግባር የድሊ። ካልእ በቢእዋኑ ኣብ ዝወሃቡ ክታበታት እንስስኡ ከኽትብ ኣለዎ። ሕማም ዕቡድ ከልቢ ንምክልኻልን ምቁፅፃርን ድማ ኩሉ ከልቢ ዘለዎ ሰብ ካብ ገዛ ንከይወፁ ክኣስርን ጥዕንኦም ክከታተልን ይግባእ። ካብዚ ብተወሳኺ በዓል ዋና ዘይብሎም ኣኽላባት ንኽውገዱ ናብ ቤት ፅሕፈት ሕርሻ ወይ ቤት ማዘጋጃ ምፍላጥ ከምኡ እውን ምስ እንስሳ ዝህልው ምንኽኻእ ብምንካይ በቲ ሕማም ካብ ዝመፅእ ሞት ምድሓን ይከኣል እዩ።
ካልእ ሕብረተሰብና ዘይበሰለ ስጋ ክበልዕ ኣይብሉን። ብሕማም ዝሞተ እንስሳ ምሉእ ብምሉእ ክቕበር እምበር ፍፁም ክብላዕ ኣይግባእን። ንምትሕግጋዝ ተባሂሉ ዝግበር ቀረመት ስጋ ካብ እንስሳ ናብ ሰብ ዝመሓለለፉ ሕማማት ኣብ ዝሓፀረ እዋን ዝላባዕን ዝቐትልን እዩ። ስለዚ ናይ ምትሕግጋዝ ተግባርና ዝሞተ እንስሳ ብምግዛእን ብምብላዕን እንተይኮነስ ብገንዘብን ካልእን ክንሕግዝ ኣለና።ከምኡ እውን እንዳ መሸጢ ስጋ (ሰብ ልኳንዳ) ንጥዕና ሕብረተሰብ ሓሲቦም ኣብ ስሩዕ መሕረዲ ቦታን ዝተመርመረ እንስሳን ከቕርቡ ከምዝግባእ የተሓሳስቡ።
ብሓፈሻ ኣብዚ ሐዚ እዋን ኣብ ኣብዝሓ ከባቢታት ትግራይ ዝርአዩ ዘለዉ ተማሓላለፍቲ ሕማማት እንስሳ ኣብ ምስሳን ሃፍቲ እንስሳን ጥዕና ህዝብን ዘብፅሕዎ ዘለዉ ሓደጋዝለዓለ እዩ። እዚ ሓደጋ ኣብ ቁጠባዊ ዓቕሚ ሓረስታይ ካብ ዝስዕብዎ ቅልውላው ብተወሳኺ ህዝብና ግዳይ ሕማማትን ሞትን እናገበርዎ ይርከቡ። ኣብ እዋን ሰላም ይሰርሑ ብዝነበሩ ስራሕቲ ምክልኻል ሕማማት እንስሳ ስግኣት ናብ ዘይኾንሉ ብርኪ ወሪዶም ዝነበሩ ተመሓላለፍቲ ሕማማት ኣብዚ ሐዚ እዋን ደጊሶም ኣብ ብርክት ዝበሉ ከባቢታት ትግራይ ዝረኣይሉ ኩነታት ምፍጣሩ ኣዝዩዘተሓሳስብ እዩ። ስለዚ ኣብ ምድሓን ህይወት እንስሳን ህዝብን ትግራይ ክግበሩ ዝግብኦም ስራሕቲ ቅድመ ምክልኻል ዘድሊ በጀት ምምዳብን ምስራሕን ይጠልብ። ከምኡ እውን ነተን ዝርካበን መድሓኒታት ክታበት ብኣግባቡን ብእዋኑን ኣብ ጥቕሚ ክውዕላ፣ በቢብርኩ ዘለዉ ሰብ ሞያን ኣመራርሓን ግንዛበ ክፈጥሩ ግቡእ ደገፍን ክትትልን ክገብሩ ይግባእ ንብል።

ኩሎም ኣማራፅታት ማይ ብምጥቃም ድርቅን ጥምየትን ንከላኸል!

ትእምት

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ትካል እግሪ ምትካል ትግራይን (ትእምት) ዝዳሎ መደብ

ፀለመ ነወግድ ትካላትና ንዓቅብ!

ትእምት ብ1987 ዓ/ም ብዕሊ እንትጣየሽ ቀንዲ ዕላምኡን ምዝገባኡን ኣብ ስራሕቲ ዳግመ ህንፀትን ሕውየትን ትግራይ ትኹረት ሂቡ ንምድጋፍ እዩ። ከምቲ በቢእዋኑ እናተገለፀ ዝፀንሐ መበገሲ ሃፍቲ ትእምት ኣብቲ ዝሓለፈ ዕጥቃዊ ቃልሲ 17 ዓመት፣ ህዝቢ ትግራይ ነቲ ቃልሲ ንምዕዋት ካብ ዘዋፅኦ፣ ኣብ ውሽጢ ዓድን ወፃእን ዝነበሩ ደገፍቲ እቲ ቃልሲ ከምኡ እውን ካብ ፀላኢ ዝተመንዘዐ ንብረትን ገንዘብን ተኣኻኺቡ ዝመፀ ሃፍቲ እዩ። ድሕሪ ምድምሳስ ስርዓት ደርግ (1983 ዓ/ም) እቲ ብጥረ ገንዘብን ብንብረትን ዝነበረ ሃፍቲ፣ ሃፍቲ ህዝቢ ትግራይ ስለዝኾነ ንህዝቢ ትግራይ እግሪ ክተክልን ዕድል ስራሕ ክፈጥርን ብዘኽእል መንገዲ ንህዝቢ ትግራይ ክውፈ ከምዝለዎ ታሪኻዊ ውሳነ ብምውሳን ትካላት ትእምት ክጣየሹ ተገይሩ። በቶም ትካላት ዝፍጠር ሃፍቲ ድማ፣ ፕሮጀክትታት ብምቕራፅ ሓዱሽ ኢንቨስትመንትን ሃፍትን ክፈጥሩ ዝኽእሉ ተወሰኽቲ ትካላት ምጥያሽ ከምኡ እውን ኣብ ስራሕቲ ምግባረ ሰናይ ክነጥፉ ዕላማ ዝገበረ ኣንፈት ተቐሚጡ እዩ። ብመሰረት እዚ ኣብ ትሕቲ ትእምት ኮይኑ ኣብ ምድጋፍ ማሕበራውን ቁጠባውን ምንቅስቓስ ህዝቢ ትግራይ ትኹረት ገይሩ ዝሰርሕ ቤት ፅሕፈት ምግባረ ሰናይ ትእምት ብምጥያሽ ናብ ስሩዕ ምምንቅስቓስ ኣትዩ።

ኣብዚ ሐዚ እዋን ቤት ፅሕፈት ምግባረ ሰናይ ትእምት ደገፍ ዝገብረሎም ስድራ ስውኣት ኣብቲ ናይ 17 ዓመት ብረታዊ ቃልሲ ደቆም፣ ሰብ ሓዳሮም፣ ወለዶም ዝሰኣኑ ወገናት እዮም። እዞም ስድራ ስውኣት ንምሕጋዝ ምስ ቢሮ ማሕበራዊ ጉዳይን ደደቢት ማይክሮ ፋይናንስን ብምትሕብባር ዝተፈላለዩ ስራሕቲ እናሰርሐት ትርከብ። ብዋናነት ቢሮ ማሕበራዊ ጉዳይን መሓውሩን ከምኡ እውን ኣመራርሓን ኣብያተ ምኽርን ጣብያታትን ወረዳታትን ብምዃን ኣብ ቁጠባዊ ፀገምን ኣካላዊ ዕብየትን ዘለዉ ስድራ ስውኣት እናተመልመሉ ሓገዝ እናተገበረሎም መፂኡ። ብመሰረት እዚ ብማእኸላይ ን8,287 ስድራ ስውኣት በቢዓመቱ በጀት እናመደበ ወርሓዊ ድጎማ እናገበረ ይርከብ። ቅድም ክብል ክሳብ ሚያዝያ 2011 ዓ.ም ብር 450 ዝነበረ ወርሓዊ ክፍሊት ሓገዝ ስድራ ስውኣት ካብ ወርሒ ግንቦት 2011 ዓ/ም ጀሚሩ ናብ ብር 650 ክዓቢ ተገይሩ እዩ። ንኣብነት፣ ኣብ በጀት ዓመት 2016 ዓ/ም ብር 64,935,650 ወፃኢ ብምግባር ኣብ ኣርባዕተ ዙር ደገፍ ተገይሩ። ይኹን እምበር በቢጊዜኡ እናወሰኸ ይኸይድ ምስዘሎ ቁጠባዊ ዝቕባበ እንትነፃፀር እቲ ንስድራ ስውኣት ዝወሃብ ዘሎ ሓገዝ እኹል ኣይኮነን።

እቲ በቢወርሑ ንስድራ ስውኣት ዝወሃብ ሓገዝ ምስቲ ናህሪ ዋጋ ተኣሳሲሩ ኣዝዩ ትሑት ስለዝኾነ ኣብ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት ከምኡ እውን ናይ ዝተፈላለዩ ዓለም ለኸ ትካላት ተመክሮ ብምርኣይን ብምውሳድን ንክመሓየሽ እናተሰርሐ ፀኒሑ እዩ። ብመሰረት እዚ ኮሚቴ ማኔጅመንት ትእምት ብዝሃቦ መበገሲ መፅናዕቲ ካብ ወርሒ ጥቅምቲ 2017 ዓ/ም ምምሕያሽ ብምግባር ሕድ ሕድ ስድራ ስውኣት 1,200 ብር ወርሓዊ ድጎማ ክግበረሎም ብምውሳን ናብ ተግባር ከምዝተኣተወ ምክትል መካየዲ ስራሕ ቤት ፅሕፈት ምግባረ ሰናይ ትእምት ኣይተ ኣብረሃለይ ኣስመላሽ ይገልፁ።

ይኹን እምበር ምስቲ ዘሎ ቁጠባዊ ቅልውላውን በቢእዋኑ ዝውሰኽ ዘሎ ናህሪ ዕዳጋን እቲ ዝወሃብ ድጎማ እኹል ዝበሃል ኣይኮነን። ምኽንያቱ እዞም ወገናት ኣብቲ ናይ 17 ዓመት ብረታዊ ቃልሲ ደቆም ዝኸፈሉ፣ ጠዋሪ ዘይብሎም፣ ኣብ ከቢድ ቁጠባዊ ቅልውላው፣ ፀገም ጥዕናን ምድፋእ ዕድመን ዝርከቡ ወለዲ እዮም። ኣብ ልዕሊ እዚ ገለገሊኦም መንበሪ ገዛ ዘይብሎም፣ እኹል ምግቢ፣ ሕክምናን ካልኦትን ብኣግባቡ ዝረኽቡ ኣይኮኑን። ነዞም ስደራ ስውኣት ምሕብሓብ ሓላፍነት ኩሉ ሕብረተሰብ እኳ እንተኾነ ትእምት ህይወት እዞም ስድራ ስውኣት ኣብ ምዕቃብ ትኹረት ሂቡ እናሰርሐ ይርከብ።

ብመሰረት እዚ ቤት ፅሕፈት ምግባረ ሰናይ ትእምት፣ ትካላት ትእምት ብዝምድብዎ ዝተወሰነ ዓቕሚ ምስ ቢሮ ማሕበራዊ ጉዳይን ማይክሮ ፋይናንስ ደደቢትን ብምዃን ወርሓዊ ድጎማ እናገበረ መፂኡን ኣሎን። ኣብዚ ከይዲ ዝተዋደደ ስራሕ ዝስራሕ ኮይኑ ቤት ፅሕፈት ምግባረ ሰናይ ትእምት ንድጎማ ዝኸውን ገንዘብ ኣብ ምቕራብ፣ ቢሮ ማሕበራዊ ጉዳይ ትግራይ ድማ በቢ ወረድኡ ዘለዉ ፅጉማት ስድራ ስውኣት መልሚልካ ኣብ ምቕራብ ስራሕ መቐሎ ብምሓዝ ኣብ ምትግባር ይርከቡ። ትካል ማይክሮ ፋይናንስ ደደቢት ድማ ናይ ሕድሕድ ተሓጋዛይ መኽፈሊ "ፔሮል" ብምስራሕ ብቐረባ ዝኽፈለሉ ኩነታት ኣመቻቺዩ እዩ። ኣብዚ ከይዲ እዚ ብርክት ዝበሉ ፀገማት የጋጥሙ እዮም። ንኣብነት፣ መብዛሕቲኦም ተሓገዝቲ ስድራ ስውኣት ብዕድመ ዝደፍኡ ስለዝኾኑ ናብ ናይ ደደቢት ክፍሊት ማእኸል ንምኻድ ይሸገሩ እዮም። ብርክት ዝበሉ ኣብ ሕማምን ኣብ ጎኒ ማእስን እዮም ዘለዉ። ወከልቶም እውን እንተኾነ ቁፅሮም ዘይነዓቑ ብኣግባቡ ስለዘይከታተልዎም ብእዋኑ ድጎማኦም ክረኽቡ ዘይምግባር ኣሎ። ካብዚ ሓሊፉ ብህይወት እንትሓልፉ ክረኽብዎም ዝግባእ ዝተወሰኑ ሓገዛት ንምርካብ ዕድል ዝስእንሉ ኩነታት የጋጥም እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ ርሕቕ ዝበሉ ከባቢታት ዘለዉ ስድራ ስውኣት ክረኽብዎ ዝግባእ ሓገዝ ዘይውስዱ ኣለዉ። ነዚኣቶም ብዝግባእ ኣሊሽካ ወርሓዊ ድጎማ ክወስዱ ኣብ ምስራሕ ብምኽንያት ሕፀረት መጓዓዝያን ነዳድን ከምኡ እውን ንፁር ኣድራሻ ስልኪ ብዘይምህላዎም ክርከቡ ኣይከኣሉን። እዞም ወገናት እዚኦም ኣብ ዝተረኽብሉ እዋን እኩብ ኣቢልካ ንምሃብ ዝግበር ፃዕሪ ኣሎ። ስለዚ ኣብዚ መዳይ ናይ ጣብያ መራሕትን ኣብያተ ፅሕፈት ማሕበራዊ ጉዳይን ክሰርሑ ከምዝግባእን የረድኡ።

ትእምት ብዘለዎ ዓቕሚ ገንዘብ ክንዲ ዝከኣል በቢዓመቱ በጀት እናፅደቐ ነዞም ስድራ ስውኣት ብቐፃልነት ንምድጋፍን ይሰርሕ ኣሎ። ናይዚ መርኣያ ድማ ንስድራ ስውኣት ዝድጉሞ ወርሓዊ ገንዘብ ካብ እዋን ናብ እዋን እናወሰኸ ይኸይድ ምህላዉ እዩ። ይኹን እምበር እቲ ክፍሊት ሕዚ እውን ንዘለዎም ቁጠባዊ ፀገም ዝፈትሕን ዝምጥንን ኣይኮነን። ይትረፍ ብዕድመ ንዝደፍኡን ካልእ ጠዋሪ ዘይብሎምን ስድራ ስውኣት ነቲ ምሉእ ኣካል ዘለዎ፣ ሰሪሑ ክኣቱ ዝኽእል ሰብ እውን እንታይ ዓይነት ቁጠባዊ ጉድኣት ይበፅሖ ከምዘሎ ግልፂ እዩ። ብፍላይ ብሰንኪ ኲናት ፅንተት ካብ ዞባታት ምዕራብ፣ ሰሜን ምዕራብ ከባቢ ፀለምቲ ከምኡ እውን ዞባ ደቡብን ካልኦትን ዝተመዛበሉ ወገናት ኣብ ማእኸላት መዕቖቢ ሰፈሮም ግዳይ ፀሓይን ቁርን ኮይኖም ይርከቡ። እዞም ወገናት መብዛሕትኦም ብዕድመ ዝደፍኡን ኣብ ርእሲኡ ድማ መጉዳእቲ ኣካል ዘለዎምን እዮም። ኣብ ኣብያተ ትምህርትን ቴንዳን ተዓቍቦም ክነብሩ ስለዝተገደዱ ድማ ኣብ ሓጋይ ፅሓይን ንፋስን፤ ኣብ ክረምቲ ማይን ቁርን እናተባረዮም ዝነበሮም ኣካላዊ መጉዳእቲ ረኺሲ እናፈጠረ ንስቓይ ዝሳጥሕሉን ንሕልፈተ ህይወት ዝቃልዕሉን ኩነታት ኣሎ።

ኣብዚ ሐዚ እዋን ዓቕሚ ትእምት በቲ ዝተፈፀመ ኲናት ፅንተት ከቢድ ዕንወትን ጉሕለትን ካብ ዝበፅሖም ትካላት ህዝቢ ተጠቀስቲ እዮም። ብርክት ዝበሉ ትካላት ትእምት ዓንዮም ሰራሕተኛታቶም ተበቲኖም። እቶም ምሉእ ዕንወት ዘይበፅሖም እውን ኣብ ሃገር ሸቐጦምን ግልጋሎቶምን ሒዞም ዝሰርሕሉ ዝነበረ ዕድል ተዓፅዩ ፀኒሑ፤ ሐዚ እውን መሊኡ ዝተኸፈተ ኣይኮነን። ብምኽንያት እዚኦምን ካልኦትን እኹል ስራሕ ሰሪሖም መፍረይቲ ዝኾንሉን ካብ ትርፎም ንቤት ፅሕፈት ምግባረ ሰናይ ትእምት ክገብርዎ ዝግባእ ሓገዝ ኣብ ምእታው ፀገማት ኣለዉ። ይኹን እምበር ብዝኾነ ይኹን መልክዑ ንስድራ ስውኣት ዝግበር ድጋፍ ኣብ ሕቶ ክኣቱ ስለዘይግባእ በታ ዘላ ዓቕሚ ደገፍ ክበፅሖም እናተገበረ እዩ። ብቐፃልነት እውን ቤት ፅሕፈት ምግባረ ሰናይ ትእምት ነቶም ስድራ ስውኣት ቀዳምነት ብምሃብ ደገፍ ከምዝግበር ኣይተ ኣብረሃለይ የረድኡ።

ምክትል መካየዲ ስራሕ ቤት ፅሕፈት ምግባረ ሰናይ ትእምት ኣይተ ኣብረሃለይ ኣስመላሽ

ትካላት ትእምት ብፀላእቲ ካብ ምዕናወን ብተወሳኺ ኣብዚ ሐዚ እዋን እተን ብውሱን ዓቕሚ ምንቅስቓስ ዝጀመራ እውን ብፍላጥ ይኹን ብዘይፍላጥ ስርሐን ብኣግባቡ ከይሰርሓ ዕንቅፋታት የጋጥመን ኣሎ። ኣይተ ኣብረሃለይ፣ "ትእምት ናይ ህዝቢ እዩ እንትበሃል ንሕድሕድና ተሸሪፉ ናብ ጁባና ብዝኣቱ ገንዘብ ዝልክዕ ሰብ ብዙሕ እዩ። እዚ ግና ስሕተት እዩ። ትእምት ብዝተወደበ መንገዲ ልምዓት የካይድ፤ ካብተን ትካላት ብዝርከብ ትርፊ ድማ ማሕበራዊ ፀገማት ህዝቢ ትግራይ ይፈትሕ። እዚ ማለት ትእምት ቤት ትምህርቲ፣ ትካላት ጥዕና ተሰሪሑ ንመንግስትን ህዝብን የረክብ። ቅድሚ ኲናት ፅንተት ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ትግራይ ህዝቢ ማእኸል ዝገበራን ግልጋሎት ክህባ ዝኽእላን ብርክት ዝበላ ትካላት ትምህርቲ፣ ጥዕናን ካልኦት ማሕበራዊ ትካላትን እናስርሐ ፀኒሑ እዩ። ማሕበራዊ ፀገማት ኣብ ምፍታሕ እውን ኣብ ምሕጋዝ ስድራ ስውኣት፣ ጉድኣት ኲናት፣ ደቒ ስውኣት፣ ተመዛበልትን ካልኦት ጥዕናዊ ፀገም ዘለዎም ኣካላትን ዋላ እኳ ውሱን ይኹን ብዘለዎ ዓቕሚ ኣብ ምሕጋዝ ፀኒሑን ኣሎን" ይብሉ።

ይኹን እምበር እዚ ምንቅስቓስ ብዘይምግንዛብ ገሊኡ ብምፍላጥ ገሊኡ ድማ ብዘይ ምፍላጥ ኣብ ትካላት ትእምት ሰፊሕ ወፍሪ ፀለመ እንተካይድ ይርአ። ኣብ ውሽጢ ትእምት ፅቡቕ ዝሰርሕ ሰብ ኣሎ። ድኽመት ዘለዎ ሰብ እውን ኣሎ። ይኹን እምበር እቲ ውልቀ ሰብን ትካልን ፈሊኻ ኣብ ምርዳእ ግና ዓብዪ ፀገም ኣሎ። ስለዚ ትካላት ትእምት ፍረ ቃልስን መስዋእትን ህዝቢ ትግራይ ምዃነን ምርዳእ የድሊ። ኣብኣተን ዝርአ ፀገም እውን "ናይ ኩልና እዩ" ብዝብል ኣተሓሳስባ ውልቀ ሰባት ብዝፈጠርዎ ፀገምን ብዘበላሸውዎ ስራሕን ከም ትካል ምፅላምን ክዳኸማ ምሰራሕን ግና ኣግባብነት የብሉን። ከምውልቀ ሰብ ዘበላሸወ ክሕተት ይግባእ እምበር ከምትካል ኣሕልፊና ንፀላእቲ ክንህበን ኣይግባእን። ስለዝኾነ ዘለዉ ጉድለታት እውን በቢእዋኑ ብዝገብሩ ገምጋማትን ከምኡ እውን ቃልሲ ህዝቢ ተሓዊስዎ ክፍታሕን ውሽጣዊ ዓቕምታተን ክጠናኸርን ምስራሕ ኣገዳሲ ምዃኑ ኣይተ ኣብረሃለይ የገንዝቡ።

ቀኝ ጌታ ተካ ኪዳኑ ኣቦ ስውእ ነባሪ ከተማ መቐለ ክፍለ ከተማ ቀዳማይ ወያነ እዮም። እዞም ስድራ ስውእ ውላዶም ኣብ 1980 ዓ/ም ከምዝተሰወአ ይገልፁ። ሳላ መስዋእቲ ውላዶምን ካልኦት ደቂ ህዝብን ድማ ፋሽስታዊ ስርዓት ተቐንጢጡ ማዕርነት ብሄር፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ ተኸቢሩ ንዝሓለፉ 27 ዓመታት ኣብ ሰላምን ልምዓትን ከምዝነበሩ የረድኡ። ይኹን እምበር ደመኛታት ፀላእቲ ህዝቢ ትግራይ ድቃስ ስኢኖም ብልፍንቲ ኣብ ልዕሊኡ ፅንተት ፈፂሞም እዮም። ብሰንኪ እዚ ድማ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ዝለዓለ ፀገም ከምዝርከብ ይገልፁ። ብፍላይ ስድራ ስውእ ጠዋሪ ስኢኑ ኣብ ዝለዓለ ፀገም ከምዘሎ የረድኡ። ነዚ ፀገም ንምቅላል ትእምት ንስድራ ስውኣት በብወርሑ ሓገዝ ዝገብረሎም እንተኾነ ምስቲ ዘሎ ናህሪ ዕዳጋ ግና እኹል ከምዘይኮነ የገንዝቡ። ስለዝኾነ ትእምት ይኹን ካልኦት መንግስታውን ትካላት ገበርቲ ሰናይን ስድራ ስውኣት ዓብዩ ቆላሕታ ክህቡን ክሕግዙን ከምዝግባእ ተላብዮም።

ብድምር ትእምት ብዝሰርሖም ስራሕቲ ኢንቨስትመንት ብርክት ንዘበለ ማሕበረሰብ ብቀዋሚ ይኹን ግዝያዊ ስራሕ ዕድል ኣብ ምፍጣርን ተጠቃምነት ኣብ ምርግጋፅን ዝለዓለ ግደ ኣለዎ። ኣብ ዙርያ ስራሕቲ ምስፍሕፋሕ ኢንቨስትመንትን ውፅኢታቶምን ዝዓሰሉን ዕድል ስራሕ ዝፈጥሩን ዜጋታት ብርክት ዝበሉ እዮም። ከምኡ እውን ኣብ ዳግመ ሕውየት ማሕበራውን ቁጠባውን ትግራይ ዝገብሮ ዘሎ ኣብርክቶ ልዑል ምዃኑ ምግንዛብ የድሊ። ካብዚ ብተወሳኺ ካብተን ትካላት ብዝርከብ እቶት ንስድራ ስውኣት፣ ጉድኣት ኲናት፣ ሓርበኛታት፣ ተመዛበልትን ዝገብሮ ዘሎ ሓገዝ ቀሊል ኣይኮነን። እዚ ዝትግበር ዘሎ እተን ትካላት ብምህላወን እዩ። ስለዚ ትካላት ትእምት ንህዝቢ ትግራይ ዝህልወን ረብሓን ይገብርኦ ዘለዋ ሰናይ ተግባርን ብዝግባእ ብምርዳእ ካብ ፀለመን ሕማቕ ተግባርን ወፂእና ትካላትና ክንዕቅብን ዝያዳ ክጠናኸራ ክንድግፍን ይግባእ።

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ትምህርቲ ትግራይን ዝዳሎ መደብ

ልዑል ባህጊ ...ንኡስ ትኹረት

ሓዳሪ ቤት ትምህርቲ ዓይነ ስዉራን መቐለ ብ 1985 ዓ/ም ዝተመስረተ መንግስታዊ ትካል እዩ። እዚ ቤት ትምህርቲ ኣብ ትግራይ ብሕታዊ ኮይኑ ንዝሓለፉ 32 ዓመታት ካብ ዝተፈላለያ ወረዳታትን ከተማታትን ትግራይ ዝመፁ ዓይነ ስዉራን ተምሃሮ ተቐቢሉ እናምህረን ከምዓይነ ስዉራን ክረኽብዎም ዝግባእ መሰረታዊ ግልጋሎታት እናሃበን ይርከብ። እዚ ቤት ትምህርቲ ክሳብ ቅድሚ ኲናት ፅንተት በቢዓመቱ ካብ 20 ክሳብ 30 ዝኾኑ ዓይነ ስውራን ተምሃሮ እናተቐበለ መፂኡ። ካብ ዝምስረት ጀሚሩ ድማ ካብ 500 ክሳብ 600 ዝኾኑ ዓይነ ስውራን ወገናት ኣምሂሩ ናብ ዝለዓለ ብርኪ ክፀበሑ፣ ዓርሶም ክኢሎም ሕብረተሰቦም ዘገልግልሉ ሞያን ክእለትን ክውንኑ ከምዝገበረ ርእሰ መምህር ሓዳሪ ቤት ትምህርቲ ዓይነ ስውራን መቐለ መምህር ልኡል ኣየሁ ይገልፁ።

መምህር ልኡል ኣየሁ
ርእሰ መምህር ሓዳሪ ቤት ት/ቲ ዓይነ ስውራን መቐለ

ከምዝፍለጦ ንጉድኣት ኣካል ብፍላይ ከዓ ዓይነ ስዉራን ተማሂሮም ሞያ ጨቢጦም ዓርሶም ዝኽእልሉ ዕድል እንተዘይፈጢርካሎም ሸኽሚ ወለድን ሕብረተሰብን ከምዝኾኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ስለዚ ካብ መጀመርታ ክረኽቡዎ ዝግባእ ትምህርቲ፣ ክእለትን ሞያን ከምኡ እውን ካልኦት መሰረታዊ ድልየታትን ኣማሊእኻ ዓርሶም ክኢሎም ነቲ ሕብረተሰብ እውን ዘገልግልሉ ኩነታት ምፍጣር ኣገዳሲ እዩ። ብመሰረት እዚ ካብ ዝተፈላለዩ ከባብታት ትግራይ ናብቲ ቤት ትምህርቲ ዝኣትዉ ዓይነ ስውራን ወገናት ትምህርቲ፣ ምግቢ፣ መደቀሲ፣ ሕክምና፣ ናውቲ ፅሬትን ካልኦት ግልጋሎታትን ኣማሊኡ ክመሃሩ እናገበረ ይርከብ። ንኣብነት፣ ኣብቲ ቀፅሪ ቤት ትምህርቲ ነቶም ዓይነ ስውራን ተምሃሮ ብዝጥዕም ዝተዳለወ ቤተ መፅሓፍትን ማእኸል "ኣይሲቲ" (ኮምፒተር)ን ኣሎ።

ቅድሚ ኲናት ፅንተት ሓዳሪ ቤት ትምህርቲ ዓይነ ስውራን መቐለ ዝነበሮ ዓቕሚ ዝሓሸ እዩ ነይሩ። ምኽንያቱ ድማ ካብቲ ብመንግስቲ ዝምደበሉ በጀት ብተወሳኺ ካብ ትካላት ገበርቲ ሰናይ እውን ሓገዝ ይረክብ ብምንባሩ እዩ። ብፍላይ ምስ "ክርስትያን ብሪትሽ ካውንስል" ከምኡ እውን ካብ እስራኤልን ኣሜሪካን ዝመፁ ትካላት ገበርቲ ሰናይ ቀጥታዊ ርክብ እናገበረ ዝተፈላለዩ ሓገዛት ይረክብ ነይሩ። ካብዚ ዝብገስ ዝተረጋግዐ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ነይሩዎ። እቲ በጀት እውን ምስቲ ሽዑ ዝነበረ ዝተረጋግዐ ኩነታት ዕዳጋ ዝኸይድ ብምንባሩ ተምሃሮ ዝሓሸ ግልጋሎት ይረኽቡ ከምዝነበሩ መምህር ልኡል የረድኡ።

ከምኣገላልፃ መምህር ልኡል፣ ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ኣርባዕተ ዓይነት ግልጋሎታት ኣለዉ። ሓደ፣ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ራብዓይ ክፍሊ ኣብ ቀፅሪ እቲ ቤት ትምህርቲ ኮይኖም ግልጋሎት ምግቢ፣ መደቀሲ፣ ናውቲ ትምህርትን ፅርየትን ተማሊኡሎም ዝመሃሩሉ እዩ። ካልኣይ፣ ካብ ሓምሻይ ክሳብ ሻምናይ ክፍሊ ድማ ግልጋሎት ምግቢ፣ መደቀሲ፣ ናውቲ ትምህርትን ፅርየትን ዝጥቀሙ ኮይኖም ትምህርቲ ግን ኣብ ቀረብኦም ኣብ ዘለዋ መንግስታዊ ኣብያተ ትምህርቲ (ኣብ ደገ) ዝመሃሩ እዮም። ብሳልሳይ ብርኪ፣ ካብ ታሽዓይ ክሳብ 12 ክፍሊ ድማ ገዛ ተኻርዮም ዝመሃሩ ኮይኖም ነቲ ክረኽብዎ ዝግባእ ግልጋሎታት ብገንዘብ ተተሚኑ (ሬሽን) ዝወሃቦም እዮም። እቲ ራብዓይ እውን ሕዱር ሕማም ዘለዎም ወይ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ምስወለዶም ኮይኖም ክመሃሩ ዝተፈቐደሎምን ናብ ዩኒቨርሲቲ ዝኣተዉን ዘድልዮም ወርሓዊ በጀት ብገንዘብ ዝወሃቦም ኣለዉ። ነዚኦም ኣርባዕቲኦም ደሚርካ እቲ ቤት ትምህርቲ ኣብዚ ዓመት ንልዕሊ 200 ዝኾኑ ዓይነ ስውራን ወገናት ግልጋሎት እናሃበ ይርከብ። ካብዚኦም 22 ተምሃሮ ንዝሓሸ ዕድል ትምህርቲ ናብ ኣዲስ ኣበባ ዝተላኣኹ ኣለዉ።

ድሕሪ ኲናት ፅንተት ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ዝበፅሐ ሃሰያ ኣዝዩ ከቢድ እዩ። ብፍላይ ኣብ ስነ ልቦና ተምሃሮ ዘጋጠመ ሃሰያ ካብቲ ካሊእ ሕብረተሰብ ኣዝዩ ዝኸበደ ይገብሮ። ዓይነ ስዉርነት ዓርሱ ዝኸኣለ ጉድኣት ኣብ ልዕሊ ምኻኑ ብሰንኪ እቲ ኲናት ዝበፅሖም ተወሳኺ ሃሰያ ድማ ተስፋ ክቖርፁ ዘገድድን ሓያል ስነ-ልቦናዊ በሰላ ዝገደፈን እዩ ነይሩ። ንኣብነት፣ ኣብ እዋን ኲናት እዞም ወገናት ናይ ምብታን ሓደጋ ኣጋጢሙዎም እዩ። ብሰንኪ ኮሮና ናብ ወለዶም ምስከዱ ኣብ ሞንጎ ኲናት ተወሊዑ ከይተመለሱ ዝቐረዩ ኣለዉ። ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ዝፀንሑ እውን እንተኾነ ብሕፀረት ምግቢ ኣዝዮም ዝተፀገምሉን ንሓደጋ ምብታን ዝተቓልዑሉን ኩነታት ነይሩ። ይኹን እምበር ከምእኒ "ሰን ኢትዮጵያ"፣ "ኤስኦኤስ"ን ኣርቲስት ፅጌ ገ/ሂወት (ለምለም ዓይነይ)ን ዝኣመሰሉ ትካላት ገበርቲ ሰናይን ውልቀ ሰባትን ብዝገበርዎ ሓገዝ ውሱን ምርግጋዕ እናተፈጠረ መፂኡ ኣሎ።

ብዘይካ እዚ፣ ኣብቲ እዋን ኲናት ኣብ ከተማ መቐለ ብፍላይ እቲ ቤት ትምህርቲ ኣብ ዝርከበሉ ከባቢ ብፀላእቲ ከቢድ ደብዳብ ይካየድ ብምንባሩ ኣብ ስነ-ልቦና እቶም ተምሃሮ ከቢድ ሃሰያ ስነ ኣእምሮን ምጭንናቕን ኣብፂሑ እዩ። እቶም ምስወለዶም ዝፀንሑ እውን ኣብ ዝተፈላለዩ ከፋላት ትግራይ ብዝነበረ ኲናት፣ ደብዳብን ምምዝባልን ምኽንያት ካብ ወለዶም ዝፈላለዩሉን ዝጠፍኡሉን፣ ከሃድሙ ናብ ገደል ዝፀድፍሉን ኣካሎም ዝጎድልሉን ኩነታት ተፈጢሩ እዩ። ወለዶም ብፀላእቲ ዝተቐተሉዎም፣ ዝተፋትሑን ዝተበተኑን እውን ኣለዉ። ብሰንኪ እዚ ክሳብ ሕዚ ናብቲ ቤት ትምህርቲ ዘይተመለሱ ተምሃሮ ኣለዉ። እቶም ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ዘለዉ እውን እንተኾነ ብሰንኪ እቲ ኲናት ዝፈጠረሎም ስነ-ኣእምሮኣዊ ሃሰያ ኣብ ምቕባል ትምህርቲ ምዝሕሓል ስለዘሎ ዛጊድ ናብቲ ቅድሚ ኲናት ዝነበሮም ብቕዓት ክምለሱ ኣይከኣሉን።

እዚ ጥራሕ ዘይኮነ ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ብዝበፅሐ ዕንወትን ሃሰያን ከምኡ እውን ሕዚ ዘሎ ጭቡጥ ኩነታት ናህሪ ዕዳጋ ተወሲኹዎ ንምግብን ካልኦት ናውቲ ትምህርትን ምምላእ ኣብ ዘፀግም ኩነታት ይርከቡ። ብመንግስቲ ዝብጀት በጀት ዋላ እኳ እንተሃለወ እኹል ግን ኣይኮነን። ንኣብነት፣ ንሓደ ኣብ ውሽጢ እቲ ቤት ትምህርቲ ንዘሎ ተምሃራይ መዓልታዊ ብር 64 ነጥቢ 14 ብወርሒ ድማ 1,924 ብር እዩ በጀቱ። ኣብ ደገ (ካብቲ ቤት ትምህርቲ ወፃኢ) ኮይኑ ንዝመሃር ድማ መዓልታዊ 78 ነጥቢ 39 ብር ኮይኑ ብወርሒ ድማ 2,351 ብር እዩ። እዚ ንምግቢ፣ ንክራይ ገዛን ካልኦት ወፃኢታቶምን ዝሓወሰ ብምዃኑ ኣዝዮም ተፀጊሞም ይመሃሩ ከምዘለዉ ንምርዳእ ኣይኸብድን። ብፍላይ ኣብዚ ሕዚ እዋን እቲ ዝምደብ በጀትን ኣብ ባይታ ዘሎ ጭቡጥ ኩነታት ዕዳጋን ክመጣጠን ስለዘይከኣለ ከምቤት ትምህርቲ ብሰንኪ ሕፀረት ገንዘብ ሓደጋ ኣንፀላልዮዎም ከምዘሎ እዮም እቶም ርእሰ መምህር ዘረድኡ።

እዚ ከምዘሎ ኮይኑ ካልኦት ተወሰኽቲ ፀገማት እውን ኣለዉ። ንግልጋሎት መስተን ፅሬትን ዝውዕል ማይ መዓልታዊ ካብ ደገ ብ"ቦቲ" ብምዕዳግ እዮም ዝጥቀሙ። እቶም መምሃርን መደቀስን ክፍልታት እውን ሕድሳት ተገይሩሎም ኣይፈልጥን። መደቀሲ ተምሃሮ(ዓራት) እውን ዝኣረገን ዝተሰባበረን ስለዝኾነ ምቹውነት የብሉን። ብዘይካ እዚ ቅድሚ ኲናት ነቶም ዓይነ ስውራን ተምሃሮ መዓልታዊ ኩነታት ጥዕና ዝከታተሉ ኣርባዕተ ሰብ ሞያ ሕክምና ነይሮም። ሕዚ ግና ዋላ ሓደ በዓል ሞያ ሕክምና የለን። ስለዝኾነ ብዙሕ ወፃኢ እናተገበረ ናብ መንግስታውን ውልቀን ሆስፒታላት እናኸዱ ክሕከሙ ተገዲዶም እዮም። ምኽንያቱ መዓልታዊ ምሕማም፣ ምውዳቕን ቀሊልን ከቢድን ኣካላዊ ጉድኣትን ስለዘጋጥሞም ብቐረባ ዝከታተሉን ዝሕክሙን ሰብ ሞያ የድልዮዎም እዮም። ነዚ መሰረት ገይሩ እቲ ሓዳሪ ቤት ትምህርቲ ናብ ቢሮ ጥዕና ትግራይ ሕቶ ዝቐረበ እንተኾነ ክሳብ ሕዚ ግና ዝተውሃበ ምላሽ ከምዘየለ እዮም ዝገልፁ።

ኣብዚ ዘሎ መምህርን ድጋፍ ወሃብን ከምቲ ካሊእ ሰራሕተኛ መንግስቲ ኣብ መዓልቲ ንሸሞንተ ሰዓታት ጥራሕ ኣይኮነን ዝሰርሕ። ቀዳምን ሰንበትን ሓዊሱ ቀትርን ለይትን ብዘይ ዕረፍቲ ዝሰርሕ እዩ። ዝኽፈሎ ደመወዝ ግና ኣዝዩ ትሑት እዩ። ኣብ ልዕሊ እዚ ናይ 17 ኣዋርሕ ዘይተኸፈሎ መሃያ ኣሎ። እዚ ኩሉ ተደሚሩ ዝፈጠረሉ ቁጣባውን ስነ-ልቦናውን ሃሰያ ከቢድ ይገብሮ። እቶም ዓይነ ስውራን ተምሃሮ ካብቲ ቀፅሪ ወፂኦም ምስቶም ምርኣይ ዝኽእሉ ተሓዊሶም እንትመሃሩ ድማ ዘጋጥሞም ፀገም ኣሎ። ሓደ እቶም መምህራን ድልየቶም ኣይርድእሎምን። ንኣብነት፣ ኣብ ፀሊም ሰሌዳ ዝፅሕፍዎ ነቶም ዓይነ ስውራን ተምሃሮ ኣየንብቡሎምን። ስለዚ ንዕኦም ዝምጥን ከይዲ ወይ ኣገባብ ኣመሃህራ ኣይረኽቡን። ውፅኢቶም እንትርእ ግን ዋላ እኳ ናብቲ ቅድሚ ኲናት ዝነበሮም ኣቀባብላ ትምህርቲ ተመሊሶም እዮም እንተዘይተብሃለ ኣብ ፅቡቕ ብርኪ እዮም ዝርከቡ። ኣመራርሓ ቦርድ ዘይምእካብን ተወሃሂድካ ዘይምስራሕን ካሊእ ፀገም እዩ። እቲ ቦርድ ናይ ሸውዓተ ቢሮታት ምክትል ሓለፍቲ ዝሓዘ ኮይኑ ብምክትል ሓላፊ ቢሮ ትምህርቲ ዝምራሕ እዩ። እንተኾነ ግን ብምኽንያት ፃዕቒ ስራሕ ቀልጢፉ ተኣኪቡ ፀገማት እቲ ቤት ትምህርቲ ንምፍታሕ ዝገብሮ ምንቅስቓስ ትሑት እዩ። ንቐፃሊ ግን ተቐራሪብካን ተዋዲድካን ንምስራሕ ዝተትሓዘ ትልሚ ከምዘሎ መምህር ልኡል ይሕብሩ።

ሓዳሪ ቤት ትምህርቲ ዓይነ ስውራን መቐለ ልዕሊ 33 ሽሕ ካሬ ስፍሓት ኣለዎ። እዚ ብዙሕ ነገር ክስረሐሉ ዝኽእል እኹል ቦታ እዩ። እንተኾነ ግን ብዙሕ ትኹረት ክግበረሉ ብዘይምኽኣሉ ዝኣረጉ ህንፃታት ጥራሕ እዮም ዘለዉዎ። ምስካልኦት ኣብዛ ሃገር ዘለዉ ተመሳሰልቲ ኣብያተ ትምህርቲ እንትነፃፀር እውን ኣብ ዝተሓተ ብርኪ ዝስራዕ ምዃኑ እዮም እቶም ርእሰ መምህር ዝገልፁ። ስለዚ ነዛ ኣብ ትግራይ ብሕታዊት ዝኾነት ቤት ትምህርቲ ተወዳደሪትን ኩሉ ነገር ዘማለአትን ንክትኸውን ተሳትፎ ኩሉ ሕብረተሰብ ይጠልብ። ብፍላይ ፀገማት ምግቢ፣ ሕክምና፣ ፍርናሽ፣ ኣንሶላ፣ ዓራት፣ ናውቲ ፅርየት ወዘተ ምምላእ ግዜ ዘይህብ ጉዳይ እዩ። ኣብ ሓደ መደቀሲ ክፍሊ ክህሉ ካብ ዝግባእ ንላዕሊ ተኣኪቦም እዮም ዝነብሩ ዘለዉ። ስለዚ ንዕኦም ዝምጥን ደረጃኡ ዝሓለወ ህንፃ ምስራሕ ኣገዳሲ እዩ። ቀፂሉ ንዓይነ ስውራን ዝሕግዝ ቴክኖሎጂ ምምላእ የድሊ። ካብዚ ብምብጋስ ኣካላት መንግስቲ፣ ትካላት ገበርቲ ሰናይ፣ ውልቀ ሰብሃፍትን መላእ ሕብረተሰብን ብኣካል መፂኦም ነቲ ዘሎ ፀገም ብምርዳእ ኣድላይ ደገፍ ክገብሩሎም ከምዝግባእ ድማ ፃውዒቶም የቕርቡ።

ኣጠቓሊልካ እንትርአ ሓዳሪ ቤት ትምህርቲ ዓይነ ስውራን መቐለ ሒዙዎ ዝተበገሰ ዕላማን ኣብ ባይታ ብጭቡጥ ዘለዎ ዓቕምን ዝመጣጠን ኣይኮነን። ሓደ ክፋል ሕብረተሰብ ዝኾኑ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ብርሃን ዓይኖም ዝሰኣኑ ወገናት ከምቲ ካሊእ ሰብ ክመሃሩ፣ ሞያን ክእለትን ወኒኖም ሰሪሖም ክኣትዉ፣ ካብ ተጠዋርነት ክወፁን ዓርሶም ክኢሎም ንሕበረተሰቦም እውን ከገልግሉን ንምግባር ዓሊሙ እዩ ተጣይሹ። ይኹን እምበር ዝተውሃቦ ትኹረትን ዝምደበሉ በጀትን ኣዝዩ ትሑት እዩ። ክንድቲ ትፅቢት ዝግበረሉን ክንዲ ዕድሚኡን ግልጋሎት ሂቡ እዩ ኢልካ ንምውሳድ እውን ኣፀጋሚ እዩ። ምኽንያቱ ኣብ 32 ዓመት ብማእኸላይ ካብ 500 ክሳብ 600 ዓይነ ስውራን ተምሃሮ እዩ ግልጋሎት ሂቡ። ብብርኪ ክልል እውን ነዚ ዕድል ክረኽቡ ዝግብኦም ዓይነ ስውራን ወገናት ሰኣን ኣፍልጦን ምንኣስ ዓቕሚ እቲ ትካልን ኣብ ገዛ ተዓፅዮም ሸኽሚ ወለድን ሕብረተሰብን ኮይኖም ዝተረፉ ከምዘለዉ ርዱእ እዩ። ስለዝኾነ ዝግባእ ትኹረት ሂብካ፣ እኹል በጀት መዲብካ፣ ዘድሊ ናውትን ግልጋሎታትን ኣማሊእኻ ዓይነ ስውራን ወገናት ክረኽብዎ ዝግባእ ትምህርትን ሓገዝን ንክረኽቡ ኩሉ ዝምልከቶ ኣካል ነዚ ቤት ትምህርቲ ጠመተ ክህብ ይግባእ ንብል።

በይዛ ህዝቢ ዝሓለፍኩም ጀጋኑና ሕድርኹም ኣይነዕብርን!!

ተጋድሎ

ተዓጢቐም ዘዕጠቑ ጀጋኑ!

ቀዳማይ ክፋል

ብዝተጭበርበረ መንገዲ ናብ ኮረቻ ስልጣን ዘደየበ ስርዓት ብልፅግና ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ መርዝታት ፅልኣትን ፀለመን ምንዛሕ ዝጀመረ ኣብ ፅባሕ መዝነት ምዕታሩ እዩ። ከይወዓለ ከይሓደረ ናብ ስልጣን ደይቡ ከፈፅሞ ዝሓዘ ዕላማ ኣብ ልዕሊ ጀነራል ሰዓረን ገዛኢ ኣበራን ብቅንፀላ ሓደ ኢሉ ጀመሮ። ኣብ ምክልኻል ሃገር ዝነበሩ ተወለድቲ ትግራይ ንገሊኦም ብጥሮታ፣ ንገሊኦም ድማ ብብሄሮም ምኽን ያት ምብራርን ምእሳርን ኣጠናኺሩ ቐፀለሉ። ኣብዚ እዋን እዚ ነገራት ግልፂ እናኾኑ ከዱ። ስርዓት ብልፅግና እከይ ተግባሩ ብግልፂ ክፍፅሞ ጀመረ። ንዕኡ ዝመስሉ ሓይልታት ካብ ደገን ውሽጥን ኣተኣኻኺቡ ብምኽንያት ምኽባር ሕጊ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ወራር ክፍፅም ይሸባሸብ ምንባሩ ዝተጠራጠረ ኣይነበረን። ጀጋኑ ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓሓይለ ነቲ ኩነታት በብግዚኡ ብትኹረት ካብ ምክትታል ዓዲ ኣይወዓሉን። ስርዓት ብልፅግና እውን ናብ ስልጣን ካብ ዝመፅእ ኣትሒዙ ኣብ ትግራይ ፅቕጢ ምፍጣሩ ኣየቋረፀን። በተን ባዕሉ ዝቆፃፀረን ሚድያታቱ ኣቢሉ ንህዝቢ ትግራይን መሪሕነቱን ብሓሶት እናፀለመ ቀፀለ። ቁጠባውን ማሕበራውን ርክባት ህዝቢ ትግራይ እናዳኸመ ንኩናት ይሸባሸብ ከምዘሎ ብቕሊሉ ተረድኡ።

ስርዓት ብልፅግና ምስ ገለ መሻርኽቱ ኮይኑ ቅሉዕ ወራር ክጅምር ኣብ መላእ እታ ሃገር ዝነበረ ሰራዊቱ (እዝታቱ) ብኹሉ ኣንፈት ናብ ትግራይ ምፅጋዕ ጀመረ። ምልሻታት ሓሓይለ ነቲ ኩነታት ብምርዳእ ኣብ ዝሓፀረ ጊዜ ምድላው ክገብሩ ግድን ኮነ። ኣብ መወዳእታ 2012 ዓ/ም ድማ ንኣካላዊ ብቕዓቶም መሰረት ብምግባር "ብርኪ ሓደን ብርኪ ክልተን" ብዝብል ኣብ ክልተ ቦጦሎኒ ተወደቡ። 649 ኣባላት ምልሻ ብደረጃ ብርኪ ሓደ ኣብ ሓንቲ ቦጦሎኒ፣ 958 ድማ ብደረጃ ብርኪ ክልተ ኣብ ካልኣይቲ ቦጦሎኒ ተወደቡ። ካብ ክልቲኡ ውዳበ ወፃኢ ዝኾኑ ሰብ ዕድመ ከባቢኦም ክከታተሉ ተገብረ። ድሕሪ ምውዳቦም ዝሓሸ ዓቕምን ተመኩሮን ዝነበሮም ነባራት ዓቕሚ ካብ መሪሕነት ቦጦሎኒ ጀሚሩ ክሳብ መስርዕ ክመርሑ ሓላፍነት ተውሃቦም። እዘን ብብርኪ ሓደን ብርኪ ክልተን ዝተወደባ ቦጦሎኒ "በርጌድ ሓሓይለ" ዝብል መፀውዒ ስም ተውሃበን። ብድሕሪ እዚ ኩሉ ምልሻ ሓሓይለ ኣብ ሓፂር ጊዜ ፖለቲካውን ወታደራውን ዓቕምታቱ ንምዕባይ ዘኽእሎ ስልጠና ወሰደ።

ስርዓት ብልፅግና ምስ ፋሽስታዊ ስርዓት ሻዕብያ ምሽጥራዊ ምርድዳእ ገይሩ ሰራዊቱ ብኹሉ ኣንፈት ናብ ትግራይ ከእቱ ምድላዋቱ ምስወደአ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባብታት ትግራይ ብዝነበሩ ኣባላት ሰሜን እዝ ኣቢሉ 24 ጥቅምቲ 2013 ዓ/ም ቅሉዕ ኲናት ኸፈተ። ኣብዚ ዕለት እዚ በብከባቢኡ ምስዝነበሩ ውሱናት ኣባላት ፍሉይ ሓይሊ ትግራይ ብዕሊ ዝተጀመረ ኲናት ፅንተት ንብፅባሒቱ እውን ጠጠው ኣይበለን። ፀላኢ ተወሳኺ ሓይሊ በብመዓልቱ እናኸተተ ይዋጋእ ብምንባሩ እቲ ኲናት ብኹሉ ኣንፈት ተጠናኺሩ ቀፀለ። ጀጋኑ ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓሓይለ ግና ኣብ ከባቢኦም ኮይኖም ካብ ዝምልከቶ ኣካል ዝወርድ መምርሒ ካብ ምፅባይ ወፃእ ካልእ ኣማራፂ ኣይነበሮምን። ሓቦን ኒሕን ሰኒቖም ብሕራነ ተዳልዮም እናሃለዉ 27 ጥቅምቲ 2013 ዓ/ም ሃንደበት ሓደ ተልእኾ ተውሃቦም። እቲ ዝተውሃብዎ ተልእኾ፤ ፀላኢ ብኹሉ ኣንፈት ደፊኡ ናብ ማእኸል ትግራይ ወይ ናብ ከባቢኦም ቅድሚ ምእታው ኣብ ዘለዎ ክምኪት ይግባእ ዝብል እዩ ነይሩ።

ተልእኾኦም ምስፈለጡ ልፍንታውያን ወረርቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝኸፈትዎ ኲናት ቀንዲ ዕላምኡን ኩነታት ኣሰላልፋኦምን ዝምልከት 27 ጥቅምቲ 2013 ዓ/ም ድሕሪ ሰዓት ሓፂር ኦሬንቴሽን (ሓበሬታ) ተውሃቦም። ኦሬንቴሽን ምስተውሃቦም ናብ ከባቢ ገርሁ ስርናይ ተጓዒዞም ምስ ምልሻታት ኣሕፈሮም፣ እገላ፣ እምባሰነይቲ፣ ተምቤን ሓደ ግምባር ፈጢሮም ፀላኢ ክምክቱ ኣብ ምርድዳእ ተበፅሑ።

ኣብ ብርኪ ሓደ ዝተወደቡ ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓሓይለ ፀላኢ ንምክልኻልን ንምምካትን ዘኽእሎም ምድላው ዕጥቅን ስንቅን ገይሮም 28 ጥቅምቲ 2013 ዓ/ም ናብ ከባቢ ገርሁ ስርናይ ተጓዓዙ። ናብቲ ዝተብሃለ ቦታ ምስኣተዉ መደብ (ማጨዓ) ኣብ ዝበሃል ከባቢ ቦታ ሓዙ። ዕጥቆምን ስንቆምን ነቲ ኩነታት ብዝምጥን ምስትኽኻል ክገብሩ ኦሬንቴሽን ተውሃቦም። ፀላኢ ብኹሉ ኣንፈት ከቢድ ስዕረት ይበፅሖ ብምንባሩ ኣብ ከባቢ ገርሁ ስርናይ ዓዲ ዝነበረ ሰራዊት ብልፅግና "ክሃድም ይኽእል እዩ" ዝብል ግምት ብምንባሩ ቅድሚ ምህዳሙ "ከቢብካ ክውቃዕ ኣለዎ" ዝብል ምርድዳእ ተፈጠረ። በቲ ዝተገብረ ምርድዳእ ፀላኢ ናብ 29 ጥቅምቲ 2013 ዓ/ም ዘውግሕ ክውቃዕ ተወሰነ። ይኹን እምበር ፀላኢ ገርሁ ስርናይ ንፀጋም ገዲፉ ብማይ ሓማቶ፣ መብርድ ገይሩ ንኤርትራ ክሃድም ከምዝኽእል ኣቐዲሙ ዝተገበረ ፅንዓት ልክዕ ነይሩ። ቅልጡፍ ስጉምቲ ክውሰድ ብዘይምኽኣሉ ግና ልዕሊ ሓደ ክፍለ ሰራዊት ብልፅግና ምንቅስቓስ ወገን ኣቐዲሙ ስለዝፈለጠ ክይተወቕዐ ኣምለጠ። ገሊኡ ንኤርትራ ገሊኡ ናብ ዝገጠሞ ኣንፈት ክይተዋገአ ሃዲሙ ተበታተነ። ሸዑ ከባቢ 48 ዝኾኑ ወታደራት ብኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓሓይለ ተማረኹ።

ምልሻታት ሓሓይለ 30 ጥቅምቲ 2013 ዓ/ም ኣዕሪፎም ወዓሉ። ጎድና ጎድኒ ዕረፍቶም ካልእ ተልእኾ ክሳብ ዝወሃቦም ዘድሊ ወታደራዊ ምድላው ካብ ምግባር ኣይተቖጠቡን። ንብፅባሒቱ ካልእ ተልእኾ ተውሃቦም። ተልእኾኦም ኣብ ከባቢ ዕዳጋ ረቡዕ፣ ሰፍኣ፣ ሴሮን ክሳድ ኣውሊዕን ዓሪዱ ዝነበረ ሰራዊት ብልፅግና ምጥቃዕ እዩ። ቅድሚኡ ግን ፀላኢ ዘለዎ በዝሒ ሰራዊትን ኣፅዋሩን ምስቲ ዝሓዞ ድፋዕ ተዛሚዱ ኩነታቱ እንታይ ከምዝመስል ኩሉ ምልሻ ኦሬንቴሽን ክወሃቦ ተገይሩ እዩ። ናይ መን ሓይሊ በበይ ገይራ ናበይ ኣትያ ከምእተጥቅዕ፣ ናይ መን ሓይሊ ኣበይ ከምእትከላኸል፣ መን ቆሪፃ ከምትኣቱ ግልፂ ኾኑ። ክልተ ሕዳር 2013 ዓ/ም ፀላኢ ናብ ዝሓዞ ከባቢ ተፀጊዖም ሓደሩ። ክሳብ ኣፍንጭኡ ዘመናዊ ዕጥቂ ዝተዓጠቐ ልዕሊ ክልተ ክፍለ ሰራዊት ሓይሊ ፀላኢ ኣብ ሰለስተ ናቖጣ ዓሪዱ ብፍርሐን ራዕድን ይሳቐ ነበረ። ካብ ኣመራርሕኡ ጀሚሩ ክሳብ ተራ ወታደር መዓዝ፣ ብመንን ከመይን ክጥቃዕ ከምዝኽእል ጨኒቑ። ካብ ዝሓዞ ድፋዕ ወፅዩ ከይዋጋእ ዕፃ ናይቲ ኣብ ገርሁ ስርናይ ዝሃደመ ሓይሊ ከይበፅሖ ሰጊኡ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ሻቕሎትን ህውከትን እናሃለወ ጀጋኑ ኣባላት ምልሻ ሓሓይለ ናብ 3 ሕዳር 2013 ዓ/ም ዘውግሕ ሰዓት 11 ንጉሆ ብሃንደበት መጥቃዕቲ ከፈትሉ። ኣብ ተጠንቀቕ ዝነበረ ሓይሊ ፀላኢ ኩሉ ዓቕምታቱ ተጠቒሙ ክምክት ፈተነ። እንትኾነ ግን ንበርቃዊ ወቕዒት ጀጋኑ ምልሻታት ሓሓይለ ፈጺሙ ክፃወሮ ኣይከኣለን።

ጀጋኑ ምልሻ ወረዳ ሓሓይለ ኣብ ናይ መጀመርታ ተልእኾኦም ሓንቲ ኢ.ንፎርቲ.ን ዝተረፈ ክላሽን ሒዞም ከም መድፍዕ፣ ታንኪ፣ ዙ-23 ዝበሉ ዘመናዊ ኣፅዋራት ምስዝተዓጠቐ ሸሸ ሰራዊት ገጢሞም ሓመድ ገበሮ። ዝሓዝዎ ተተኳሲ (ጥይት) ውሑድ ብምንባሩ "ሓንቲ ጥይት ንሓደ ፀላኢ ከየውደቐት ክትባኽን እያ" ኢልካ ኣይሕሰብን። ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓሓይለ ናብዚ ውግእ እዚ ክኣትዉ እንተለዉ ፍሉይ ዝገብሮም ሓደ

ድፋዕ ወየንቲ መቓብር ወረርቲ ካብ ዝኾኑ ከባብታት ሓሓይለ ብኸፋል

ነገር ኣሎ። ካብቶም 649 ኣባላት ምልሻ ብርኪ ሓደ እቶም ልዕሊ 100 ዝኾኑ ብሰንኪ ሕፅረት ዕጥቂ ብረት ኣይሓዙን። መስዋእትን መቑሰልትን ከም ዝገጥሞም እናፈለጡ ግና ጥራሕ ኢዶም ናብ ውግእ ካብ ምእታው ንድሕሪት ኣይበሉን። ጥራሕ ኢዶም ድሕሪ ምእታዎም ገሊኦም ናይ ዝተሰውኡን ዝቖሰለን ብፃዮም ብረት ኣልዒሎም ገሊኦም ድማ ናብ ፀላኢ ጠንጒሆም ብምእታው ናይቲ ዝሞተ ፀላኢ ብረት ኣልዒሎም ተኣሽሑ። ፀላኢ ብመሪር ወቕዒት ናይቶም ጀጋኑ ተቐጥቂጡ ሰፍ ዘይብል ሰብኣውን ንዋታውን ክሳራ ተጎልበበ። ኣብዚ ውግእ ብኣማኢት ዝቖፀሩ ወታደራት ብልፅግና ምውታት ቁስላትን ምሩኻትን ኮኑ። ሰዓት 11 ናይ ንጉሆ ዝተጀመረ መጥቃዕቲ ከባቢ ሰዓት ሸውዓተ ናይ ቀትሪ ብዓወት ጀጋኑ ምልሻታት ሓሓይለ ተዛዘመ። ካብ መድፍዕን ታንክን ጀሚሩ ዝተፈላለዩ ማእኸለዎትን ፈኮስትን ኣፅዋራት ኣብ ትሕቲ ጀጋኑ ምልሻታት ሓሓይለ ክውዕሉ ግድን ኮነ።

ሰለስተ ሕዳር 2013 ዓ/ም ዝተገበረ ውግእ ኣብ ልዕሊ ፀላእን ወገንን ዝበፅሐ ክሳራ ፈጺሙ ዝመጣጠን ኣይኮነን። ኣብ ብርኪ ሓደ ዝተወደቡ ጀጋኑ ኣባላት ምልሻ ሓሓይለ ብዝገርም ፅንዓትን ትብዓትን ተዋጊኦም ፀላኢ ካብ ጥቓሚ ወፃኢ ገበርዎ። ፀላኢ ኣብዚ ውግእ ዝበፅሖ ክሳራ እንተርኣ፤ 252 ምውት፣ 452 ቁሱል፣ 758 ወታደራት ተማሪኾም ኢዶም ከህቡ ተገደዱ። ካብ ፀላኢ ዝተማረኸ ወታደራዊ ዕጥቂ (ኣፅዋር) ክትፅዘብ እንተለኻ በቶም ውሑዳት ግን ድማ ጀጋኑ ሰብ ስረ ምልሻታት ሓሓይለ ዝተፈፀመ ዓወት ምዃኑ እናፈለጥካ በዚ ተኣምራዊ ስርሒት "እማን ድዩ? እናበልካ ንገዛ ርእስኻ እትሓተሉ ፍፃመታት ትዕዘብ። እቶም ዝተማረኹ ከበድቲ፣ ማእኸለዎትን ፎኮስትን ኣፅዋራት ክትርኢ እንተለኻ ኣይኮኑን ፀላኢ ፈታዊ ንባዕሉ ኣብ ሓፂር ሰዓታት ክንድዚ ዝኣክል ብኽመይ ማሪኾዮ? ኢሉ ክጠራጠር ይግደድ። ኣብዚ ውግእ 155 መድፍዕ 5፣ 130 መድፍዕ 6 ወይ ሓደ ባትሪ፣ 122 መድፍዕ 6 ወይ ሓደ ባትሪ፣ ምስ ዝተኣ ዝነበራ ኦራላት ኣብ ኢድ ቁፅዕር ጀጋኑ ምልሻ ሓሓይለ ኣተወ። መዓዝ እዚ ጥራሕ - - - ሰለስተ ታንኪ፣ ኣርባዕተ ፓትሮል፣ ኣርባዕተ ኣቦጅ፣ ሓሙሽተ ድሻካ፣ ክልተ ሞርታር፣ 15 ብሬን፣ ኣርባዕተ ስናይፐር፣ 586 ክላሽን፣ ሽዱሽተ ተተኳሲ ክላሽን፣ ሓደ ብሬን ኣገልግል ዝዓይነቱ ኣፅዋር ብመስተንክራዊ ስርሒት እቶም ጀጋኑ ሓሓይለ ተመንዘዐ። ካብዚ ብተወሳኺ ሰለስተ ዓበይቲ ርክብ ሬድዮ ሰለስተ፣ ኣርባዕተ ማእኸለዎት ሬድዮ፣ 17 ኣናእሽተይ ሬድዮ፣ ሸሞንተ ወታደራዊ ክሻፋ ማረኹ። ናይ ዝተፈላለዩ ኣፅዋራት ቁምብላታትን ጥይትን መቑፀሪ የብሉን።

እዞም ጀጋኑ ክንድዚ ዝኣክል ወታደራዊ ዓወት ከመዝገቡ እንተለዉ ዋላ እኳ ምስቲ ናይ ፀላኢ ክሳራ ዝነፃፀር ኣይኹን እቲ ዝተኸፍለ ዋጋ ግን ቀሊል ኣይነበረን። ጀጋኑ ምልሻታት ሓሓይለ ኣብዚ ውግእ ምስ ፀላኢ ፊት ንፊት ገጢሞም እንትኳሸሑ ብሉፃት ምልሻታት ከፊሎም እዮም። ከምኣብነት ኣብታ ናይ ሰለስተ ሕዳር 2013 ዓ/ም ጥራሕ 20 ብመስዋእቲ፣ 51 ድማ ብመቑሰልቲ ዋጋ ከፊሎም እዮም።

ምልሻታት ሓሓይለ ካብ ሰለስተ ክሳብ ሽዱሽተ ሕዳር 2013 ዓ/ም ሓዱሽ ምትዕርራይ ገይሮም ክዳለዉ ከምዘለዎም ኦሬንቴሽን ተውሃቡ። ኣብዚ ኩነታት እዚ እናሃለዉ ሓደ ክፍለ ሰራዊት ዕሱብ ሰራዊት ሻዕብያ ሕነ ንምፍዳይ ብከቢድ ብረት ሸፋን እናሃበ ሽዱሽተ ሕዳር 2013 ዓ/ም ንጉሆ ሰዓት 4:30 ካብ ዖሮና ተበጊሱ ገርሁ ስርናይ ንምእታው ፈተነ። ኣብ ብርኪ ክልተ (ቦጦሎኒ) ክልተ ዝተወደቡ ኣባላት ምልሻ ሓሓይለ ብወገኖም ኣብ ውግእ ንዝነበሩ ኣባላት ምልሻ ብርኪ ሓደ ንምሕጋዝ ካብ ዝነበርዎ ቀልጢፎም ክርከቡ ተገበረ። ነቲ ኩነታት ዝከታተሉ ዝነበሩ ምልሻታት ብርኪ ሓደ ተወሳኺ ዓቕምን ሓይሊ ሰብን ክሳብ ዝረኽቡ ኣይተፀበዩን። ፀላኢ ምንቅስቓስ ምስጀመረ ቀልጢፎም ናብ ምክልኻል ኣተዉ።

ሰራዊት ሻዕብያ ናብ ገርሁ ስርናይ ንምእታው ተንቀሳቐሰ። ሽዱሽተ ሕዳር 2013 ዓ/ም ቀትሪ ሰዓት ሸውዓተ ምስ ኣባላት ምልሻ ውግእ ጀመረ። ኣብዚ እዋን እዚ ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓሓይለ ብርኪ ክልተ ናብቲ ምክልኻል ቀልጢፎም ኣርኪቦም ተሓወሱ። ሽዱሽተ ሕዳር 2013 ዓ/ም ምስ ዕሱብ ሰራዊት ሻዕብያ ዝተጀመረ ኲናት ክሳብ 10 ሕዳር 2013 ዓ/ም ኣይተቛረፀን። ኣብዚ ምክልኻል እዚ ሓደ ብመስዋእቲ 8 ብመውጋእቲ ዋጋ ኸፈሉ። ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ሻዕብያ ድማ 78 ምውት፣ 881 ቁሱል፣ 19 ምሩኻት ገይሮም ምውጋእ ቀፀሉ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ህልኽካ ዘወድእ ፈታኒ ኩነታት እናሃለዉ 10 ሕዳር 2013 ዓ/ም ከባቢ ሰዓት 11 ኣጋምሽት ምክልኻል ጠጠው ኣቢሎም ንድሕሪት ክንሳሓብ ብዝምልከቶ ኣካል መምርሒ ወረደሎም። ድሕሪ ምንስሓቦም ልፍንታውያን ወረርቲ ገሊኦም ብሰሜን ምፅራብ ገሊኦም ብጭላ ገይሮም ናብ ዞባ ማእኸል ከኣትዉ ምንቅስቓስ ከምዝጀመሩ ተነገሮም። ብድሕሪ እዚ ኣባላት ምልሻ ብርኪ ሓደን ብርኪ ክልተን ብኸመይ ናበይ ኣቢሎም እንታይ ገይሮም ይኾኑ? ክቕፅል እዩ።

(ፍልፍል ሓበሬታ፦ ቃለ መሕትት፣ ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓሓይለ፣ ተጋዳላይ ፀጋብርሃን ሃይሉ፣ ተጋዳላይ ሃይሉ ገብረፃድቃን፣ ተጋዳላይ ሻምበል ተስፋይ ገብረስላሴ፣ ተጋዳላይ ግደይ ገ/ሚካኤል ዝተወሰደ)

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ሰላምን ፀጥታን መንግስቲ ትግራይን ዝዳሎ መደብ

ዝተወደበ ርብርብ ኣብ ፀጥታ!

ኣይተ ዘሚካኤል ተወልደ መድህን
ሓላፊ ዘፈር ሰላምን ፀጥታን ዞባ ደቡብ ምብራቕ ትግራይ

ዞባ ደቡብ ምብራቕ ትግራይ ኣብ ዙርያ ከተማ መቐለ ዝርከባ ሽዱሽተ ገጠር ወረዳታትን ክልተ ከተማ ምምሕዳርን ብድምር ሸሞንተ ወረዳታት ዝሓቖፈ ዞባ እዩ። ስለዝኾነ ምስዋና ከተማ ትግራይ ዝኾነት ከተማ መቐለ ድማ ብማሕበረ-ቁጠባውን ፖለቲካውን መዳይ ቀጥታዊ ምትእስሳር ኣለዎ። ብፍላይ ምስፀጥታ ተዛሚዱ ድማ ኩሎም ኣብ ትግራይ መበገሲ ዝገበሩ ገበንን ስግኣት ገበንን ምስዞባ ደቡብ ምብራቕ ዝለዓለ ምትእስሳር ዘለዎም እዮም። ድሕሪ ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ ዝተፈጠረ ፖለቲካዊ ሃዋህው ዝወለዶ ስግኣት ፀጥታ ብዝኸፍአ መንገዲ ንክትዛረቦም ዘሰክፉ ገበናት እናተፈፀሙ እዮም መጺኦም። ኣብ እዋን መኸተ ኣብቲ ሕብረተሰብ ዝተገበሩ ገምጋማት ፅሬት ምትሕውዋስ ብምንባሩ ፀረ መኸተ ዝነበሩን ዋላ ሓደ ኣስተዋፅኦ ዘይነበሮምን ኣካላት ዝገበርዎ ምንቅስቓስ ንፀጥታ ስግኣት ኮይኑ ፀኒሑ እዩ። ነቲ ናይ መኸተ ሓይሊ ክብሪ ካብ ምኽላእ ሓሊፉ ነቲ ኣጠቓላሊ መኸተ ዘራኽስ፣ ፖለቲካ ትግራይ ዝዘርግ ኩነታት እናተፈጠረ ምስመፀ ሰላምን ፀጥታናን እውን እናተዘረገ እዩ መጺኡ። ብፍላይ ዞባ ደቡብ ምብራቕ ናይ ጠቕላላ ፀረ መኸተ ህዝቢ ትግራይ ናይ ዝተሰለፉ ሓይልታት መአከብን መዐንደሪን ኮይኑ ከምዝፀንሐ ሓላፊ ዘፈር ሰላምን ፀጥታን ዞባ ደቡብ ምብራቕ ኣይተ ዘሚካኤል ተወልደ መድህን ይገልፁ።

ኣብቲ ዞባ ዝነበረ ኣካል ናይቲ ሓይሊ ክሕደት ዝኾነ ኣመራርሓ "ስልጣነይ ከመይ የቐፅል" ዝብል እምበር ጉዳይ ምውሓስ ሰላምን ፀጥታን ሕብረተሰብ ኣጀንድኡ ኣይነበረን። "ንእከለ ኣግድዎ፤ ንእከለ ኣውርድዎ" ዝብል እምበር ሓደጋን ስግኣትን ፀጥታ ወይ ሕቶታት ሕብረተሰብ ኣብ ምምላስ ዓብዪ ፀገም ዝነበሮ እዩ። ብርክት ዝበሉ ፀረ ዲሞክራስያዊ ኣካይዳን ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰልን ዝተርኣየሉ ዞባ እዩ ኮይኑ ነይሩ። ንኣብነት፣ ኣብዚ ዞባ 117 ኣመራርሓን ሰራሕተኛታትን መሃይኦም ብዘይኣግባብ ዝተኣገደሉ ኩነታት ነይሩ። ኣብያተ ፅሕፈታት ብዘይ ኣግባብ ዝዕሸግሉን ቁልፊ ማዕፆኦም ዝስበርሉን ኩነታት እውን ተፈጢሩ ፀኒሑ እዩ። እቲ ህዝቢ እውን ውሕስና ፀጥትኡ ኣብ ከቢድ ሓደጋ ዝወደቐሉ፣ "ናብ ከመይ ዝበለ ሓደጋ ኢና ኣቲና?" ኢሉ ዝተጨነቐሉን እምነት ዝሰኣነሉን እዩ ነይሩ።
ካብቶም ቀንዲ ስግኣታት እቲ ቀንዲ ልዕልነት ሕጊ ዘይምህላው ኮይኑ እዚ ድማ ኣብቲ ሕብረተሰብ "መን እዩ ከድሕነና? ሕጊ ኸ ኣሎ ድዩ? እምበርከ ፖሊስን ፀጥታን ኣሎ ዶ?" ዝብል እምነት ምስኣን ክፍጥር ገይሩ። ስለዚ ልዕልነት ሕጊ ከይረጋገፅ ስለዝተገበረ ኣብ ህዝቢ ምቑራፅ ተስፋ ኣስዒቡ። ምኽንያቱ እዚ ህዝቢ ተቓሊሱ ብመስዋእቱ ሕገ-መንግስታዊ ስርዓት ዝተኸለ፤ ልዕልነት ሕጊ ዝፈልጥን ዘኽብርን ህዝቢ እዩ። ስለዚ እቶም ሕግታት እናተጠሓሱን ሃደሽደሽ ኢሎም እናፈረሱን ክርኢ እንከሎ ናብ ተስፋ ምቑራፅ እዩ ኣትዩ።

ካሊእ ኣብቲ ዞባ መበገሲ ዝገበረ ዕንወት መሰረተ ልምዓት እናጋጠመ ፀኒሑ። ኣብ ዙርያ መቐለ ዝፍፀሙ ዝነበሩ ስርቅን ዕንወትን ትካላት ማይ፣ መብራህትን ካልኦትን ምስ ዞባ ደቡብ ምብራቕ ዝተኣሳሰረ እዩ። ስለዚ ዕንወት መሰረተ ልምዓት ፖለቲካዊ ትርጉም እናተውሃቦ ብተግባር ዝተርኣየ ቀንዲ ስግኣት ኮይኑ ፀኒሑ እዩ። ካብኡ ቀፂሉ ብዕጥቂ ዝተደገፈ ዝተወደበ ክትራንን ዘረፋ ዓበይቲ ማሽናትን ይፍፀም ነይሩ። ብቐሊሉ ክንቀሳቐስ ዘይኽእል እውን መፅዓኒ ማሽናትን መኻይንን እናተጠቐምካ ዝተዘረፉ ከምናይ ፕሮጀክት ግድብ መስተ ማይ ገረብ ግባ ማሽናት ዝበሉ ኣለዉ። ትራንስፎርመራት፣ ተሽከርከርትን ካልኦትን ኣብ ዙርያ መቐለ ካብ ዘለዉ ዓበይቲ ትካላት ትእምትን ውልቀ ሰብ ሃፍትን እውን ከበድቲ ስርቅታት እናተፈፀሙ ፀኒሖም እዮም። ካብዚ ብተወሳኺ ቀለልትን ከበድትን ስርቅታት፣ መውቃዕቲ፣ ዓመፅ ደቂ ኣንስትዮ ዝኣመሰሉ ገበናት ብተግባር እናጋጠሙ ምፅንሖም ኣይተ ዘሚካኤል ይሕብሩ።

ናይዚኦም ኩሎም መበገሲ ፖለቲካዊ እዩ። ትግራይ መዐንደሪ ምስሌኔታት ንክትከውን ሕገ-መንግስታዊ ስርዓት ኣብ ትግራይ ኣይስርሕን ኢሎም ዝሓስቡ፣ ደጀኖም እቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ጀኖሳይድ ዝፈፀመ ሓይሊ ዝገበሩን ፌደራል መንግስቲ ጣልቃ ክኣቱ ኣለዎ ኢሎም ተጠሊያም ዝዛረቡን እዮም። ነቲ ፌደራል መንግስቲ ተኣማሚኖም እውን ገበናት ፈፂሞም እዮም። ብድሕሪ እዚ፣ ልዕልነት ሕጊ ንምርግጋፅ ህዝቢ፣ ውድብ ህወሓትን ሰራዊት ትግራይን ዝወሰንዎ ውሳነ ናብ ምትግባር እንትእቶ እውን ባዕሎም መመሊቖም ዝኸድሉ ኩነታት ኣሎ። ናብቲ ደጀኖም ዝገበርዎ ጀኔሳይዳዊ ዝፈፀመልና ሓይሊ ከይዶም እውን ንህዝቢ ብፍላይ ከዓ ንመናእሳይ ንምድንጋር ብዙሕ ፖሮፓጋንዳ ሓሶትን ፀለምን ኣብ ምንዛሕ ተፀሚዶም ኣለዉ። ብፍላይ ዓንዲ ሑቐ መኸተ ዝኾነ ሰራዊትና ንቃልሱ፣ ጅግንነቱን መስዋእቱን ዘይምጥን ወፍሪ ፀለመታት ኣካይዶምሉ። ንፖለቲካውን ወታደራውን መራሕቲ እውን ከምኡ። ብሓፈሻ ግን እዞም ምስሌኔታት ፍፁም ፀረ ዲሞክራስን ጠንቂ ሰላምን ፀጥታን ኮይኖም ዝፀንሑ ኣካላት ምዃኖም ምርዳእ የድሊ። ስለዚ እቲ ኣብ ውሽጥና ዝተፈጠረ ፖለቲካዊ ሕመቕ ኣብ ፀጥታና እውን ብጣዕሚ ሓደጋ እናፈጠረ እዩ ከይዱ።

ነዚ መሰረት ብምግባር ኣጠቓላሊ ፖለቲካዊ ምምዕርራይ ምስተጀመረ ፀጥታ ቀዳማይ ኣጀንዳ ገይርካ እናተሰርሐ ይርከብ። ውዳበታት ፀጥታ ምጥንኻር ተጀሚሩ ኣሎ። ቤት ምኽሪ ፀጥታ ኣብ ዞባ፣ ወረዳ፣ ጣብያ፣ ቁሸትን መፉስስን ክጣየሽ ተገይሩ እዩ። ትኹረት ምእንቲ ክወሃቦ ድማ በብደረጅኡ ዘለዉ ኣመሓደርቲ እዮም ዝመርሕዎ። ዋና ኮር ኮይኖም ብላዕለዋይነት ዝመርሕዎ እውን ሓለፍቲ ሰላምን ፀጥታን፣ መሓውር ምልሻ፣ ፖሊስ፣ ኣማሓደርቲ፣ ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ ክሳብ ታሕቲ ብዘለው መሓውሮም በቢሰንሰለቱ ተወዲቡ ክመርሕ መስርሕ ተቐሚጡ ኣሎ።

ስለዚ እቲ ሓደ፣ ኣወዳድባ ኣካላት ፀጥታ ኣብ ምዕራይ ፅቡቕ ርሕቐት ይኸየድ ኣሎ ምባል ይከኣል። ወረዳታት ፀጥታ ዝምልከት ኩሉ ግዜ ሰሙናዊ ገምጋም የካይዳ እየን። መዓልታዊ ክስተታትን ንምክትታልን ገበናት ንምቁፅፃርን ዘኽእል ሰንሰለት ርክብ እውን ተዘርጊሑ ኣሎ። እቲ ዝተፈጠረ ሓዱሽ ኣወዳድባ ድማ ትልሚ ከውፅእን ብብርኪ ዞባ፣ ወረዳ፣ ጣብያን ቁሸትን ዘለዉ ጠንቂ ሰላምን ፀጥታን ዝኾኑ ስግኣታት እንታይ እዮም? ኣበይ ብፍሉይ ይርአዩ? ዝብል ክፅናዕ ብምግባር ኣካል እቲ ትልሚ ገይርካ ፅቡቕ ስራሕ እናተሰርሐ ይርከብ። ካሊእ ድማ ውዳበታት ሕብረተሰብ ምጥንኻር ወሳኒ እዩ። ብመሰረት እዚ በብርኪ ጣብያ፣ ቁሸት፣ መፉስስን ብሎክን ሲቪል ውዳበ ፀጥታ ክህሉ መደብ ወሪዱ ይትግበር ኣሎ። ካብ መናእሰይ፣ ሓርበኛታት፣ ደቂ ስውኣት፣ ነባር ዓቕሚ፣ ደቂ ኣንስትዮ ኮታስ ካብ ኩሉ ክፋል ማሕበረሰብ ዝተዋደደ ኮይኑ ብብርኪ ጣብያ 60 ሰብ፣ ብቁሸት 20 ሰብ ብመፉስስ ድማ 10 ሰብ ንፀጥታ ዝጥምት ኮሚቴ እዩ። እዚኦም ድልውነቶምን ናይ ምግልጋል መንፈሶምን ተራእዮም ንከባቢኦም ካብ ገበንን ስግኣት ገበንን ሓራ ዝገብር ኣወዳድባ ሲቪል ኮሚቴ ፀጥታ እዩ። መን እዩ ጠንቂ ሰላምን ፀጥታን? ንምንታይ? ዝብል ዝጥርጠሩ ሰባት፣ ተደጋጋሚ ገበን ዝፍፀመሉ ከባቢ ኣፀኒዑ ናይ ህዝቢ ኣጀንዳ ገይሩን ኣቃሊዑን፣ ህዝቢ ርኢቶ ክህበሉ፣ ክንቀፍን ክመዓድን ይገብር። ካብዚ እንተዘሊሉ ድማ መረዳእታ ኣኪቡን ኣፃፊፉን ናብ ሕጊ የሕልፍ። በዚ መዳይ እቲ ኣወዳድባ ልዕሊ 75 ሚኢታዊ ተዛዚሙ ኣሎ። ስለዚ እቲ መሓውር ፀጥታ ኣወዳድብኡ ኣመዓራሪኻን ህዝቢ ክውንኖ ገይርካን ፀጥታና ውሑስ ንምግባር ዝተጀመረ ስራሕ ብፅቡቕ ይኸይድ ምህላዉ ኣይተ ዘሚካኤል የረድእ።

ካብዚ ዝብገስ ብጭቡጥ ገበን ምቕናስ ኣርእዩ ኣሎ። ኣብ ዝተፈፀመ ገበን እውን ተጠርጠርቲ ቀልጢፍካ ኣብ ቁፅፅር ኣብ ምውዓል እውን ፅቡቕ ለውጢ ኣሎ። እዚ ናይቲ ኣወዳድባ ውፅኢት እዩ። እቲ ቤት ምኽሪ ፀጥታ በቢሰሙን እናገምገመ ብፅቡቕ ይመርሕን ይሰርሕን ከምዘሎ እዩ ዘመላኽት። ፀጥታና ኣብ ሰራዊት ዝተንጠልጠለ ክኸውን የብሉን። ናይቲ ሲቪል ነባራይ ህዝቢ ክኸውን ኣለዎ። ፀጥታ ናይ ህዝቢ ምግባር በቢደረጅኡ ዘሎ ኣመራርሓ መዓልታዊ ኣጀንድኡ ገይሩ ክሰርሕ ኣለዎ። መሰረታዊ ለውጢ ዝመፅእ እውን በዚ መንገዲ እንትኸየድ እዩ። ስለዝኾነ ዛጊድ ዘለዉ ምንቅስቓሳት ኣዝዮም ተስፋ ዝህቡ እዮም። ኣብያተ ፅሕፈት ስሩዕ ግልጋሎት ናብ ምሃብ ተሰጋጊረን ኣለዋ።

ሕዚ እውን ግን ኣብቲ ሕብረተሰብ ምድንጋራት ኣሎ እዩ። እንተኾነ ግን እቲ ምድንጋራት መድረኽ ፈጢርካ ተመያይጥካ ዝፍታሕ እዩ ዝኸውን። ብመሰረት እዚ ግልፅነት ንምፍጣር መድረኻት ብቐፃልነት ክካየዱ እዮም። በቢደረጅኡ እውን እናተኻየዱ መጺኦም እዮም። በዞም መድረኻት ኣቢልካ መንነት ናይቲ ናይ ክሕደት ሓይሊ ምቅላዕ የድሊ። እቲ ናይ ክሕደት ሓይሊ ፀፀሪጉ ናብቲ ደጀነይ ዝብሎ ጀነሳይዳዊ ሓይሊ ምስተፀምበረ መንምኗኑ ቁልጭ ኣቢሉ ኣርእዩ እዩ። ህዝቢ፣ ውድብን ሰራዊት ትግራይን ዝወሰንዎ ውሳነን ዝገምገምዎ ገምጋምን ትኽክለኛ ምንባሩ ኣመስኪሩ እዩ። ይኹን እምበር ግልፅነት ምፍጣር ጥራሕ መፍትሒ ክኸውን ኣይኽእልን። እቲ ወሳኒ ስጉሚ ዝኸውን ሕቶታት ህዝቢ ምምላስ እዩ። ኣብዚ ብቀዳምነት ዝመፅእ ሕቶ "ፀጥታ ዉሑስ ግበሩ" ዝብል እዩ። ስለዚ እቲ ብመሰረት ሕገ መንግስቲ ልዕልነት ሕጊ ተረጋጊፁ ሓላፍነት ተረኪቡ ዘሎ መሪሕነት ናይ ህዝቢ ናይ ፀጥታ ስግኣት ክቕርፍን ውሑስ ክገብርን ይግባእ። ህዝቢ ኣብ ዕለታዊ ምንቅስቓሱ ብዘይዝኾነ ስግኣት ወፊሩ ዝምለሰሉ ሃዋህው ክፍጠርን ህዝባዊ እምነት ዘሕድርን ጭቡጥ ስራሕ ክሰርሕ ኣለዎ። ዝደልዮ መንግስታዊ ግልጋሎት እውን ክረክብ ኣለዎ።

ካሊእ ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ዘሎ ሕቶ ተጠቃምነት እዩ። ንስድራ ስውኣት፣ ሓርበኛታትን ተጋደልትን ዝግባእ ክብሪ ሂብካ ተጠቃምነቶም ምርግጋፅ የድሊ። ኣብዚ ዘሎ ፀገም ቀልጢፉ እንተዘይተፈቲሑ ነቲ ፀጥታ እውን ፀገም እናፈጠረ እዩ ዝኸይድ። ስለዚ ናይ መንበሪ ቦታ፣ መስርሕን መሸጥን፣ መጠሻን ተሓራሲ መሬትን ካልኦትን ሕቶታት ተጠቃምነት ብኣግባቡ ምላሽ ምሃብ ኣገዳሲ እዩ። እቲ ህዝቢ ሕገ-መንግስታዊ ስርዓት ናብ ቦትኡ ይመለስ ክብል እንከሎ እዞም ግልጋሎታት ብኣግባቡ ክረክብ ስለዘለዎ እዩ። ኣብዚ ጭቡጥ ጅማሮታት ኣለዉ እዮም። ኣብ ገሊኡ ንስድራ ስውኣት መሬት ተዓዲሉ እዩ። ንሓርበኛታት ተመለስቲ ተጋደልቲ እውን ምሃብ ዝጀመራ ወረዳታት ኣለዋ። እዚ ተጠናኺሩ ክቕፅል እዩ። ከምዞባ መለለዪ መንነት ከይተዓደለ እዩ ፀኒሑ። ናይዚ ምኽንያት ድማ እቲ ዝነበረ ፀገም ፀጥታ እዩ። ስለዚ እቲ ፀጥታ ተመዓራርዩ ኣወዳድብኡ ኣጠናኺሩ ናብ ጭቡጥ ስራሕ ኣትዩ ስለዘሎ ካብ ሕዚ ንድሓር ሓላፍነት ወሲዱ ሕብረተሰብ መለለዪ መንነት ዝረኽበሉ ኩነታት ከምዝፍጠር ኣይተ ዘሚካኤል የረድኡ።

ኣጠቓሊልካ እንትርእ ኣብ ዞባ ደቡብ ምብራቕ ትግራይ ብሰንኪ እቲ ሓይሊ ክሕደት ተፈጢሩ ዝነበረ ፀገም ፀጥታን ጥሕሰት ሕገ መንግስታዊ ስርዓትን ናብ ሕጋዊ ስርዓት እናኣተወ ይኸይድ ኣሎ። ብፍላይ ኣብ መዳይ ፀጥታ ዝስርሑ ዘለዉ ስራሕቲ ኣብ ሓፂር እዋን ጭቡጥ ለውጢ ይመፁ ምህላዎም ዘርእዩ እዮም። ስለዝኾነ እቲ ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ ተጀሚሩ ዘሎ ዝተወደበ መንቅስቓስ ብተሳትፎ ሕብረተሰብ እንተተዓጂቡ ካብዚ ንላዕሊ ዘዕግብ ውፅኢት ከምዝገብ ከምዝኽእል ዘመላኽት እዩ። ስለዝኾነ መላእ ሕብረተሰብ፣ ኣካላት ፀጥታን ሰራዊትን ዝጀመርዎ ምንቅስቓስ ኣጠናኺሮም ክቕፅሉ ይግባእ ንብል።

መስዋእቲ ኩሎም ጀጋኑና ህያው ታሪኽና እዩ!!

ጦፈኛ

ዓዲ ቀንጪን ሓቅን ብምስሌነት ኣይመሓደርን!!

ዓዲ ጉደም ኣብ መወዳእታ ወርሒ ሚያዝያ 2017 ዓ/ም ሓደ ዓብዪ ታሪኻዊ መድረኽ ኣካይዳ ነይራ። ህዝቢ ወጀራት 20 ዓዲ ምስ ኣመራርሓ ዞባ ደቡብ ምብራቕን ኣባላት ማእኸላይ ኮሚቴ ውድብ ህወሓትን ብምዃን ኣብ እዋናዊ ኩነታት ዘድሃቦ መድረኽ ዘተ ኣካይዱ ነይሩ።

ኣብ ባሕሪ ፀረ-ዴሞክራሲ ኮይኑ ባዕሉ ንባዕሉ ከመሓድር ዝጀመረ፣ "ቃንጪን ሓቅን ስነ ስርዓት ደመር ግራ-ጎሮቦን" ብዝብል ስርዓት ዓርሱ ዘመሓድር፣ ኩሉ ጊዜ ብስርዓት ደመር (ኣኼባ) ብዛዕባ ጉዳይ ዓዲ ዝመክር፣ ሕጊ ዘርቅቕ፣ ሕጊ ዘፅድቕን ዓበይቲ ውሳነታት ዘመሓላልፍን ህዝቢ ወጀራት በቲ ዝተዳለወሉ መድረኽ ኣዝዩ ሕጉስ ነይሩ። እዚ ህዝቢ በዚ መድረኽ ሕጉስ ምዃኑ ናብቲ ከባቢ ኣብ ዝተንቀሳቐስሉ ግዘ ካብ ኣንደበቱ ክዕዘብ ክኢለ እየ።

ህዝቢ ወጀራት 20 ዓዲ ከምካልኦት ከባቢታት ዞባ ደቡብ ምብራቕ ትግራይ ብምስሌነ ብሄራዊ ክሕደት ብዝፈፀሙ ኣመራርሓ ካብን ናብን ከይንቀሳቐስ ብሓይሊ ተቐይዱ፤ ንውድብ ህወሓት ዘለዎ ደገፍ፣ ነፃ ሓሳቡን ርኢትኡን ከይገልፅ ተዓፊኑ። ኮታስ ብሰንኪ እቶም ኣባላት ጉጅለ ክሕደት ማሕበረ ቁጠባውን ፖለቲካውን ኩነታቱ ከይዝቲን ዴሞክራስያዊ መሰላቱ ከይጥቀምን ተገይሩ እዩ ፀኒሑ። ኣብታ ዕለት ግን መጋረጃ ጭቆንኡ ተቐንጢጣ ነፃ ሓሳባቱን ርኢቶታቱን ክገልፅ ዉዒሉ። ከካብ ከባቢኡ ዝተውፃእፅኡ መራሕቲ ሃይማኖት፣ ዓበይቲ ዓዲ፣ ተወከልቲ ህዝቢ፣ ኣመራርሓ ጣብያን ቁሸትን ከምኡ እውን ተወከልቲ ሲቪል ማሕበራት ኣብቲ ሰፊሕ ኣዳራሽ ብነፃነት ተሳቲፎም እዮም።
ኣብቲ መድረኽ ወጀረቶት ኣንደበተ ርቱዓት ምዃኖምን ታሪኽን ክብርን ሕሉፍ ጅግንነቶም መመሊሶም ዘመስክሩ ምዃኖም እየ ተዓዚበ። ነዚ ከምሓፈሻዊ መበገሲ ገይሮም ዘልዕልዎም ዓበይቲ ነጥብታት ከዕልለኩም፡ ምስሌነታት ኣመሓደርቲ ንህዝቢ ኣብ ክንዲ ምግልጋል ኣብዚ ክልተ ዓመት ዝተፈለየ ሓሳብን ደጋፊ ውድብን ከይህሉ ኣብ ምፅፋን ዝተፀመዱ ምንባሮም ብቑጠዐ እዮም ዝገልፁ። ህዝባዊ መድረኻት ኣብ ክንዲ ብነፃን ዴሞክራስያውን መንገዲ ምክያድ ነቲ ዝደልይዎ ጎነፅን ዓመፅን መሳርሒ ዝኾንዎም ሰባት እናፈለዩ ኣኼባታትን መድረኻትን እዮም እናካየዱ ፀኒሖም። ሕድሕድ ዘካይድዎም መድረኻት (ኣኼባታት) በትረ ስልጣኖም ንምሕላው ዘኽእሎም ሓይሊ ብገንዘብን ጥቕማ ጥቕምን ንምትእኻኽብ እምበር ንረብሓ ህዝቢ ኣይኮነን። ሓደ ወላዲ ኣብ ሓደ ኣኼባ ዘልዕልዎ ኣብነት ኣንፃር ውድብ ህወሓት ተሰሊፎም ተቓውሞ ንዘሰምዑን ዝጨርሑን ውሑዳት መናእሰይ "ከሳብ 20 ሽሕ ብር ዝተኸፈሉ ኣለዉ" ይብሉ።

ኣብ ልዕሊኡ ህዝቢ ግልጋሎት ደልዩ ናብ ኣብያተ ፅሕፈት እንትኸይድ ጉቦን ብላዕን ከይሓዘ ኣይፍፀመሉን። ኣባላት ጉጅለ ክሕደት ውሽጣዊ ሰላም ናይቲ ህዝቢ ንምዝራግ መናእሰይ ደቂ እናመልመሉ ኣንፃር ወለዶምን ዝተፈለየ ሓሳብ ዘለዎም ደገፍቲ ውድብን ክለዓል እዮም ሰሪሖም። ካልእ ይትረፍ ወጀረታይ በቢምዕራፍ ቃልሱ ኣብ ኣኽሪራትን እምባጋታትን ዓዱ ፀላኢቲ ዝቐሸመደለን ብረታት ምልኻ "ኣረከብ" ተባሂሉ። ወለድቲ ጀጋኑ ኣዴታት ሰኣን ነዳዲ ብሕማምን ሕርስን ግዳይ ሞት ኮይኖም። ሰናይ ምምሕዳርን ፍትሕን ካብቲ ምስ ፀገማቱ ዝነበሮ መጠን ናብ ኣዝዩ ዝኸፍኣ ብርኪ በፂሑ። ወጀረታይ ደማ በዚ ኣዝዩ ተቖጢዑ። ህዝቢ ወጀራት ብዕላማታት ህወሓት ሰጊኡን ተጠራጢሩን ኣይፈልጥን። ካብዚ ዝብገስ "ዉድብ ናብ ባይታ ወሪዱ፣ ምሳና ተዛቲዩ ፀገማትናን ሓሳባትናን ዘይተሰምዐና፣ ንምንታይ ስቓታ መሪያ" ዝብል ሕቶ ኣብቲ ዝተሳለጠ መድረኽ ብስፍሓት ተንፀባሪቹ እዩ።

ዘተ ህዝባዊ ዋዕላ ወጀራት 20 ዓዲ ኣብ ህልው ኩነታት

ብኻልእ ገፅ ደማ ህልውና ህዝባዊ ምምሕዳር ኣብ ጥንካረ ኣብያተ ምኽሪ ምዃኑ ስለዝፍለጥ በቶም ውሱናት ኣባላት ጉጅለ ክሕደት ኣብያተ ምኽሪ ክፈርሳ እዩ ተገይሩ። ክሳብ ሐዚ ደማ በብገባቢኡ ህዝባዊ ውክልና ብዘይብሎም ኣመራርሓን ብስርዓት ኣልቦነትን እናተመርሐ ይርከብ። ህዝቢ ወረዳ ወጀራት 20 ዓዲ ይኹን መላእ ህዝቢ ዞባ ደቡብ ምብራቕ ኣብ ጎኒ ውድቡ ጠጠው ኢሉ በብግዚኡ ዝረኣዩ ፀገማት እናኣረመ ዝቃለስ ብምዃኑ በዘም ዓፈንቲ ምስለኔታት ርእሱ ደፊኡ ክምዘይነብር ካብ ኣንደበት እቶም ተሳተፍቲ ምርዳእ ይከኣል። ውድቡ ኣድሒኑ መፃኢ ህልውናኡ ውሑስ ካብ ምግባር ካልእ ኣማራፂ ከምዘይብሎ ብኣንደበቱ ይገልፅ ኣሎ።

ተወከልቲ ህዝብን ዓበይቲ ዓድን ወጀረቶት ነዞም ልዕል ክብል ዝተገለፁን ንካልኦት ተዛመድቲ ዓበይቲ ጉዳያትን ቀንዲ መፍትሒ ዝበሉዎ ብውድብ ህወሓት ኣብ ዞባ ደቡብ ምብራቕን ወረዳ ወጀራት 20 ዓድን ዝተኸሎ ኣመራርሓን ላዕለዎት ሓለፍቲ ውድብን ናብ ባይታ ወሪዶም ክሰርሑ ኣለዎም። ነዚ ኣብ ባይታ ኣጋጢሙ ዘሎ ምስሌነት ብቓልሲ ንምዕራይ ቆሪፅ ዝተልዓለ መሪሕነት እንተሃልዩ ደማ "ህዝቢ ወጀራት 20 ዓዲ ኣብ ጎድኒ መስመርን ዕላማን ህወሓት እዩ" ክብሉ መትከላዊ እምነቶም ኣቐሚጦም ኣለዉ። እዚ ድሌትን ባህግን ደማ ልኡኻት ብሄራዊ ክሕደት ዝፍፅም ጉጅለ ኣብ ዘመሓድርዎ ከባቢ ኣዝዩ ብዙሕ ጅግናን ስርዓት ዝብህግን ህዝቢ ዞባ ደቡብ ምብራቕ ከምዝዘሎ ኣብ ባይታ ዝምስክር ሓቂ እዩ።

ሶሻል ካብ መቐለ

ምስ ኩሎም ... ካብ ገፅ 7 ዝዞረ

ህወሓት ምስ ተሰሪዘ እዩ። ኣብዚ እዋን እዚ እውን ቦርድ መረፃ ኢትዮጵያ ኣይነበረን። ኣብ ስምምዕ ፕሪቶሪያ እውን ቦርድ መረፃ ኢትዮጵያ የለን። ግዝያዊ ምምሕዳር ንሕናን ፌደራል መንግስትን ሓቢርና ኢና ኣጣይሽናዮ። ብመሰረት ስምምዕነት ፕሪቶሪያ ቅድሚ ግዝያዊ ምምሕዳር ምጥያሹ "እታ ኣሸባሪነት" ትብል ጠቕን ክትለዓል እዩ ነይሮ። ይኹን እምበር "ደሓን ይጣየሽ ምስተብሃለ ሰሓቦ ጉተቶ እውን ከይበዝሕ ኢልና ቅድሚ "ኣሸባርነት" ምልዓሉ ግዝያዊ ምምሕዳር ክጣየሽ ተገይሩ። ድሕሪ ዝተወሰነ መዓልቲ ግዝያዊ ምምሕዳር ምስተጣየሸ እዩ እቲ "ኣሸባርነት" ዝብል ተላዒሉ።

ሐዚ እውን እታ ምስራዝ እትብል ልክዕ ከትፈልጦ ኣለዋ። ምኽንያቱ መረፃ ቦርድ ኢትዮጵያ ምስ ስምምዕነት ፕሪቶሪያ ዝኾነ ዓይነት ምትእስሳር የብሉን። ብሰርቲፊኬት መረፃ ቦርድ ኢትዮጵያ ዝፈረምናዮ ስምምዕ ፕሪቶሪያ ይኹን ዘጣየሽናዮ ግዝያዊ ምምሕዳር የለን። ህወሓት ተሰሪዙ ዝፀንሐ ውድብ እዩ። ምምዝጋብን ዘይምምዝጋብን ኣብ ሓደ ሓደ ፖለቲካዊ ውድብ ኣብ መረፃ እዩ ከመፅእ ዝግበኣ። ሕዚ ኣብ መረፃ የለናን ልኣላውነት ይክበር፤ ዝተመዝበለ ህዝብና ናብ ቦትኡ ይመለስ፤ ዝተወረረ ህዝብናን መሬትናን ሓራ ይውፃእ ኢና" ንብል ዘለና። ሐዚ እውን እታ ስምምዕ ፕሪቶሪያ ቐፃሊት እያ። ተሰሪዝኩም ስለዘለኹም ኣይንፈልጥን እንተይሎም ግን ብቅሉዕ ስምምዕ ፕሪቶሪያ ፈሪሱ ማለት እዩ። ካብዚ ንደሓር እቲ ጎንፂ ምስ ህወሓት ዘይኮነስ ምስ ህዝቢ ትግራይ እዩ ዝኸውን። ምኽንያቱ ግዝያዊ ምምሕዳር በቲ ስምምዕ ፕሪቶሪያ ዝመፀ እዩ። ዋላ ህወሓት ይፈረስ ስምምዕ ፕሪቶሪያ ኩሉ ዝተቓለሰሉ እዩ። ምኽንያቱ ህወሓት እታ ምስ ፌደራል መንግስቲ ተረኺቦ ገመድ ስምምዕ ፕሪቶሪያ እያ። ብወገንና ዝቐረፀ ነገር የለን ኢና" ንብል ሐዚ እውን ሕጋዊ ሰብነትና ክምለሰልና ከንፅዕር ኢና። ንሕና እታ ሰላም ተጠናኺራ ክትቕፅል እዩ ዝለዓለ ባህግና። መሊስካ ሰላም ናብ ምዝራግ ዝኸይድ እንተኾይኑ ግን ነዚኣ ሓላፍነት ዝወሰደላ ኣካል ንሕና ክንክውን ኣይንኽእልን። ካሊእ ኣካል እዩ ክወስድ ዝኽእል።

ወይን፦ ብብርኪ ፌደራል መንግስቲ ክይተረፈ "ጀነራላት ትግራይን ህወሓትን ዕላውን ሕጋውን ብዘይኮነ መንገዲ ምስ ሻዕብያ ይራኸቡ እዮም" ዝብሉ ተደጋጋሚ ክስታት ይሰምዑ ኣለዉ። እዚ ክስን ስምዕታን መበገሲኡ እንታይ እዩ? ሓቅነቱ ኸ?

ዶ/ር ደብረፅዮን፦ እዚ ነገር እዚ ብዝተፈላለየ መንገዲ ተደጋጊሙ ይለዓል እዩ። ንሕና ምስ ኩሉ ሰላም ክም እንደሊ ግልፂ ገይርና ኢና። ክም ዝፍለጥ ምስ ፌደራል መንግስቲ ስምምዕ ገይርና ኣለና። እታ ስምምዕ ፕሪቶሪያ ውግእ ጠጠው ኣቢላ ናብ ዝተሚለአ መንገዲ ሰላም ክተስግረና ተስማዕሚዕና ኢና። እቲ ዝነበረ ጀኖሳይዳዊ ኩናት ምስ ሓደ ኣካል ጥራሕ ኣይነበረን። ምስ ዝተፈላለዩ ዓድታት ዋላ እንተነበረ፣ እዞም ዓድታት ምሳና ብቐጥታ ዘረኸብ ጉዳይ የብሎምን። ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኮይኖም እዮም መጺኦም። ጎረባብቲ ክልላት ኣምሓራ ናብቲ ውግእ ብቐጥታ ኣትዮም እዮም። ምስ ኩሎም ጎረባብቲ ሃገራት ይኹኑ ክልላት ሰላም ኢና ንደሊ። እንተይልና ምስ ኤርትራ እውን ሰላም ኢና ንደሊ። ዝሓለፈ ጎንፂ ነይሩ እዚ ብሓግባቡ፣ ብስርዓት ይተኣለ። ሐዚ ናብ ጎንፂ እንኽይድሉ ሰላም ኢና ንደሊ ምባልና ነውሪ የብሉን። ባህግና እግሪ ከንተክል፣ ክንሓዊ ኢና ንደሊ። ልዕሊ ኩሉ ህዝብና ናብ መበረቱ ኣይተመለሰን፣ ልኣላዊ መሬት ትግራይ ኣይተኸበረን። ይትረፍ ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነታት ኮይንካ ምስ ምሉእ ዓቕምኻ እውን ኩናት ኣየድልን። ሐዚ እንብሎ ዘለና ዋላኳ ከም ስምምዕ ፕሪቶሪያ ኣይንፈሬረም ምስ ኩሉ ሰላም ኢና ንደሊ። እዚ ምስ ኤርትራ እውን ሓዊስካ ማለት እዩ። እዚኣ ካሊኣ ተንኮል እንተዘይሃልዩ ብዝኾነ መወቀሲ ናብ ስግኣት እትቕየረሉ ምኽንያት የለን። ካልኦት እውን ሕርዮም ሰላም እዩ ከኸውን ዝግባእ። ልዕሊ ኩሉ ንሕና ክም ትግራይ ግን ሰላም ንፍጠር ንሰላም ይሰራሕ ኢና ንብል ዘለና፣ ፌደራል መንግስቲ ዝለዓለ ሓላፍነት ስለዘለዎ ንሰላም ሓቢሩ ምሳና እናሰርሐ እዩ መዲኡ። ሎሚ ይኹን ፅባሕ ጎንፂ ኣይንደግፍን ኣብ ኢትዮጵያን ኤርትራን እውን ሰላም ክህሉ እዩ ዝግበኦ። ፀገም እንተሃልዩ ብዲፕሎማሲ ክፍታሕ ኢና ንደሊ። ብፍላይ ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራን ዝርአ ዘሎ ምትፍናን ናይ ብሕቶም ጉዳይ ኣይኮነን። ንዓና እውን ዝልክም ስለዝኾነ ሰላም እዩ ሕርያና። ኣብ ኢትዮጵያን ኤርትራን ንሕና ንውሰኖ ኣይኮነን፣ ናይ ዓርሶም መራሕቲ መንግስቲ ዘለውዎም ሃገራት እዮም። ዘለና ዕልዋ ንእሽተይ እዩ ይኹን እምበር ሓሳብናን ተግባርናን ግን ሰላም ምፍጣር እዩ። ስለዚ እታ ናትና ሰላም ምድላይ ብኻልእ ክትርጎም የብላን። ኣብዚ ሐዚ ህዝቢ ትግራይ ልዕሊ ሰላም ልምዓት፣ ዝሪዕ ነገር የብሉን።

ኣብዚ ምስ ኤርትራ፣ ፋኖ ሰላም ኢና ንደሊ ስለዝበልና "ዝኾነ ነገር ኣለኩም" ክበሃል የብሉን። ምስ ኤርትራ ይኹን ምስ ካልእ ሰላም ምፍጣር ናብ ስግኣትን ጥርጥርን ዘእትው ኣይኮነን። ካብ ፌደራል መንግስቲ እንፅበዮ እውን ካልእ ኣይኮነን። እታ ዝተጀመረት መስርሕ ሰላም ተጠናኺራ ክትቕፅል ስምምዕነት ፕሪቶሪያ ክትግበር ኢና ንደሊ። ዝተመዝበለ ህዝብና ናብ መረበቱ ክምለስ፣ ጉዳይ ዲፋክቶ፣ ስራሕቲ እግሪ ምትካልን ካልኦት ኣብ ስምምዕ ፕሪቶሪያ ዝተቐመጡ ጉዳያትን ክትግበሩ እዩ ባህግና። እታ ሰላም ንኹሉ እያ ተረብሕ። ትግራይ ብሕልፊ ስለዝተጎዳእና ኣመና ንደልያ። ኤርትራውያን እውን ጎንፂ ኣይንደልን ዝተረጋገአ ከባቢ ክህልወና ኢና ንደሊ። ሰላም እዩ ባህግና እንተይሎም ኩሉ ግዜ ሰላም ምድላይ ንዝኾነ ኣካል ዝጎድእ ኣይኮነን ኩሎም ባህግታትና ዝፍፀሙ ሰላም ሒዝካ እዩ። ስለዚ ንሰላም ምስራሕ ዘጠራጥር፣ ዘስግእ ነገር የብሉን።

ብመስዋእቲ ጀጋኑ ዝተረኸበ ተስፋ ሰላም ኣብ ሽትኡ ንምብፃሕ ንረባረብ!!

ማህደር ፎቶ

ተዘክሮታት ገድሊ ህወሓት ኣብ ምድምሳስ ስርዓት ደርግን ዘረጋገፆም ማሕበራውን ኢኮኖሚያውን ዕብየት



20 ግንቦት ፍረ ፅንዓትናን መስዋእትነትናን!!